# ምዕባለታት ፍሉይ ምዕራፍ ቃልስን

# ቀፃሊ ኣንፈታትን

(ንመላእ ህዝቢ ምይይጥ ዝተዘርገሐ)

ቤት ፅሕፈት ህወሓት

ሰነ 2012 ዓ/ም

መቐለ I

ትሕዝቶ ገፅ


I) መእተዊ ............ 1

II) ምዕባለታት ዓለማውን ከባቢያውን ኩነታት ............ 2

2.1. ዓራማዊ ኩነታት ............ 2

2.2. ህልው ኩነታት ማእኸላይ ምብራቕ ............ 3

2.3. ምዕባለታት ዞባዊ ኩነታት ............ 3

III) ምዕባለታት ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ............ 4

3.1. ህልው ኩነታት ዕግዕተኛ ሓይሊ (ብልዕግና) ............ 4

3.2. ህልው ኩነታት ሓይልታት ለውጢ ............ 6

3.2.1. ህልው ኩነታት ፌደራሊስት ሓይልታት ............ 6

3.2.2. ኩነታት ብሄር ቢሄረ ሰባትን ህዝብታትን ............ 7

3.3. ህልው ኩነታት ተወላወልቲ ሓይልታት ............ 8

3.4. ሃገራዊ መረፃን ፖለቲካን ኩነታት ኢትዮጵያን ............ 9

IV) ምዕባለታት ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይ ............ 11

4.1. ኩነታት ተዋሳእቲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ፖለቲካ ትግራይን ............ 11

4.1.1. ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ፖለቲካ ትግራይን ............ 11

4.1.2. ሲቪክ ማሕበራትን ፖለቲካ ትግራይን ............ 15

4.1.3. ሃይማኖታዊ ዕንፈኝነትን ፖለቲካ ትግራይን ............ 17

4.1.4. ዘይተደደቡ ክራይ አከብትን ዐበብትን ሓይሊታትን ፖለቲካ ትግራይን ............ 19

4.1.5. እዞም ሓይልታት ዝነጥፍሉ ዘለው ፖለቲካዊ አጀንዳታት ............ 20

4.2. ኩነታት ማሕበራዊ መሰረትናን ፖለቲካ ትግራይን ............ 24

4.3. ሚድያን ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይን ............ 26

4.4. ኩነታት ውድብናን መሪሕነቱን ............ 28

V) ዝህልወና ናይ ቃልሲ አንፈታትን ብአባልና ዝስርሑ ጭቡጣት ተልእኾታትን ............ 29

5.1. ዝህልወና ናይ ቃልሲ አንፈታት ............ 29

5.1.2. ኣብትግራይዝህልወናናይቃልሲአንፈታት ............ 29

5.1.3. ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ዝህልወና ናይ ቃልሲ ስልቲታት ............ 33

5.2. ሐዚ ብህውዕ ብመላእ ህዝብና ዝስርሓ ጭቡጣት ተልእኾታት! ............ 34

## 1) መእተዊ

ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብዚ ዝተለወጠ ሓድሽ ሃገራዊ ኩነታት ዝህሉ ምዕባለታትን ኣብዚ ክህልወና ንዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብዚ ዝተለወጠ ሓድሽ ሃገራዊ ኩነታት ዝህሉ ምዕባለታትን ኣብዚ ክህልወና ዝግበኦ ናይ ቃልስን መኸተን ንፁር ስትራቴጂን ስልትን ሒዝና ኣብ ምንቅስቓስ ፀኒሕና ኣለና።ካብ ዕቱሕ እዚ ጉጅለ ናብ ስልጣን ምምፅኡ ኣትሒዝና ኣቲ ሓደጋ ግልፅን ናይ ዕባሕ እንተይኮነስ ናያ ሎሚ ክምዝኾነ ኣብ ምድምዳም ኣይተፀገምናን። ብርግፅ 'ውን ከሳብ ሕዚ ብዝገበርናዩ ቃልሲ ውድብናን ህዝብናን ንምጥፋእ ዝተወጠነ ተግባርጊቲእናዩ ፀኒሕና ኢና። እንተኾነ ግን ብመንፅር ዝፀናሕናዮ ግዜን ዝኸድናዮ ርሕቐትን ሕዚ ብዘሎ ጭቡጥ ምዕባለታት እቲ ሓደጋ ብመጠኑ ይኹን ብትሕዝትኡ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ተሰጋጊሩ ኣሎ። ኩሉ ነገር ኣብ ኢድ ውልቀ ገባሪ ሓዳጊ ዝኾነ ፀረ ዲሞክራሲ ስርዓት ኣቲና ኣለና።መረፃ ኣይግበርን ዘሎ።ብምኳኑ 'ውን ድሕሪ መስከረም ሕጋዊ መንግስቲ ኣብ ኩሉ ብርኪ ኣይህሉን። መረፃ ከይተኻየደ ኣብ ስልጣን ክፀንሕ ዘኽእሎ ዘይሕጋውን ፍፁም ፀረ ዲሞክራስን ተግባርን ናብ ምፍፃም ተሰጋጊሩ ይርከብ።ስለዚ ድሕሪ መስከረም እንታይ ኩነታት እዩ ክህሉ? ንሕና እንታይ ኢና ክንገብር ዝብል ምርኣይ ብጣዕሚ ኣገዳስን ህፁፅን ኮይኑ ኣሎ።

ሕዚ ደማ እቲ ሓደጋ ዘጋድድ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ኣጋጢሙ እኒሀ። ሃገርናን ክልልናን 'ውን ግዳይ ናይዚ ሓደጋ ኮይና ኣላ፣ ብፍላይ እዚ ሓላፍነት ዘይስመዖ መንግስትን ውልቀ መላኺን ኣብ ዘለዋ ሃገር እቲ ሓደጋን መቕዘፍትን ክንድምንታይ ከቢድ ክምዝኾውን ምግማቱ ኣይኸብድን። ካብዚ ሓደጋ ህዝቢ ዘድሕን፣ ዝመርሕ ሓይሊ ብሃገር ደረጃ የለን። የግዳስ እዚ ህዝቢ ዘብርስ ለበዳ ከምዕድል ወሲዱ ንካሊእ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ክጥቀመሉ ዝላዓለ ፃዕሪ ይገብር ኣሎ።ሕዚ ድማ ኣነ ዝበልኩኹም እንተዘይገይርኩም ክጭፍልቐኩም እየ ይብል ኣሎ። እቲ ደርጋዊ ባህሪኡ ሕዚ ብዕሊ ተጋሂዱ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ወይሓይልታት ሕገ-መንግስትን ሕብረ ፌደራላዊ ስርዓትን ወይ ንሱ ዝነብረሉ ተፎይኮይኑ ክልቴና ምንባር ዘይካኣለሉ ምዕራፍ በፂሕና ኣለና።እቲ ሚዛን ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ሓዲኡ ክፈለ ዘግድድ ኩነታት እዩ ማዕቢሉ ዘሎ። ሕዚ ሳልሳይ መማረፂ ዝባሃል የለን። ተፀንቂቑ 'ዩ። ወይ ሓይሊ ምድሕርሓር ይነብር ወይ ከም ዓድን ህዝብን ህልውናና ኣረጋጊፅና ምንባር። ካብዚ ወፃኢ መማረፂ ዕድል ይኹን ግዜ የለን። ስለዚ ኩነታት ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ዝምዕብል ዘሎ ምኳኑ ኣንፊሕኻ ናይ ክሳብ ሕዚ መኸተናን ቃልስናን ብምግምጋም ኣብ ቀፃሊ እንታይንከመይን ከምዝኸውን ኣሚትና ካብዚ ፈተና ብዘተኣማምን ንምዝላቕ ወድዓውን ዝተጠናኸረ መፍትሕታት ሒዝና ብዓይነቱ ናይ ዝተፈለየ ቃልስን ርብርብን ክንኣቱ ይግባእ። ምኽንያቱ 'ዚ 'ዩ እዚ ዕሉፍ ምድላው ኣድላይን እዋናውን ኮይኑ ዘሎ።

## II) ምዕባለታት ዓለማውን ከባቢያውን ኩነታት

### 2.1. ዓለማዊ ኩነታት

ኣብ ዝሓለፈ ዕሉፋትናን ገምጋማትናን ህልው ዓለማዊ ኩነታትን ኣብ ሃገርና ምስ ዝተፈጠረ ሓዱሽ ኣብ ዝሓለፈ ዕሉፋትናን ገምጋማትናን ህልው ዓለማዊ ኩነታትን ኣብ ሃገርና ምስ ዝተፈጠረ ሓዱሽ ፖለቲካዊ ኩነታትን ኣዛሚድና እናራኣናዮ መጺእና ኢና። ሕዚ ዘለዉ ሓደሽቲ ምዕባለታት ንምርኣይ ፖለቲካዊ ኩነታትን ኣዛሚድና እናራኣናዮ መጺእና ኢና። ሕዚ ዘለዉ ሓደሽቲ ምዕባለታት ንምርኣይ ንምግምጋምን እዩ። ኒዮ-ሊበራልዝሓለፉ 40-50 ዓመታት ልዕልነቱ ኣረጋጊፁ ንዘይማዕበላን ኣብ ምምዕባል ንዝርከባን ሃገራት ከቢድ ሃስያን ተፅዕኖን እናፈጠረ ዝፀንሐን ዘሎን ኣተሓሳስባ ኢዩ።ብምኳኑ ኢውንእዚ ኣተሓሳስባ ብሓደ ገፅ ኑቲ ክሳብ ሕዚ ዘሰዓቦ ዕንወትን ዝፈጠሮ ዘይፍታሓዊ ሃፍቲ ክፍፍልንናብ ፈተናን መንቀርቀርን እናኣተወ ዝመፀሉ ብካሊእ ገፅድማ ካብዚ ብዝተፈለየ መንገዲ ከይደን ኣብ ዓለምና ዝኒፍ ቁጠባዊ ዓቕሚ ኣብ ምህናፅ ዝርከባን ኣብዚ ዓለማዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ቦተአን እናዓበየን እናተጠናኸረን ዝመፃ ሃገራትናይ መሪሕነት ቦታ ንምምንጣል ከቢድ ምትሕንናቕን ምንሕናሕንእናተራኣየ ዐኒሑን ኣሎን።

ምዕራባውያን ናብ ኣፍሪካ ንምእታውን ናይ ቻይና ምንቕስቓስ ንምዕጋት ብፍሉይ ዝተረባረብሉ ከባቢ እንተሃልዩ ኢትዮጵያ ኢዩ። ካብዚ ዝብገስ እዩ ኣብ ሃገርና ብዓሓይ ቀትሪ ኢዶም ኣእትዮም ንሶም ዝብልዎዝገብር መንግስትን ስርዓትን ክተኸሉ ላዕልን ታሕትን እናበሉ ዝፀንሑን ዘለውን። እንተኾነ ግን በቲ ዝረአ ዘሎ ናይ ውሽጢ ዓዲ ኩነታት ጥርጣረታትን ስግኣትን ካብ ምሕዳር ዓዲ ኣይዋዓሉን። ነዚ መሰረት ዝገበረ ዝተፈላለየ መፅናዕትታት እውን ክገብሩ ዐኒሖም ኢዮም። እዚ ባዕሉ ናዓና ብዕድል ይኹን ብፈተና ክረአ ዝኽእል መዳያት ዘለዎ እዩ።

ሐዚ ድማ ኣብ ዓለምና ኣጋጢሙ ዝነሀ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ካሊእ መስርሕዘምፅእ ይመስል። ኣብዚ እዋን እዚ ለበዳ ዘይደፈራ ሃገር የላን። ብምኽንያት ከምዚ ዝበለ ኩነታት እዚ ሕማም ንምቁፅፃርን ንምክልኻልን ዝግበር ፃዕሪ ኣብ ባህርን ፖለቲካዊ መንነትን መንግስታትን ሃገራትን ሩኡይ ፍልልይ የርኢ ኣሎ። ዓለማዊ ኢኮኖሚ እውን ናብ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ። ካብዚ ሓሊፉ በዚ ሕማም ምኽንያት ሓደ ጎሊሁ ዝረአ ዘሎ ኩሉ ዓለም ገዝኡ ዓፅዩ ኣብ ነናይ ባዕሉ ኣጀንዳ ዝተፀመደሉን ናይ ዓለምና ጥርንፍ መሪሕነት ዝተሳኣነሉ ኩነታትተፈጢሩ ኣሎ። ነዚ ስዒቡ ክምዕብል ዝኽእል ኩነታት መሊእኻ ምግማት ዝካኣል እኳ ተዘይኮነ ኒዮ-ሊበራል መማረፂ ግን ኣብ ከቢድ ፈተና ከም ዝኣተወ ዘጠራጥር የብሉን።በቲ ካሊእ ገፅ ኤሽያ ብቖንዱ ድማ ናይ ቻይና ተራ እናዓበየ ከምዝኸይድ ጥርጥር የብሉን። ከምቲ ዝፀንሐ ዓለም ሓደ ጠሚሩ ከም ድላዩ ዝገብር ኣብዘይብሉ ንከማና ዝበለ ሓይሊ ዝህልዎ ዕድል ቀሊል ኣይኮነን። ሙሉእ ዓለም ኣብ ናይ ባዕሉ ውሽጣዊ ጉዳያት ኣብ ዝተፀመደሉ እዋን ዝሓዝካዮ ናይ ፖሊሲ መማረፅን መስመርን ሒዝካ ንምኻድ እቲ ዕድል ገፊሕ ኢዩ።እምነትና ሒዝና ምስ ኩሉ ተሳዚብናምንባር ንኽእል ኢና።

## 2.2. ሀልው ኩነታት ማእኸላይ ምብራቕ

ማእኸላይ ምብራቕ ኣብዚ ሀልው ዓለማዊ ኩነታት ተደላይነቱእናዓበየን እናገዘፈን ዝኸይድ ዘሎ ከባቢ 'ዩ። እዚ ከባቢ ንዓለም ምንጪ ነዳዲ ዝኾነ፣ ብዘለዎ ኣቀማምጣ ኣትላንቲክ ውቅያኖስን ህንዲ ውቅያኖስን ዘራኽብ መስመር ንግዲ ነለም ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከበሉን ቁልፊ ቦ... 'ዩ። ብኽምዚ ምኽንያት ካብ ቀረባ ዓመታት ናብዚ እዚ ከባቢ ንምቁፅፃር ምትዓይይ ዝራኣየሉን ይኸውን ኣሎ። እዚ ከባቢ ተፈጥሮ ሃፍቲ ምንጪ ከራይ ዝኾነሉ፣ ሃይማኖት ናይ ከራይኣካብነት መሳርሕን ናይ ጕንጺ ሓደ መልክዕ ዝኾነሉ ከባቢ 'ዩ።

ሕዚ ድማ ምስዚ ለበዳ ተኣሳሲሩ ዝፍጠር ዘሎ ኢኮኖሚያዊ ዝሕታለ ዋጋ ነዳዲ ንዚፍ ቀነስ የርኢ ኣሎ። ነዚ ሰዒቡ ክፍጠር ዝኽእል ዘይምርግጋእ ክህሉ 'ዩ፣ ካብዚ ሓሊፉ ኣብዚ ከባቢ ዘለው መንግስታት እቶም ዝበዝሑ ሓዲኦም ናይ ዓለምና ሓያላት ኣያ ዝኾኖም ዝደልዩንናይ ላእኸቶምን ናይ ባዕሎም ዝሓዝዎ ፕሮጀክት ክፍፅሙ ከም ኣቢይን ኢሳያስን ዝበሉ ቁፃር ተለኣእኹቲ ፈጢሮም እዚ ዞባ ይሕምስዎ ኣለው። ብምኳኑ 'ውን እዚ ከባቢ ብበዙሕ መልክዑ ንትግራይ ዘለዎ ተፅዕኖ ዓብይ 'ዩ። ስለዚ ትኹረት ሂብና ክንሰርሓሉ ዘለና ከባቢ እዩ።

## 2.3. ምዕባለታት ዞባዊ ኩነታት

ኣብ ኣፍሪካ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኑ ፍጣር ጀሚሩ ዝነበረ ዝሐሸ ምትሕብባርን ምትሕኽኻብን ሕዚ ትጉ.ጉም ናብ ዘይብሉ ደረጃ ይወርድ ኣሎ። መንግስቲ ኣቢይ ሕብረት ኣፍሪካ ይኹን ናይ ከባቢና ውዳበ ኢጋድ ኣግሊሉ ምስ ዓረብ ሃገራትን ኣሜሪካን ኮይኑ 'ዩ ዝዘልል ፀኒሑ። ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ኣፍሪካ ዘግለለ ምንቅስቓስ 'ዩ ዝግበር ፀኒሑ። ካሊእ ተሪፉ ኣብ ህዳሰ ግድብ እኳ ክሳተፍ ኣይተደለየን። በዚ ምኽንያት ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ዝነበራ ቦታ ጠቕሊሉ ተመንጢሉን ተሓንሹሹን 'ዩ። ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪካእውን ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ኮይኑ ዝቕፅል ዘሎ ዞባ 'ዩ። እዚ ከባቢ ዝፀንሐን ዘሎን ቅልውልው ዘይፍ... ከባቢ 'ዩ። ኣብዚ ዞባ ጉዳይ ሃይማኖት ኣኸራ...ት እውን ኣሎ። ንዓና ዘለዎ ኣሉታዊ ዕልዋ ክረእ ኣለዎ። ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለዋ ዝምድናታታ ብዘይካ ምስ ኤርትራን ሰማሊያን ምስ ካልኦት ሃገራት ዝነበረ ዝምድናን ምትእምማንን ሎሚ ዳርጋ የለን። ከምዚ ዝበለ ኩነታት ምህላው ኣንፃር እዚ ዕግዕተኛ ሓይሊ ንንገብሮ ቃልሲ ዓብይ ዕድል ዝፈጥረልና 'ዩ።

ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝፀንሐ ጎንፂ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክፍታሕ 'ዶ ይኸውን ዝብል ኣፋፍኖት ተራእዩ እኳ እንተነበረ እቲ ርክብ ኣብ መንጎ ኣብይን ኢሳያስን ተሓፂሩ ዝተረፈ 'ዩ። ብፍላይ ንትግራይ ኣግሊሉ ዝተገበረ ርክባት እዩ ፀኒሑን ዘሎን። እቲ ምኽንያት ግልፂ እዩ። ክልቲኦም መለኽቲ መንግስታት ኣብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዘለዎም ሕዱር ፅልኣትን ዕግዕተኛ ባህሪኦምን እዩ ናብ ሓደ ክጥመሩ ገይርዎም። ብዕሊ ናይ ኢትዮጵያጉዳይ የግድስና እየ ኢሉ ኢሱ ብሰፊሑ ኣትዩ ኣሎ። ብምኽንያት ኣብ ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊት ኤርትራን ዘ...ም

ብዝለዓለ ተቋውሞ ‘ምበር ኩናት ገይሩ ክጥፍአና ዘይሓሰቦ'ውን ኣይኮነን። ብኻልእ ገፅ ነቲ ዕድል ብዝለዓለ ደረጃ ተጠቒምና ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ዝነበረ ርክብ ንምምሕያሽ ዝተሰርሐ ስራሕ ውሱኢ'ቱ ቀሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብዚ ዓመት ካምፕታት ስደተኛታት ኤርትራ ንምዕፃውን ኤርትራውያን ከይመፁ ዝገበርዎ ስምምዕስዒቡ ከም መንግስትን ውድብን ዝሓዝናዮ ህዝባዊ መትከልን ቁዋምን ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጠሮ መንፈስ ዓብይ 'ዩ።ስለዚ እዚታት ጠሚርና ብዝለዓለ ደረጃ ክንጥቀመሉ ይግባእ።

## III) ምዕባለታት ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት

### 3.1. ህልው ኩነታት ፅግዕተኛ ሓይሊ (ብልፅግና)

ፅግዕተኛ ፀረ ዲሞክራሲ ሓይሊ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ሙሉእ ክልተ ዓመት ገይርና። እተን ካብ ሰናይ ሓጋዪ ዘቐመጥናየን መሰረታዊ ባህርያትን መንነትን ናይዚ ሓይሊ በቢዕለቱ እናተጋሃደ መፂኡ ሕዚ ዝተበገሰሉ ዕላማን ተግባርን ሰገጥ እንተይበለ ዝደለዮ እናገበረ፣ ዓዲ እናበተነን እናሸጠን ይኸይድ ኣሎ።ሓይሊ ምድሕርሓር ኢህወዴግ ኣፍሪሱ ዝፈጠሮ ዘይሕጋዊ ብልፅግና ፓርቲ ሒዙ ኩሉ ዓይነት መንግስታዊ ስልጣን ተጠቒሙ፣ ሕዚ ብጭቡጥ ዝማዕበለ ጉዳይ እንተሃልዩ ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ገባሪ ሓዳጊ ብዕሊ ተጋሂዱ ኣሎ። ኣብይ ናብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ክሳብ ሕዚ ዝነበሩ ናይ መንግስቲ ትካላት ሙሉእ ብሙሉእ ኣፍሪሱ ናይ ባዕሉ ዘይስሩዕ ውዳበ ፈጢሩ ይኸይድ ኣሎ። ሕገ መንግስቲ ብቡዙሕ መንገዲ ቆርሚሙ ወዲእዎ 'ዩ። ሕዚ ንሱ ዝብሎ ዝገብር ቤት ምኽሪ፣ ካብኔ እዩ ዘሎ። ኣብ ናሃቱ ድልየትን ውሳነን ዝዋፈር ሓይሊ ፀጥታን ድሕንነትን 'ዩ ፈጢሩ ዝኒህ።

በቢከባቢኡ ዝላዓሉ ሕቶታት ብሓይሊ እናዓበጠ ፍርሒ ክንግስ ይገብር ኣሎ። ካሊእ ተሪፉ ተቓወምቲ ውድባት ብፍላይ ንሓይልታት ፈደራሊስት ንገሊኦም ብገንዘብ እናደለለ ንገሊኦም እናፈራርሐን እናኣሰረን ከዳኽሙ ይገብር ኣሎ። ፅባሕ ዕንቅፋት ይኾውን እዩ ዝብሎ ሓይሊ ክጭፍልቕ ይገብር ኣሎ። ኣብ ኦሮምያ፣ ኣብ ደቡብ፣ ሶማል፣ ሕዚ ድማ ኣብ ኣምሓራ ብስፍሓት ይገብሮ ኣሎ። እዙይ ምስ ገበረ ፅባሕ ብሙሉእ ዓቕሙ ናባና ክዘውር 'ዩ። ኣብ ልዕሊ 'ዚነዚ ሓይሊ ዝግበር ቃልሲ ኣዕርዩ ዘይተጠናኸረንድኹም ብምኳኑን 'ውን ተወሳኺ ዕድል ፈጢሩሉ 'ዩ። ካሊእ ተሪፉ ኣብዚ ሸዱሽተ ወርሒ ዝተራኣዩ ናይዚ ሓይሊ 'ዙይ ፀገማት ብዝግባእ ተረዲኡ ዝመርሕ ሓይሊ ብሃገር ደረጃ ብዘይምጥንኻሩ ምኽንያት እቲ ኩነታት ናብ ዝላዓለ ዓመፅን ማዕበልን ክሰግር ዝነበሮ ከይኮነ ተሪፉ 'ዩ። ናይ ህዳሰ ግድብ ካብ ኢ/ር ስመኘው በቀለ ምቕታል ጀሚሩ ክሳብ እቲ ግድብ ከይስራሕን ንናይ ደገ ሓይልታት ኣሕሊፉ ዝሃበ 'ዩ ነይሩ። ናይ ዩኒቨርስቲ ተምሃሮ ምስዋር፣ ናይ ደገ ኢድ ኣእታውነት እናተጠናኸረ ምምፃእ ወዘተ መሰረት ገይርካ እንተዝስራሓሉ እቲ ቃልሲ ናብ ሓደ ደረጃ ሓፍ ክብል ምኽኣለ።

ሃፍቲ፣ ዲያስፖራ ከይተረፈ ዝረአ ዘሎ 'ዩ። ናይ ህዝቢ ሕቶታትክምለስ ዘይኽእል ሓይሊ እቲ ሽግር ናብ ዝኸፍአ ደረጃይውስዶ ብምህላው ኣብ ህዝቢ ክፈጥሮ ዝኽእል ምቿው ናይ ቃልሲ ኩነታት እናተጠናኸረ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። በዚ ምኽንያት ኣብ ብዙሕ ከባቢ ነቲ ሕሉፍ ምዝካር ጀሚሩ 'ዩ። ቀደሙ'ውን እንተኾነ ናይ ኢህወደግ መሰረታዊ ድኽመት 'ምበር መሰረታዊ ባህሪኡ ዝፀልእ ህዝቢ ኣይነበረን።

ኣብ ኦሮምያ መንግስቲ ኣብይ ተቀባልነቱ ኣዕርዩ ተሸርሺሩ እዩ። ኣብ ቡዙሕ ከባቢታት እቲ ክልል ማዓት በደል እዩዝፍፀም ዘሎ። ኣብ ወለጋ ክሳብ ሕዚ ኩናት ኣየቋረፀን። ኣብ ምብራቕን ደቡብን ኦሮምያ 'ውን ክንድቲ ናይ ምዕራብ ተዘይኮነ 'ውን ካብ ጎንፂ ነፃ ኣይኮነን። ዝበዝሕ ከባቢ ኣብ ትሕቲ ኮማንድ ፖስት እዩ ዘሎ። ቡዙሕ ሰብ ተኣሲሩ፣ ተቐቲሉ፣ ክስወር ተገይሩ እዩ። በዚ ምኽንያት እቲ ህዝቢ ኣብቲ ስርዓት ዓብይ ዕልኣት እናሕደረ ዝኸይድ ዘሎ 'ዩ።ኣምሓራሕዚ ብዘሎ ኩነታት መንግስቲ ዘይብሉ፣ በቢከባቢኡ ዘሎ ሽፍታን ጎበዝ ኣድርን ከምድላዩ ዝገብሮ ዘሎ ክልል 'ዩ። ሕዚ ድማ ባዕሎም ወዲቦም ኣብ ምንቅስቓስ ዘፅንሕዎ ፋኖ ተመሊሱ ንባዕሎም ክበልዖም ምስ በለ ብሓይሊ ክጭፍልቕዎ ፃዕሪ ይገብሩ ኣለው። ሕዚ ኣብቲ ክልል ናይ መንግስቲ ማሓውር ዝበሃል ዳርጋ ኣብ ብዙሕ ከባቢ ፈሪሱ እዩ። ስርዓት የለን፣ ሰብ በቢማዓልቱ ይቕተል ኣሎ፣ ዝተወደበ ስርቂ፣ ዓመፅ ሰፊሕ 'ዩ።በዚ ምኽንያት ኣብቲ ህዝቢ ተስፋእናቆረፀን እናመረሮን ይኸይድ ኣሎ።

ኣብ ዓፋር ኣብቲ ህዝቢ ዘሎ መንፈስ መራሕትና ዝበልናዮም ጠሊሞም ናብ ብልፅግና ምእታዎም ብዘይመራሒክንተርፍ ገይሮምና ዝብል ሰፊሕ 'ዩ። ሕገ-መንግስቲ፣ ፌደራል ስርዓት ክፈርስ የብሉን፣ እዙይ ዝትንከፍ ሓይሊ ኣይንቕበልን ዝብል ኣብቲ ህዝቢ ኣሎ። ኣብቲ ክልል ዝንቀሳቐሱ ዘለው ውድባት 'ውን ዝሓሸ ተደማፅነት ይረኽቡ ኣለው። ደቡብ ክልል ዳርጋ ተበቲኑ ዘሎ ክልል 'ዩ። ድሕሪ ናይ ሲዳማ ክልል ናይ ምኳን ውሳነ ኣብ ካልኦት 'ውን ብስፍሓት ዝቕፅል ዘሎ 'ዩ። ሕዚ ህድእ ዝበለ ዝመስል ዘሎ ነቶም ዝለዓሉ ዘለው ሕቶታት መልሲ ክትረኽቡ ኢኹም ብዝብል እዮም ከሃድእ ዝገብሩ ዘለው።ኣብክልል ሶማል እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይልን እቲ ህዝብንከብድን ሕቆን እዮም ኮይኖም ዘለው። ኣብ ጋምቤላ፣ ቤንሻንጉል ዘሎ ኣጠቓላሊ መንፈስ 'ውን ነዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ዕግዕትኛ ሓይሊ ዕድል ዝህብ ኣይኮነን። ኣብዚ ከባቢ ዘለው ተቓወምቲ ውድባት ዝሓሸ ቦታ እናሓዙ ይኸዱ ኣለው። ብጠቕላላ ኣብቲ ህዝቢ 'ውን ኣብ ሕገ-መንግስትን ፌደራል ስርዓትን ዕኑዕ እምነት ሒዙ ክኸይድ ዝኽእል 'ዩ።ብኣጠቓለሊ ኣብ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝኒህ ኩነታት ልዕል ክብል ብሓፂሩ ርኢና ኣለና። እቲ ኩነታት ንቃልሲ ምችው ዕድል ዝህብ ወድዓዊ መሰረት ዘለዎ 'ዩ።

## 3.3. ህልው ኩነታት ተወላወልቲ ሓይልታት

ወያናይ ዴሞክራሲያዊ መስመርና ንጠቕላላ እዚ ስትራቴጂካዊ ምዕራፍ ዝሸፍን ደርባዊ ኣሰላልፋ መሰረት ገይሩ ንፁር ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ ብብቕዓት ዝመለሰን ተነፂሩ ዝሓደረን 'ዩ።እዚ ኮይኑ ግን ኣብዚ ንኡስ መድረኽ ንምድሓን ሕገ-መንግስትን ፌደራል ስርዓትን ዝግበር ቃልሲ ኣብ መንን

እዙይ ዘይኮነሉ ብዙሕ ምኽንያታት እኳ እንተሃለወ ክልተ ንጥብታት ግን ኣብዚ ክንልዕል። እቲ ሓደ ምኽንያት ብሃገር ደረጃ ነቲ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ብዝግባእ ተረዲኡን ተገንዚቡን ዝመርሕ ዝተጠናኸረ ሓይሊ ብዘይምህላው 'ዩ። ሕዚ ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ባዕላዊ ኩነታት ኣይተማለአን። ነቲ ቃልሲ ዘተሓባብር ዝመርሕ ናይ መሪሕ ሕቶ ቁልፊ ፀገም ኮይኑ ኣሎ። ናይቲ ህዝቢ ሕቶታት እናተጠናኸረ ምምፅኡ፣ ናይዛ ሃገር ሽግራት እናተበራኸተ ምምፅኡ፣ ህዝቢ ንቃልሲን ለውጥን ዘለዎ ቁሩብነት እናጎልበተ ምምፅኡ በይኑ እኹል ኣይኮነን። ነዚ ተረዲኡ ብብቕዓት ዝመርሕ ሓይሊ ኣድሊ። እዙይ ክገብር ዝኽእል ዝተወደበ ዓቕሚ ድማ የለን ዝኒህ። በዚ ምኽንያት ፀረ ዕግዕተኛ ዝግበር ቃልሲ ኣይተጠናኸረን። ካልኣይእዚ ዕግዕተኛ ሓይሊ ነዚ ልዕል ክብል ዝገለፅናዮ ድኽመት ከም ዕድል ተጠቒሙ ንሱ ዝገበሮ ቅልጡፍ ምትዕፃፍን ንቶም ሕቶታት እናዓበሰ፣ እናወቀበ፣ እናታለለን ሕድሪን ስለዝገበረ እዩ ትርጉም ዘለዎ ውፅኢት ።ይተራእየ።

እዚ ሓይሊ ብቑንዱ ናይ ትምክሕቲ ወኪል ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ 'ዩ። ዝተወሰነ በቲ ኩነታት ዝተደናገረ ክፋል ሕብረተሰብ፣ ናይ ትምክሕትን ዐቢብነትን ወኪላት ዝኾኑ መሁራት፣ ዕግዕተኛ ከራይ ኣክባቲ በንል ሃፍቲ፣ ሃይማኖት መራሕቲ፣ ናይ ዓሌት መራሕቲ፣ ኣርቲስታት፣ ኣክቲቪስትን ሒዙ ዝኸይድ ዘሎ 'ዩ። ከም ፖለቲካዊ ውዳበ 'ውን ከም ኢዜማ፣ ሕዚ ሕዚ ዝጉልብቱ ዘሎ ናይ ትምክሕቲ ሓይሊ ባልደራስ፣ ትዴፓ፣ ዓረና፣ ካልኣት 20-30 ሰብ ሒዞም ዝጣየሽ ዘለው ጉጅለታትን ባንዳታትን ኣሰሊፉ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ።

ከምዚ ዝበለ ኩነታት እንተሃለወ እኳ እዚ ሓይሊ ንምቅላስ ዓብይ ዕድል ዝህብ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ኣብዛ ሃገርድማ ኣሎ። ንውድቀት እዚ ዕግዕተኛ ሓይሊ ዘቀላጥፍ ምዕባለታት ብሰፊሑት ይረአ ኣሎ። እዙይ ዝባሃል ምስ ህዝቢ ዘራኽብ ምትእስሳር ዘይብሉ ፍፁም ፀረ ዲሞክራሲ ስርዓት 'ዩ። ናይ ህዝቢ ረብሓ ብፍፁም ክምልስን ከረጋግፅን ዘይኽእል ሓይሊ 'ዩ። 'ዙይ ዝባሃል ሓሳብ የብሉን። ሓረስታይ ናይ ከተማ ድኻ ህዝቢ ረሲዑ፣ ልምዓት፣ ሰላም ዲሞክራሲ ዝባሃል ንጕኒ ገዲፉ ዓዲ ኣብ ምሻቐ ዝተፀመደ ሓይሊ 'ዩ። ናይ ኢትዮጵያ ሽግር ዘጋድድ ዘሎ ሓይሊ 'ዩ።ሕቶታት ህዝቢ ከጋደድ 'ዩ ግይሩ ዘሎ። ሰላም ኣብዛ ሃገር የለን። ካብ ስርዓት ወፃኢ ልዕሊ 50% እዛ ሃገር ኣብ ትሕቲ ኮማንድ ፖስት እያ ትማሓደር ዘላ። ናይ ፀጥታ ሓይልታት ኣመራርሕኡ በጣጢሱ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ኣብ ምዕፋን የዋፍሮ ኣሎ። በቢከባቢኡ ዘለው ሕቶታት ንግዚኡ ዕቑጡ ዘዐገሰ ይመስል 'ምበር ዕባሕ በግ ኢሉ ሓያል ውሕጅን ማዕበልን ክፈጥርዝኽእል ኩነታት እዩ ዘሎ። ኣብዚ ዝሓለፈ3-4[+] ወርሒ ተራእዩ ዝነበረ ምንቅስቓስ ህዝቢ ብኣግባቡ ወዲቡ ዝመርሕስኢኑ'ምበር ሓዱሽ ኩነታት ክፈጥሮ ዝኽእል ቁጠዐ 'ዩ ነይሩ። ብፍላይ ምስ ህዳሰ ግድብ ተዛሚዱ ህዝቢ ሆ ስለዝበለ 'ምበር ሽይጥዎ 'ዩ ነይሩ። ደሓር ድማ ብናይ ህዝቢ ድፍኢት ካብቲ ድርድር ምስወፀናይ ዲፕሎማሲ ፍሽለት ይኹን ናይ ህዝቢ ቁጠዐ ኣጋጢምዎ 'ዩ።

ብወድዓዊ ኣሰላልፈኦም ናይ ብልፅግና ሓይልታት እዮም። ውስናት ድማ ኣብ መኸተን ዲሞክራታይዜሽንን ትግራይ ይዕበ ይንኣስ ኣስተዋፅኦ ክገብሩ ዝኽእሉ ሓይልታት 'ዮም። ብልፅግና ትግራይ ሕዛእቲ ህወሓት ብፍዑም ክኾን የብሉን ኢሉ፣ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ቦትኡ ንምስፋሕ ኣብ ትግራይ ከም ምንም እግሪ ምትካልን ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ብዑስባት ኢጋፈርቲ ኣብ መኸተ ምምብርካኽን ብኡንብኡ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ጠቕሊልካ ንምቅባዕን ኑቲ ደጀን ንምድፋርን ከም ናይ ሞትን ሕዮትን ጌሩ ዝፈጠሮምን ዝሓቶፎምን ባንዳ ሰልፍታት 'ዮም እቶም ኣብዝሓ።

ነዚ ዕላማ 'ዚ ተግባራዊ ንምግባር ካብዝን ካብ'ቲን ኣራርዩ ቡዙሓት ግን ናይ ፖለቲካዊ ሰልፊ ሹም ዝሓዙ ሓይልታት ናይ ትግራይ ፖለቲካዊ መኸተ ምህዳር ክኸቡ ብምወላ ብልፅግና ከም ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክማልእዎ ዝግባእ ግድነታዊ ረቋሒታት 'ኳ እንተይ ኣማልኡ እኳዳእስ ንወያነ ምቅዋም እኹል እዩ ብዝብል ብናይ ትካል መረፃ ቦርድ ሓገዝ ዓራትን ኣበልን ንገሊኦም ግዚያዊ፣ ንገሊኦም ድማ ሰሩዕ ፍቓድ ብሓፂር ግዜ ክረኽቡ ብምግባር ዝተመስረቱ 'ዩም።

III. እዞም ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኢና በሃልቲ ብመሰረታዊ መቃለሲ ፕሮግራም እንትምዘኑ ዕግዕተኛ ኣሃዳዊ ፕሮግራም ብልፅግና ከም ዘሎ ኮይኑ ዳርጋ ኩሎም እዚ ዝበሃል ፕሮግራምን ሕገ ደንቢን ወይ የብሎምን ወይ ኣለና ዝብሉ ድማ ሕዚ ብዕሊ ኣውፂኦም መቃለሲና 'ዚ 'ዩ ኢሎም ኣይቐርቡን። እዋናዊ ኣብ ዝብልዎ ጉዳያት እናተመስረቱ በቢግዚኡ ዝላዓሉ ኣጀንዳታት ከም መትሐጃ እናተጠቐሙ ንጎይተኦም ከገልግሉን ብምዑብርባር መሰረት ክረኽቡን 'ዮም ዝንቀሳቐሱ ዘለው። ኣመራርሓ ናይ'ዞም ሰልፍታት ናይ ገሊኦም ሕዚ ኣብ ቅድሚት የለውን። ምስቲ ሓደ ወይ ምስ'ቲ ካሊእ ኮይኖም ቀንዲ ወጠንትን መሰሪታትን ዝኽሓነ ንህወሓት ናይ ምጥፋእ ዕልኣት ዘለዎምን ኩነታት ክሳብ ዝልወጥ ኣብ ድሕሪት ኮይኖም እዮም ዝመርሑ ዘለው። ሓሳባት፣ ኣወዳድባን ገንዘባዊ ምንጪን ናይ'ዞም ሓይልታት ብልፅግና፣ ኣከብቲ ክራይን ፀበብትን ሰብ ሃብትን ሙሁራትን 'ዮም።

IV. ይሕመቕ ይፀብቕ ኣብ ንፁርን ናይ ባዕሎምን መቃለሲ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዝተመስረቱ ምንትስታስ ስለዘይኮነ ብባህሪኦም ኣብ ናይ ድሕረትን ዓመፅን ተሰፋ ኣብ ዘይብሉን ማሕበራዊ ክፋል ይምስረቱ ስለዘለው እቲ ፖለቲካዊ መንቀሳቐሲ ብገንዘብ ኣብ ዝምወል ሕን ኣእትዮም ክብሪታት ፖለቲካ ትግራይ ክድይኑ ይረባረቡ ኣለው። ናይ ብልፅግና ሓደ መሰረታዊ ዕላማ ናይ'ቲ ሃገር ፖለቲካ ናብ ናይ ሸቀጥ ዕዳጋ ከም ዘውረደ ኹሉ ፖለቲካ ትግራይ ናብ ጅምላን ሸርሻሮን ሸቐጥ ዕዳጋ ብምውራድ ካብ ናይ መትከል፣ መስመርን ክብሪታትን ፖለቲካ ሓፁር ወፂኡ ኣብ ናይ ገንዘብን ንዋይን እንካ ሃባ ዕዳጋ ክኣቱ በቲን በዚን ምርብራብ ጀሚሮም ኣለው። ኣብ መኸተ ፖለቲካ ምህዳር ትግራይ ሓደ ዝምዕብል ዘሎ ሓደገኛ ኩነታት 'ውን 'ዚ 'ዩ።

V. እዞም ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኢና በሃልቲ ከይዱ ከይዱ ብመሰረታዊ ናይ ኣሰላልፈኦም ሰረት ክምዘን ኣለዎም። ብባህሪኦም ናብ ዓመፅ ዝሰጋገሩን መሳርሒ ዝኾኑን ከም ዘለው ዘየጠራጥር ኮይኑ ሕ

ከሰፍሕ ኣብ ምግባርን ኩሎም ህዝብታት ንምንትስቓስ መተካእታ ዘይብሉ ጥምረት እዩ ተጀሚሩ። እዞም ሓይልታት ይዕበ ይንኣስ ናይ ባዕሎም ዓቕሚ ስለዘለዎም ምስዚኦምን ካልኦት ከዋመሩ ዝግበኦም ሓዊስካን ብዝግባእ እናደገፍካን እንተተኸይዱ ዓብይ ውዕኢት ምምፃእ ይካኣል `ዩ። በቲ ዝተገበረ ውስን ምንቅስቓስ እኳ ብፍላይ ከሳብ ሕዳር ኣብ ዝነበረ ምንትስቓስ ኣብ ፀላኢ ዝፈጠሮ ምጽንጋዕ ቀሊል ኣይነበረን። ሕዚ ብዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ነዚ ሓይሊ እዚይ ሒዝካ ካብ ምኻድ ወፃእ ብሓባር ግዚ ዝበለፀ መማረፂ ክርከብ ዝኽእል ኣይኮነን። ብምዃኑ `ውንነዚ ሓይሊ ኩሉ ዓይነት ድጋፍ ገይርካ ከጠናኽር ምግባር መማረፂ የብሉን።

እንተኾነ ግን እዚ ናይ ሕገ መንግስትን ፌደራሊስት ሓይልታት ናብ ሓደ ዝተጠመረን ዝተጠናኸረን ኣይኮነን።ብሓደ ገፅ ንሕና ዘለናዮ ውዳበ ኣሎ። በቲ ካሊእ እነግ ዘለዎ ውዳበ ኣሎ። እዚ ኩሉ ተጠሚሩ ናብ ሓደ ኣይመፀን።እቲ ካሊእ ሽግር ናይቶም ውድባት ውሽጣዊ ጥንካረዕገም ዘለዎ ምኳኑ `ዩ። ንፁር ፕሮግራም፣ ፖለቲካዊ ሰልፊ ሒዝካ ምቅላስ ኣብ መብዛሕቲኦም ገና `ዩ። እቲ ዕግዕተኛ ሓይሊ ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ ዝጀመሮ ምትዕንቓፍን ምድኻምን `ውን ካሊእ ፀገም `ዩ። ኣብ ብርክት ዝበሉ ውድባት ብገንዘብ እናደለለ፣ ንገሊኦም `ውን እናፋራርሐ፣ እናኣሰረ ክብተኑ ዝገብሮ ምንትስቓስ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ኦሮምያ ገለ ኣመራርሓ ናይቶም ውድባት ብገንዘብ እናተደራደሩ ክነብሩ ዝመረፁን ብተግባር `ውን ምስላምን ጥልመትን ይረአ ኣሎ። ከምዚ ዝበለ ኩነታት ስለዘሎ እዩ ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ቁልፊ ፀገም ናይ መሪሕ ሽግር እዩ ንብል ዘለና።

በዚ ልዕል ክብል ዝገለፅናዮ ምኽንያትንበዚ ለበጻ ምኽንያት ዝተኣወጀ ህፁፅ ኣዋጅን ናይዞም ሓይልታት ምንቅስቓስ ምፍዛዝ ተራኣዩ ኣሎ። ነዚ ንምፍታሕ ዝተፈለየ ምንቅስቓስ ምግባር ከድልየና `ዩ። ኣብ ባዕልና ንሰርሖ ስራሕ ደሓር ብዝርዝር ንሪኦ ኮይኑ ብሃገር ደረጃ ናይቲ ህዝቢ ናህሪ ዓቂብካ ንምኻድን ኣብ ዝሓፀረ እዋን ፀላኢ ኣብ ከቢድ መንቀርቀር ዘእቱን ሓይሊ ሚዛን ዝልውጥ ምንቅስቓስ ንምግባር ሕዚ `ውን መሪሕተራና ክንፃወት ኣለና። እዚይ ንምግባር ናይ ሙሉእ ግዜ ስራሕ ክኸውን ኣለዎ። ከባቢታትን ውዳበታትን ቀደም ሰዓብ ኣቓሚጥናን ነፂርናን ናብ ልዑል ርብርብ ክንሰግር ኣለና።

## 3.2.2. ኩነታት ብሄር ቢሄረ ሰባትን ህዝብታትን

በቲ ዝኒህ ኩነታት ኣብ ህዝብታት ዝፈጥሮ ዘሎ ስግኣትን ጭንቅን በቢግዚኡ እናዓበየ `ዩ ዝኸይድ ዘሎ። መጠኑን ስፋሓቱን ክፈላለ ተዘይኮይኑ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኢትዮጵያ እቲ መንፈስ ተመሳሳሊ `ዩ። በቲ ዝግበር ዘሎ ቅጥዑ ዝጠፍእ ኣካይዳን ኣብ ህዝብታት ዝፍጠር ዘሎ ኣተሓሳስባ ዓዲ ክትብተን እያ፣ ናብ ዝኸፈአ ህልቂትን ምብትታን ንኣቱ ኣለና፣ ልምዓትደው ኢሉ፣ ናብራ ከቢዱ፣ ሰላም ሲኢና፣ ልዕልነት ሕጊ ይጠፍእ ኣሎ፣ ሃገርና ብናይ ደገ ሓይሊ ትድፈር ኣላ ብፍላይ ኣብ ህዳሰ ግድብ ዝተራኣየ ክሕደት ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፈጠሮ ቁጠዐ ሰፊሕ `ዩ። ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ ካብ መላእ እቲ ህዝቢ ጥራሕ እንተይኮነ ካብቲኣብ መጀመርታ እዋን ሙሉእ ድጋፍ ዝሀብ ዝነበረ ሙሁር፣ በዓ

ኮይኖም ንምጉታምን ንምትዕራቕን ዝንቀሳቐሱ ሓይልታት ብተግባር እኒ መን ከምዝኾኑ ፈሊኻ ንምቅላስን ንምብራህን 'ዩ። ኣብ ስትራቴጅና ዝተቐመጠ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ እቲ ልምዓታዊ በዓል ሃፍትን ገሊኡ ሳዕለዋይ ሙሁርን ዝህልዎስልፊ ምውልዋል ምኺኑ ብግልጺ ተቐሚጡ 'ዩ። ኣብዚ ንኡስ መድረኽ ሕዚ ብጭቡጥ ዝረአ ዘሎ 'ውን እቲ ልምዓታዊ በዓል ሃፍቲ ብቑዕሩ ውሑድን ሃፍቲ እናረአየ ዝኸይድን ሓይሊ ሚዛን እናረአየ ኣሰላልፍኡ ስለዝፈሊ ነዘን ነዘን ዝብል ዘሎ 'ዩ። ገሊኡ ክፋል 'ውን ፈሪሑ ናብ ብልዕግና ዝኣተወ 'ዩ። ገሊኡ ድማ ከምዚ ይገብር፣ ከምዚ ይኹን እናበለ ክዓርቕን ከሸማግልን ደፍትን ኣሎ።ገሊኡ ብሃገር ደረጃ ዝኒህ ሙሁር 'ውን ተመሳሳሊ ከይዲ እዩ ዝኒህ።

ኣብ ኦሮምያ ዘለው ገሊኦም ኣመራርሓ ፖለቲካዊ ውድባት ከም እኒ ፕሮፌሰር መራራን እኒ ጀዋር ዝበሉ እትው ውዕኣ እናበሉ ህዝቢ ኦሮሞ ኣንፃር ፀላኢኡ ብዕንዓት ከይቃለስ ዘዕንቅፍ ዘሎ 'ዩ።ኣብ ደቡብ ክልል ዘለው ውድባት ብናይ ኦሮሞን ናይ ትምክሕቲ ሓይልን ከይጭፍለቑ ስግኣቶም ዓብይ ስለዝኾነእናተወላወሉ ክኸዱ 'የም። ብጠቕላላ ናይ ደቡብ ኩነታት ኣብቲ ዝህሉ ሓይሊ ሚዛን ዝምስረት 'ዩ። ጋምቢላን ቤንሻንጉልን ተገሊሎም ስለዘለው ብትረት ጠጠው ኢሎም ንምቅላስ ከፀግመሎም ዝኽእል እኳ እንተኾነ ፈደራሊስት ሓይሊ ጠንኪሩ ኣብ ዝመፀሉ እዋን ዐኒዖም ክኸዱ ዝኽእሉ 'የም።ብሃገር ደረጃ ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ዝህሉ ኣሰላልፉ ብዝተወሰነ ደረጃ ንምግላፅ 'ምበር ኩሉ ኣብ በበቱኡ ኣቐሚጥናዮ ኣለና ማለት ኣይኮነን። ንቅድሚት በቲ ዝህሉ ምንቅስቓስ እናተፈለየን እናነፀረን ክኸይድ ዝኽእል 'ዩ። ብዓብዩኡ ድማ ደርባዊ ኣሰላልፋ መሰረት ገይርካ ንኩሉ እናረኣኻ ምኻድ እዩ እቲ ቀንዲ መርኣያና ክኸውን ዘለዎ።

## 3.4. ሃገራዊ መረፃን ፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያን

መረፃ ቁልፊ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ናይዛ ሃገር ኮይኑ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ዕድል ናይዛ ሃገር ካብ ዝውሰኑ ቁልፊ ጉዳያት መረፃ እቲ ቀንዲ 'ዩ። መረፃ ብግድን ኣብዚ ዓመት ክግበር ነይርዎ።ይኹን 'ምበርኣይግበርን ዘሎ። ሕገ-መንግስቲ ኣብ ዝእዘዞ ግዜ ኣይካየድን ዘሎ። ስለዚ ድሕሪ 4⁺ ወርሒ ብህዝቢ ዝተመረፀ ሕጋዊ መንግስቲ ኣይህሉን። ቀደሙ 'ውን እንተኾነ እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ሕጋዊኣይነበረን። እዚ ዘይሕጋዊ ሓይሊ ሕዚ 'ውን ብፀረ ዲሞክራሲ መንገዲ ሕገ-መንግስቲ ረጊፁ ስልጣን ሒዙ ይቕፅል ኣሎ።እንተኾነ ግን ድሕሪ መስከረም ኣብዝሓ ዝሰማመዐሉ ሕጋዊ መንግስቲ ኣይህሉን። ስለዚ ድሕሪ መስከረም ዝህሉ ኩነታት ኣብ ህልውና እዛ ሃገር ብጠቕላላ ኣብ ህልውና ውድብናን ክልልናን ድማ ብፍላይ ወሳኒ እዋን 'ዩ።

እዚ ፀረ ህዝቢ ሓይሊ ናብ ስልጣን ካብ ዝመፅእ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ መረፃ ንምግባር ድልየት ዘይነበሮን ብፀረ ዲሞክራሲ መንገዲ ኣብ ስልጣን ክነብር ዝፅዕር ዘሎን እዩ። መረፃ ንምግባር ባህግን ድልየትን ዘይብሉ እናሃለወ ሓደ ጊዜ ጉንበት ካሊእ ጊዜ ናሓሰ መረፃ ክንገብር ኢና እናበለ ከጭበርብር ፀኒሑ 'ዩ። ሕዚ ድማ ለበዳ ሕማም ኮሮናን ካልኦት ምኽንያታትን ተጠቒሙ መረፃ ኣብ ናሓሰ ከምዘይካየድ

ብዕሊ ወሲኑ ኣሎ። ሕገ-መንግስታዊ ትርጉም ዘየድልዩ እናሃለወ ብናህቲ ይልየትን ባህግን ተርጉሞ ከዋሃቦ ብምግባር ብፍፁም ዐረ ዲሞክራሲ መንገዲ ሕገ-መንግስቲ ረጊፁ ኣብ ስልጣን ክፀንሐ ወሲኑ ናብ ምንትስቻስ ኣትዩ ኣሎ። እዚ ዐረ ህዝቢ ሓይሊ ናይ ህዝቢ ሉኡላዊ ስልጣን ብሓይሊ ረጊፁ፣ ሕገ-መንግስቲ ኣፍሪሱን ዕልዋ መንግስቲ ኣካይዱ ኣብ ስልጣን ክምዝፀንሕ ኣረጋጊፁ ኣሎ።

ካብዚ ሓሊፉ ካብ ባህሪ እዚ ዕግዕተኛ ዐረ ዲሞክራሲ ሓይሊ ንሓዋሩ 'ውን ስልጣን ሒዙ ንምቅፃል ክሓስብ ይኽእል 'ዩ። ኣብዚ ዘይገበሮ ነገር ኣይህሉን ኢልካ ምብጋስ ጉቡእ 'ዩ። ብተግባር 'ውን እዚ ዩ 'ዩ ዝገብር ዘሎ። ክምቲ ባዕሉ ደጋጊሙ ዝብሎ ንሕና ኣብ ኣፍሪካ ዘለና መንግስቲ ምዃና ኣይትረስዑ ኩሉ ምግባር ንኽእል ኢና ዝብል ብዕሊ ዝደጋግሞ ዘረባ 'ዩ። ድሕሪ 'ዚ መረፃ ይገበር፣ ሕገ-መንግስቲ ይከበር ዝበሉ እናጨፍለቐ ክኸይድ 'ዩ። ኣብ ትግራይ 'ውን ብህወሓት ዝምራሕ መንግስቲ ክህሉ የብሉን ዝብል ናይ ብልፅግና ፓርቲ ይኹን ናይ ቀለም ወያነ መራሕትን መተሓባበርትን ብሓባር ኮይኖም እዙይ ካብ ምግባር ዓዲ ኣይውዕሉን። ይኹን 'ምበር እዚኦም ኩሎም ጥፍኣት ናይዛ ሃገር ዘተሳጥፉ 'ዮም ክኾኑ። ንነዊሕ ግዜ ብዐረ ዲሞክራሲ ስልጣን ሒዝካ ኣብ ኢትዮጵያ ምንባር ዘኽእል ወድዓዊ ባይታ የለን። ክምዚ እንተኾይኑ ውፅኢቱ ምብታን እዩ ክኸውን።

ብካሊእ ገፅ ንህልውና ሕገ-መንግስትን ፌደራላዊ ስርዓትን ብፅንዓት ዝቃለሱ ሓይልታትን በቲ ዝህሉ ፍፁም ዐረ ዲሞክራሲ ተግባር ናይ ህዝብታት ቃልስን ዓመፅን ክምዕብል ይኽእል 'ዩ። ቅድም ቀዳድም መረፃ ኣናዊሑ ንሓደ ዓመት ይትረፍ ንሓንቲ ዐሓይ 'ውን ዘፅንሕ ሕጋዊ መሰረት ዘይብሉ ብልፅግና በቲ ዝግበር ቃልስን ናይ ህዝቢ ማዕበልን ወይ ጠቕሊሉ ክለግስ እዩ ወይ ተገዲዱ መረፃ ክገብር ይኽእል 'ዩ። ተገዲዱ ንዝእተዎ መረፃ እቲ መስርሕ ብልፅግና ዘይመርሖ ካብ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ወፃእ ብባዓል ሓደራ መንግስቲ ተተመሪሑ ዝሓሸ ዕድል ክህሉ ይኽእል 'ዩ። እንተኾነ ግን እዚ ዐረ ህዝቢ ሓይሊ መረፃ ክግበር እንተኾይኑ እውን ኣነ እየ ዝመርሕ ክም ዝብል ጥርጥር የብሉን። መረፃ ክገብር ዘኽእልእውን ብዝኾነ መንገዲ ኣብ ስልጣን ዝፀንሕ እንተኾይኑ ጥራሕ 'ዩ። ኩሉ ዝግበር ገይሩ ስልጣን ሒዙ ክቕፅል 'ዩ ክዕዕር። ሓይሊ ተጠቒሙ፣ ገንዘብ በቲኑ፣ ኣፈራሪሑ፣ ኮሮጆ ሰሪቑን ብናይ ምዕራባውያን ሙሉእ ድጋፍ ረኺቡ ስልጣን ሒዙ ክቕፅል እዩ ክንቀሳቐስ። ካብዚ ሓሊፉ ብናይ ቀለም ወያነ ሽማግሌ መረፃ ክካየድ ብምግባር ብልፅግና ፓርቲ ስዒሩ ተባሂሉ ክእውጅ ይኽእሉ 'ዮም። ድሕሪ እዙይ ዝፍጠር ተቓውሞን ህዝባዊ ናዕብን ቦግ ክምዝብል ጥርጥር የብሉን። እቲ ዝህሉ ናይ ህዝቢ ምንትስቓስ ወይ ብሓይሊ ክጉዕዐ 'ዩ ወይ ድማ መራሒ ስኢኑ ዓዲ ክትብተን ትኽእል እያ። እዚ ዐረ ህዝቢ ሓይሊ ድማ ነቲ ዓመፅ ንምቁፅፃርን ንምድምሳስን ክቢድ ግፍዒ ክፍፅም ይኽእል 'ዩ።

ካብዚ ዕግዕተኛ ሓይሊ ብኣንፃሩ ዘለው ፌደራሊስት ሓይልታት ሕዚ ብዘሎ ኩነታት ብዝግባእ ዘይተወደቡን ንቅሞም ኖብ ሓደ ጠሚርምሳናርቲ ዝኾኑሉ ብርኪ ኣይበፅሑን። ካሊእ ተሪፉ ሕጊ መንግስቲ ጥሒሱ ይኣየ እናገበረ ተመሳሲሉ እምነትን ቅዋምን ሒዞም ኣይኸዱን ዘለው። ስለዚ እንተዝግበር 'ውን ብልፅግና ዘመርሖ መረፃ ውፅኢቱ ልዕል ክብል ዝገለፅናዮ 'ዩ ክኸውን። ናኢ

መስከረምእንተተኻይዱ ቅድሚ መረፃ፣ ኣብ እዋን መረፃ፣ ድሕሪ መረፃ ናብ ዘይዛሪ ናዕብን ደም ምፍሳስንከምርሕ ዝኽእለሉ ዕድል ኣዕርዩ ሰፊሕ እዩ። ነዚ ሰዒቡ ብዘይካ ትግራይ ዝተረፈ ከባቢ ተተርቲፉ ክብተን ይኽእል እዩ። መወዳእትኡ ድማእቲ ዘይተርፍ ኣርማጌዶንዕድል ናይዛ ሃገር ይኸውን። ስለዚ ነዚ ሓይሊ እዙይ ተቓሊስካ ካብ ምውጋድ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ የለን።

ኣብ ትግራይ መረፃ በይንኹም ኣይትገብሩን ኢሎም ኩሉ ዓይነት ፀረ-ህዝቢ ተግባር ክፍፅሙን ካልእት ዘይገመትናዮ ፀገም ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። ብዕሊ እውን ምፍካር ጀሚሮም ኣለው። ብኻሊእ ገፅ ድማ ድሕሪ መረፃ ህወሓት ኣይሰዓረን ኢሎም ዕግርግርን ቅልውላውን ፈጢሮም ብመረፃ ቦርድ፣ ብቤት ፍርዲ፣ ብምዕራባውያን ተዓዘብቲ ተቖብርቢሩ እዩ ወይ ህወሓት ኣይሰዓረን ኢሎም ክሳብ ምእጋድ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም። እዙይ እውን ዘይተርፍ መደብ ኣብይን መራሕቲ ቀለም ወያነን እዩ። ንሕገ መንግስትን ናይ ህዝቢ ወሳናይነት ካብ ዘለና ዘይንቅንቕ ዕኑዕ እምነት ተበጊስና መረፃ ኣብ እዋኑ ይገበር ተዘይኮይኑ መሰልና ተጠቒምና መረፃ ክንገብር ኢና ስለ ዝበልና ብጉሁድ ኩናት ኣውጅሉና። እዙይ እዩ ባህሪኡ እዙይ እዩ ክገብር ዝኽእል። እንተኾነ ግን ንሕና ዘጋጠመ እንተጋጠመ ካብቲ ዝሓዝናዮ እምነትን መርገፅን ወፃእ ካሊእ መማረፂ የብልናን።ብጥቕልሉ ግን እቲ ኩናት ናብ ናይ መወዳእታ ገውእዩ ዝበፅሕ ዘሎ። ግዜ የለን፣ ናይ ኣዋርሕ ግዜ እዩ ዝኒህና። ንኹሉ ሙሉ ግን እቲ መፍትሒ ኣብ ኢድና ኣብ ኢድና ጥራሕ ዘሎ ምኳኑ ምግንዛብ የድሊ።

# IV) ምዕባለታት ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይ

## 4.1. ኩነታት ተዋሳእቲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ፖለቲካ ትግራይን

### 4.1.1. ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ፖለቲካ ትግራይን

I. ሕዚ ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ማእኸሎም ትግራይ ዝገበሩ ዝተወሰኑ ዝፀንሑ ዝበዝሑ ድማ ምስ ምፍጣር ዕግዕተኛ ሓይሊ ብልፅግና ዝተፈጠሩ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኢና በሃልቲ ይጭጭሑ ኣለው፡ ብጭቡጥ11 ኣብ ምሽብሻብ ኣሎ ዝበሃል ወሲኽካ ናብ 12 ዝኾኑ ፖለቲካዊ ውድባት ኣለው (ብልፅግና፣ ዓረና፣ ትዴፓ፣ ራዴፓ፣ ዓሲምባ፣ ወህዴፓ፣ ትንሳኤ ስርዓት ቀንጪ ሓቂ ወጀራ 20እምባ ፣ ውናት፣ ሳልሳይ ወያነ፣ ባይቶናን ውዳበ ንኢኮኖሚ ሓርነት) ዝበሃሉ ኾይኖም እዚ ባዕ ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ሓዱሽ ምዕባለ እዩ። ብቑፅሪ በዝሒ ፖለቲካዊ ሰልፍታት እውን ሓዱሽ እዩ እንተኾነ ግን እቲ ዘገድስ ንቓልስና ብዘለዎ ትርጉም እዞም ሰልፊታት ኣብ ናይ ትግራይ ፖለቲካ መኸተን ዴሞክራታይዜሽንን ኣስተዋፅኦ ዶ ኣለዎም ወይስ ናይ ጥፍኣት ሓይልታት እዮም እዩ እ ሕቶ።

II. ኣጠቓላሊ መንነቶምን ባህሪኦምን ኣብ መድረኽ መኸተ ዘለዎም እጃምን ብምርኣይ ነዚ ሕቶ ምም ኣገዳሲ ይኸውን። ኣመሰራርታ እዞም ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኢና ዝብሉ እቶም ዝፀንሑ ይኹኑ ሓድሽ ኣብ ቀረባ ዝተመስረቱ እቶም ኣብዘሓ ገሊኦም ብቐጥታ ተለኣኣኽትን ሓሻኽርን ገሊኦም

ኢኮኖሚ ናይ ሓደ ሃገር ምስ ዝዓቢ ድማ ዘይምዕሩይ ምክፍፋል ሃብቲ ክኽሰት ይኽእል 'ዩ። ኢኮኖሚ ናይ ሓደ
ከም ሃገር ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ክወስዶ ዝኽእል ካሊእ ምኽንያት ኢኮኖሚያዊ ሽግር 'ዩ። ኢኮኖሚ ናይ ሓደ ሃገር ብዙሕ እንተ ተዳኺሙ ብዙሕ ሽግር የስዕብ ዝኽእል ብዙሕ ምኽንያት እዩ ኣሎ ሃገራዊ ዕብየት በቢዓመቱ እናወረደ ይኸይድ
ሃገርካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ይኸይድ ኣሎ። ሃገራዊ ዕብየት በቢዓመቱ እናወረደ ይኸይድ ኣሎ። ናህሪ ዋጋ መሰረታዊ ሸቐጣት ኣዕርዩ
ኣሎ። ዝቕባበ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣዕርዩ እናወሰኸ ይከይድ ኣሎ። ናህሪ ዋጋ መሰረታዊ ሸቐጣት ኣዕርዩ ይዳኸም ኣሎ። ስራሕ
ይውስኽ ኣሎ። እቲ ቱሑት እቶት ዘለዎሕብረተሰብ ናይ ምግዛእ ዓቕሙ ኣዕርዩ ይዳኸም ኣሎ። ስራሕ
'ውንብዘይ ምቁራፅ ይወርድ ኣሎ። ሕዕረት ሸርፊ ወፃኢ፣ ቀጥታ ኢንቨስትመንት ወፃኢ ብዝገርም
ቁልቁል እናወረደ ይኸይድ ኣሎ። ባንክታት ተራእዩ ዘይፈልጥ ሕፅረት ገንዘብ ኣጋጢምወን፣ ብፍላይ
ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያኣብዚ ዓመትብዚጋጥም ሕፅረት ገንዘብህዝቢ ተደናጊፁ ክምዝነበረ ኣንዝክሮ
ጉዳይ 'ዩ።ፀገም ስራሕ ስእነት በቢግዚኡ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ንውሽጢ ዓዲ ባዓል ሃፍቲ ዘድቅቕ
ናይ ወፃኢ ሰብ ሃፍቲ ሰፊሕ ዕድል ዝህብ ተግባር ይፍፀም ኣሎ።በዚ ኣቢሉ ድማ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ
ኢኮኖሚ እዛ ሃገር ኣብ ኢድ ኩባንያታት ምዕራባውያን ክኣቱ ይሰርሕ ኣሎ። ወሰንቲ ናይ ልምዓት
ትካላት ነዚኦም 'ዩ ዝሸጦ ዘሎ። ንሱ እዚ ብምግባሩ ፍንጥር ረኺቡን ታዓንጊሉን ክነብር ዓዲ ግን
ንመሸጣ ከህግራ 'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ።

ኣብ ልዕሊ እዙይ ድማ ዝቕፅል ክረምቲ ናይ ድርቂ ሓደጋ፣ ወራር ኣንበጣ ተወሲኽዎ ክግመት ካብ
ዝኽእል ንላዕሊ ከቢድ ፅንወት ክገጥም ይኽእል 'ዩ። ነዚ ስዒቡ ኣብዛ ሃገር ዘጋጥም ኢኮኖሚ ሽግር
ንዝኽፍአ ማሕበራዊ ፀገም ክቃላዕ ዝገብሮ 'ዩ። እዙይ ኣብኡ እንተሎ ንሰፊሕ ፖለቲካዊ
ዘይምርግጋእን ካብዚ ሰጊሩ 'ውን ስርዓት ዝፈርሰሉን፣ በቢከባቢኡ ዝተወደበ ወንጀልን ከከም
ዓቕምኻን ጉልበትካን ዝነበረሉ ኩነታት ምምፅኡ ኣይተርፍን። ሕዚ ድማ ለበዳ ኮቪድ -19ተወሲኽዎ
ናብ ህልቂት ክምርሕ ይኽእል 'ዩ። እዚ ለበዳ ንምክልኻል ዝግበር ፃዕሪ 'ውን እንተኾነ በዚ ፅግዕተኛ
ሓይሊ ክሰምር ኣይኽእልን። እዙይ ክግበር ዝኽእል ህዝባውነት ይኹን ብቕዓት የብሉን። ኮሮና
ምኽንያት ብምግባር መረፃ ከምዘይካየድ ገይሩ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ኣብ ስልጣን ክፀንሕ ይገብር
ኣሎ። ነዚ ስዒቡ ድሕሪ መስከረም እንታይ ኩነታት እዩ ክህሉን ክፍጠርን ንምግማቱ ኣየፅግምን።እዚ
ኩሉ ተደማሚሩ እዛ ሃገር ናብ ጥፍኣትን ምብትታንን ይወስዳ ኣሎ። ብኣጠቓላሊ እቲ ኩነታት ኣብ
ከምዚ ዝበለ ደረጃ ምህላው ተገንዚብናን ብሓደ ገፅ ንኩሉ መዳይ ፀረ-ዕግዕተኛ ቃልሲ ንምሕያል በቲ
ካሊእ ገፅንክልልና ብዘለዎ ትርጉም ርኢናንካብዚ ሓደጋ ንምትራፍ ህዝብና ሒዝና እቲ መድሕን
ህዝብን ዓድን ዝኾነ መስመርና ኣፅኒዕና ኩሉ መደያዊ ቃልስን ርብርብን ምግባር ኣብ ዝሓኽት ፍሉይ
ወቕቲ ኣለና።

## 3.2. ህልው ኩነታት ሓይልታት ለውጢ

### 3.2.1. ህልው ኩነታት ፌደራሊስት ሓይልታት

ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ናይ ሕገ-መንግስትን ሕብረ-ብሄራዊ ፌደራሊስትሓይልታት
ንምትእኽኻብን ብሓደ ሰሚሮም ዝገብርዎ ቃልሲ ንምሕያል ፃዕሪ ክግበር ፀኒሑ 'ዩ። ቀሊል ዘይኮነ
ሓይሊ 'ውን ኣብ ሓደ ተጠሚሮም ምንቅስቓስ ጀሚሮም 'ዮም። ኣብዛ ሃገር ዝህሉ መማረፂ ዕድል

### 4.1.4. ዘይተወደቡ ክራይ ኣከብትን ፀበብትን ሓይሊታትን ፖለቲካ ትግራይን

I. ዝፍለጥ ዕላዊ ኣወዳድባ ዘይብሎም ግን ድማ ዝተፈላለየ ሜላታት (ስለብን ምትእስሳርን ዘለዎም፣ ብናእሽቱ ናይ ምይይጥን መራኸብን ጉጅለታት ዝጥተሙ ብማሕበራዊ ሚድያ ዝተወደቡ ገለ እዎ ድማ ብሎልቶም ኮይኖም ኣብ ድሕሪት ንዝተፈላለዩ ኣወዳድባታት ዘንቀሳቕሱ፤ መሁራት፣ ኣብ ምምሃርን ምርምርን ዝሰርሑ፤ሰብ ሃፍቲ ከምኡ'ውን ስዉራትን ቲመኛታትን ኣብ ውሽጥና ዝነበሩ ኣመራርሓ ብናይ ተሃድሶ ቃልሲ ዝተሸጋሸጉን ካልኦት ፀበብቲ ክራይ ኣከብቲ ሓይልታትን ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ዘለዎም ተፅዕኖ ብዝግባእ ክድህሰስ ዘለዎ 'ዩ። ብሓፈሻ ንኡስ ብርጌርዋ ብፍላይ ድማ 'ቲ ዝተማህረን መንእሰይን ንኡስ ብርጌርዋ ብበዝሑን ፀላዋይነቱን ተጠናኺሩ ዝወፀለ እዋን ኢሉ። እዚ ብዙሕ ሊሂቕ 'የ ዝብል ኣብ ሕሉፍ ቃልሲ፣ ኣብ ህልውን መፃኢን ጉዕዞ ትግራይን ኢትዮጵያን ኣብ መስመራት ውድብ ሰፊሕን ዝተፈላለዩን ኣጀንዳታት እናቐረበ ኩሉ ዓይነት መራኸቢ ሜላታት ተጠቒሙ መልእኽቱ ዘሕልፍ፤ ዝበሉ ሓይሊ ዝእከብ ዝብትን ኮይኑ ይወፅእ ኣሎ። ካብዚ ድማ እቲ ሰሊብ ትጅኣዊ ረብሓ ዝእምትን ክራይ ኣካቢ ዝኾነ ሓይሊን ከምኡ'ውን ተሳዒሩ ቲመኛ ዝኾነ ሓይሊ ህወሓትን መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲን ከበሳብስ ዕላዊ ዘይኮነ ምትእስሳራትን ኣወዳድባታትን እናፈጠረ ብገፊሑ ይሰርሕ ኢዩ ዘሎ።

II. ኣብ ትግራይ ይኹን ኣ/ኣበባ ዘለው ዕግዕተኛታት ሰብ ሃፍቲ 'ውን ገሊኦም ብልዕግና ገሊኦም ኣብ ድሕሪ ባንዳ ውድባት ገሊኦም 'ውን ብሽም ሲቪክ ማሕበራት ኣብ ዝተጣየሸ ድሕሪት ኮይኖም ምንጪ ናይ ሓሳብን ገንዘብ ንማተርያልን ኣወዳድባን ኮይኖም ውድብን መንግስትን ኣብ ምፍራስ ዝተዋፈሩ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኩሉ ነገር ኣብ ኣማራዒ ሓይልታት እንትምስረት'ዩ ሚዛን ዝሕሎ ኣብ ኢድ ህወሓት ምውዳቕና ዋጋ ኣኽፊሉና 'ዩ ሕዚ ሃገር ተቐይሩ 'ዩ፤ ዘይተቐየረ ትግራይ 'ዩ ዝብል ኣንፈት ሒዞም ብልዕግና ጨንፈር ትግራይ ክምስረት ዝተፈለየ ተራ ዝተፃወቱ፤ ኣብ ቀፃሊ ምምኻር ብልዕግና ዝተዋፈሩ ዕግዕተኛታት ሰብ ሃፍቲ ኣብ ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይ ዘስዕብዎ ሓደጋ ብዝግባእ ክረአ ዘለዎ'ዩ።

III. እዞም ናይ ተናፀል ግን ዕላማን ተልእኾን ዘለዎም ኣብ'ዚ ዘመን ካብ ዘሎ ዲጂታል ሚድያ ራሊ'ኻ ክራእዩ የብሎምን። ንዝኾነ ዜጋ ጋዜጠኛ ኣብ ዝገበረ መዋእል፤ በየ ኩርንዑ ኮይኑ ኣጀንዳ እናቐረበ ናይ ምውፋር ዓቕሚ ዘለዎን ብዕስቡነት ዘገልግል ኣክቲቪስትን ብስፍሓት ኣብ ዘለሉ እዋን ናይ ተናፀል ግን ዕግዕተኛ ሓይልታት ፖለቲካ ትግራይ ናብ ናይ ገንዘብ ሸቀጥ ዕዳጋ እናውረዱ ናይ ዓመፅን ህውከትን ሃዋህውን ተግባርን ክፈጥሩ ይሰርሑ 'ዮም ዘለው። ካሳብ ሕዚ ኣብ ገሊኡ ከባቢታት ትግራይ ኣብ ዝተራእየ ኣናእሽቲ ናይ ህውከት ምልክታት 'ውን ኣብ ድሕሪት ነይሮም 'ዮም። ብኣጠቓላሊ ኣብ ምምሕዳር ፖለቲካ ትግራይ ተዋሳእቲ ኮይኖም ዝወፁ ዘለው ሓይልታት ንሕዚ ኣብዞም ዝተላዕሉ መበገሲ ጌርካ ምርኣይ ይኣክል'ዩ። 'ዚ መበገሲ ብምግባር 'ዞም ሓይልታት ዝቃለሰሉ ዘለው ትሕዝቶታትን ኣጀንዳታትን ናብ ምርኣይ ንስገር።

ኣብ ቤት ምኽርታት የለ ኣብ መሓውራት መንግስቲ የለ መስጊድ 'ውን ክረክብ ዘይክእለ ሕገ-
ኣብ ቤት ምኽርታት የለ ኣብ መሓውራት መንግስቲ የለ መስጊድ 'ውን ክረክብ ዘይክእለ ሕገ- መንግስታዊ መሰሉ ዘይተኸበረ 'ዩ ክለዓል ክዕምፅ ኣለዎ ኢሎም ብድፍረት የላዓልሉ የምህሩ ኣለው።

III. ካብ 'ዚ ሓሊፉ መንግስቲ ህወሓት /ኢህወዴግ ኣኽረርቲ ዘይኣኽረርቲ ናበለ ክፋፊሉና ፀኒሑ ሕዚ ኣኽራርነት ዝበሃል የለን መንግስቲ ዶክተር ኣብይ ናይ ቃልሲ ኣጋርና ኾይኑ ኮኒንዎ 'ዩ። መንግስቲ ትግራይ ህወሓት ይቕርታ ክሓትት ኣለዎ ብለውጢ ዶክተር ኣብይ ኣይኸድን ዘሎ፤ ቕድሚ ሕዚ ዝተኻየደ መረፃታት ምስልምና ቤት ምኽሪታት መጅልስ መሓውራት ብተዕፅኖን ኢድ ኣታዊነት ካድረታት ዝተገበረ'ዩ። በዚኦም ኣይንምራሕን 'ዚኦም ጠበቓ መንግስቲን ህወሓትን እዮም ካድረታት 'ዮም ይወገዱ ዝብል ምልዕዓልን ኣስተምህሮን ብገፊሑ ይካየድ'ሎ። ኣኽሱም መስጊድ ናይ ምስራሕ ሕቶ ቱልፊ መንቀሳቐሲ ኣጀንዳ ብምግባር ካብ ውሽጢ ካብ ደገ ብዝተወደበ መንገዲ ማእኸል ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ተገይሩ ንሽረ ሓዊሱ ኣብዙርያኣ ዘለዋ እናእሽቲ ከተማታትን መስጊዳትን ብምሓዝ ናይ ዓመፅ መሰረት ክስፍሑ ይጓየዩ ኣለው።

IV. 'ዚ ፅንፈኛ ሃይማኖታዊ ምንቅስቓስ ዋሃብያ ኣካል 'ቲ ትግራይ ናይ ምብርካኽን ምፍራስን ዕላማ ብልፅግና ስለ ዝኾነ በየኸባቢኡ ኣብ ዘለው ቅሬታት ሰናይ ምምሕዳር፣ ናይ ከባቢነት ስሚዕት፣ ናይ መሰረተ ልምዓት ሕቶታት መዝሚዞም ከለዓዕልሉ ይፍትኑ፣ ኣብ ራያ ዘሎ ናይ ዋሃብያ ምንቅስቃስ ናይ ኣምሓራ መንነት ጉዳይ ብሰፊሑ የቀፃፅሉ፣ናይ ማይ፣ መንገዲ፣ መብራህቲን መጠሻታትን ሕቶታት ቐንዲ መምበድበዲቲ 'ዮም። ኣብ መንጎ 'ቲሞስሊምን ኦርቶደክስን ዝፀንሑ ማሕበራዊ ምትእስሳራት ናይ ምክእኣል ክብርታት ሓራም ብዝብል ኣንፈት ኣብ ሐዘን ሓጎስ፣ኣብ ምብላዕ ምስታይ፣ ኣብ ፀወታን ጎይላን ዝሓመመ ኣብ ምጥይያቕ---ወዘተ ዝነበረ ርክብ ከጥፍእዎ ይሰርሑ ኣለው። ካሊእ ተሪፉስ ስጋን ፀባን ናይ ሓተላ ዘርኢ ስለ ዝኾና ካብ ክርስትያን ከይዕድግ ኢሎም ዘለዓዕልሉ ኩነታት ይፍጠር ኣሎ።

V. ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ምንቅስቓሳት ብምጥንኻር ብሕገ-ምስሊም ዝተመረፁ ኣመራርሓታት ክፈራርሱ ላሕ ይብሉ ኣለው። ኣብ'ቲ ሃገር ዝፀንሐ መሓውራት ተፈራሪሱ ብምደባ ስለዝተዓራረየ ትግራይ 'ውን ናብ'ዚ ክኣቱ ኣለዎ ኢሎም ሰባት ኣብ ኣዲስ ኣበባ መዲቦም ይረባረቡ ኣለው ኣይክኣሉን 'ምበር። ታሕተዎት መሓውራት ናይ መስጊድ ኮሚቴታት ግን እናፍረሱ ናይ ባዕሎም ሰባት የማዓራርዩ ኣለው። ኣብ ክራይ ገዛውቲ መስጊድ ይፈጥሩ ኣለው። ኣብቲ ኣመራርሓ ምስልምና ስርገት ንምጥንኻር ዓው ዓው ገዲፍና ታሕቲ ታሕቲ ንኺድ ኢሎም ገንዘብ ብስፍሓት ንውልቀ ንሓባር ብፍላይ ፀመናእሰይ ቀሊል ብዘይበሃል የፍስሱ ኣለው። ንዓመፅ ንህውከት መሰረት ብዝኾነ ቅኒት ይሰርሑ ኣለው። መሓውር ውድብን መንግስትን ብፍላይ ኣብ ታሕቲ ናብዚ ዝኣተወ ቀሊል ኣይኮነን። ብድም ግን 'ቲ ዝበዝሐ ምስሊም ሕ/ሰብ ዘይቕበሎ 'ኳ እንተኾነ በቲን በቲን ብዘሎ ገፊሕ ምቅስቃ መንግስቲ፣ ውድብ ኣይሪኦን ዘሎ ብዝብል ቅሬታን ናይ ደንገርገርን ምፍዛዝን ኩነታት ቀሊ ኣይኮነን። ብቁልጡፍን ብተኸታታሊን ትሉም ብዝኾነ መንገዲ እንተዘይሰሪሕናሉ ኣብ መኸተን ትሪ ልምዓትን ዴሞክራሲን ትግራይ ሓደገኛ ኩነታት'ዩ ዝምዕብል ዘሎ።

ኣ ካብ ዘ እዘን ሰቪክ ማሕበራት ነቲ ዕላማ ከገልግላ 'ዮም ዝበልዎም ውልቀ ሰባት እናመልመሉ 'ውን ተግሊ ርክባትን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ቀፃሊ ስልጠናታትን የካይዱ አለው። ንሕና ግን ኣብዘን ማሕበራት ብቲ ሓደ ወይ ብቲ ካሊእ ክትትልናን ዕልዋናን ድኹም 'ዩ ዘሎ።

እዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ብዙሓት ናይ 'ዘን ሲቪክ ማሕበራትን ምግባረ ሰናይን ኣባላት ንሓፈሻዊ ድሌታቶም'ን እስተዋዕኦን ዝሓስቡ ብቕንዕና ነቲ ብዕሊ ዝተፀሓፈ ተልእኾ ዝሪኡን 'ዮም። እቶም ቸንዲ መሰረትን መራሕትን ግን ዕላዊ ከቢድ ዕልኣት ኣብ ውድብናን ኣመራርሓን ዘለዎም ብተ'ኮልን ጥበብን ዝንቀሳቀሱ ዘለው 'ዮም። ሲቪክ ማሕበር ሰብ ሕድሪ፤ ዓለምለኸ ጥምረት ተጋሩ ንኣወንታዊ ተግባርኣግኣዝያን፤ ሓልዮት ንማሕበረሰብ ለውጢ፤ ፎሮም ምሕደራ ትግራይ ተጠቀስቲ 'ዮም። ብሓደ ገፅ ኣብ ናይ ህዝቢ ረብሓን ኣጀንዳን ዝነጥፉ ደጊፍና ተጠናኺረን ኣብዘይወፃሉ ነቶም ብጉልባብ ሲቪክ ማሕበር ግን መሳርሒ ምድሕርሓር ዝኾኑ ፈሊና ኣብ ዘይተቓለስናሉ ዘይሩ ዘይሩ በቲ ሓደ ይኹን በቲ ካሊእ ኣብ ማሕበራዊ መሰረትና ተዕዕና ዝፈጥር ዕንደራ ምድሕርሓር ቦታ ይረክብ 'ሎ። ብምኽንያት 'ውን ኣብዚ መዳይ 'ውን ነፂርናን ፈሊናን ክንድግፍን ክንገጥምን ግድን ኣተግዝኾናሉ እዋን ኣለና።

### 4.1.3. ሃይማኖታዊ ፅንፈኝነትን ፖለቲካ ትግራይን

I. ምንቅስቓስ ሃይማኖታዊ ፅንፈኝነት ኣብዚ እዋን 'ዚ ኩላትና ካብ እንግምቶ ብላዕሊ ብዕሊን ብገፊሑ ድማ ብውሽጢ ውሽጢ ኣብ መድረኽ ፖለቲካ ትግራይ ዓብይ ቦታ እናሓዘ ይመፅእ 'ሎ። ዕንፈኛ ናይ ሃይማኖት ምንቅስቓስ ኣብ ኩሎም ናይ ሃይማኖት መዳይ ካብ ደገ ብኣዕራብ ሃገራትን ካብ ውሽጢ ድማ ብቲ ዘይሕጋዊ መንግስቲ ብዝተወደበ መንገዲ ዝምወል ንውር ተልእኾታትን ስልቲታን ተኹቲሉ ዝካየድ ዘሎ ዐረ ትግራይ ወፍሪ 'ዩ። ኣብ ክርስትና ኣብ ውሽጢ ኦርቶዶክስ ዘሎ ናይ ማሕበረ ቅዱሳን መሳርሒ ትምክሕቲ ምዃን ብሓደ ገፅ ኣብ መንጎ ፕሮቴስታትን ኦርቶደክስን ዘሎ ጎንፂ በቲ ካሊእ ገፅ እናተባለሐ ይኸይድ 'ሎ። ፕሮቲስታንት ኩነታት ተበሊዑ ክስፋሕፋሕ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቃስ ምስ ኦርቶደክስ ናብ ሓዱሽ ምትፍናንን ምትሕልላውን የሰጋግሮ 'ሎ። ተወሳኺ ናይ ህውከትን ዕግርግርን ዓቕሚ ኮይኑ ይወፅእ 'ሎ።

II. እቲ ዝዓበየ ሃይማኖታዊ ፅንፈኝነት ሕዚ ተጠናኺሩ ዝወፅእ ዘሎ ወሰን ናይ ሸዓ ምንቅስቓስ ከም ዘሎ ኮይኑ ብዝዓበየ ግን ብዋሃብያ ዝግለፅ ናይ ምስልምና ፅንፈኝነት 'ዩ። ናይ ዋሃብያ ምንቅስቓስ ዳርጋ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ምስ ሃገራዊ ናይ ዋሃብያ ምንቅስቓስ ካብዚሓሊፉ 'ውን ኣብ ደገ ነዚ ተልእኾ ብስም ገባሪ ሰናይ ዝተወደቡ ዕንፈኛታትን ተዋዲዱ ኣብ ዝሓለፈ 4[ተ]5[ተ] ዓመት ተዳኺሙ ዝነበረ ምንቅስቓስ ሕዚ ከም ብሓዱሽ የንሳዕርር 'ሎ። ኣብ ትግራይ ዘለው ካብ ኣ/ኣበባ፣ ኦሮሚያን ወሎ'ን ተመዲቦም ዝተዋፈሩ ሓቢሮም ብጉጅለ እናተንቀሳቀሱ ገፊሕ ኣስተምህሮ ኣብ መሳጊድ ምሩፃትእናመልመሉ ድማ ስልጠናታት ኣብ ውሽጥን ደገን ንመናእሰይን ህፃውንቲን ይህቡ ኣለዉ። ካብ ኣስተምህሮ ሃይማኖት ወጊኦም ህዝቢ ሞስሊም 'ዚ ኹሉ ተቓሊሱ ኣይተረብሐን ኣብ ሸሙት የለ፤

ሓልየን ዓቕምታተን ብምጥንኻር ንውድብን መንግስትን ብብቕዓትን ድፍረትን ኣጀንዳ ህዝቢ ሒዞን ዝንቀሳቐሳ ኣብ ፅቡቕ ዝድግፉ ንቁሓትማሕበራትን ሲቪክ ማሕበራትን ክኾናን ካልኦት ብዙሓት ሓደሽቲ 'ውን ክፍጠራ ንውሕስነት ጉዕዞና ክንረባረበሉ ዝግባእ መዳይ ናይ ቃልሲ 'ዩ። ኣብዚ መዳይ ዘሎ ዓበይቲ ጉድለታት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝተገምገመን ሕዚ 'ውን ብመሰረቱ ዘይተፈትሐን ቅድሚ ሕዚ ዘቐመጥናዮም መፍትሕታት ነኺስና ሒዝና ንጡፋት ተዋሳእቲ ክኾና ክንረባረብ ዘለና 'ዩ።

III. ምስ ዓበይቲ ፀገማቱ ይዕበ ይንኣስ ኣብ ናይ ህዝቢ ኣጀንዳ ዝሰርሓ ሓፋሽ ማሕበራትን ስቪክ ማሕበራትን ከም ዘለዋ ኹሉ ኣብዚ እዋን ኣብ ኩነታት መኸተ ፖለቲካን ዴሞክራታይዜሽንን ትግራይ ኣብ ምዝራግን መሳርሒ ናይ ድሑራት ሓይልታትን ዝኾና ሲቪክ ማሕበራት 'ውን ይበራኸታ ኣለዋ። ብሹም ሲቪክ ማሕበርን ምግባረ ሰናይን ከምኡ 'ውን ፎሮማትን ደጋዊ ሽፋን ኣትሒዞም ዕላማታቶምን ተግባሮምን ግን ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ዝወቕዑ፤ ብፍላይ ውድብናን ኣመራርሕኡን ቅቡልነት ክስእን ብኹሉ መሳርሒታትን ኣጋጣሚታትን እናተጠቐሙ ዝረባረቡ ማሕበራት ኢና በሃልቲ ይበራኸቱ ኣለው።

ሲቪክ ማሕበር ኢና ምግባረ ሰናይ ኢና እናበሉ ናይ ፖለቲካ ፓርቲ ስራሕቲ ዘካይዱ ኣብ ፖለቲካ ናኣተው ዝሕምዝቑ ክልቲኡ መንነት እናዛነቑ መንታ መንነት ዘለዎም ብኹሉ ገፅ ንውድብናን መስመርናን ዘቆናፅቡ፤ መኸተና ዝፈታተኑ፣ ብዝተወደበን ብተናፀልን ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ኣጀንዳ ቀሪፆም ዝረባረቡ ብርክት ዝበሉ 'ዮም። ኣብ'ዚ ተግባር ዝተዋፈሩ እቶም ገሊኦም ቀጥተኛ ተመወልትን ተኣዘዝትን ዘይተወደቡ ክራይ ኣከብቲ ሓይልታት ገሊኦም ናይ'ቶም ባንዳ ውድባት ተለኣኣኽቲ ኮይኖም ዘገልግሉን ፖለቲካ ትግራይ ናብ ናይ ገንዘብ ሸቀጥ ዕዳጋ ዘውርዱ ዘለው ክይዶም ክይዶም 'ውን ናይ ዓመፅ መሳርሒ ዝኾኑን ገሊኦም ድማ ነቲ ኣወዳድባ ሲቪክ ማሕበር ከም መባእታዊ ቅድመ ፓርቲ መዳለዊ ጌሮም ህወሓት ንምውቃዕ ዝለማመድሉ መድረኽ ጌሮም 'ውን ዝጥቀምሉ 'ዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ኣብዚ እዋን ብዝተፈለየ ትኹረት ዓለም ለኸ፣ ከባቢያዊን ሃገራዊን ኣወዳድባ ዘለዎም ትካላት፣ ስቪክ ማሕበራትን መማኸርትን ኢና ባሃልቲ ኣብ ትግራይ ንዘለዋ ሲቪክ ማሕበራት ብምሓዝ መሰረት ቀለም ወያነ ብምንፃፍ መኸተና ከዕንቅፍን ስርዓት ከፍረሱን መእተዊ በሪ ወሲዶም ምትእስሳር ጀሚሮም ኣለው። ብሚሊዮናት ገንዘብ መዲቦም ንብዙሓት ሲቪክ ማሕበራት ምርካብን ስልጠናታት ምሃብን ጀሚሮም ኣለው።

ብጉልባብ ምጥንኻር ሰብኣዊ መሰላት፣ ኣድቮኮሲን መሰላት መረዛን ብትሕዝትኡ ግን ፖለቲካ ዜግነት፣ ብዕሊ ድማ ሃገራዊ ለውጢ ንትግራይ ይጠቅም 'ዩ ብዝብል ዘይሕጋዊ ፅግዕተኛ ሓይሊ ቁቡልነት ክረክብ ኣብ ሃገር ብፍላይ በቲ መንእሰይ ተቐባልነት ከምዝረኽበ፣ ኣብ ትግራይ 'ውን ተቐባልነት ከምዘለዎን እዚ ከምዘረጋገፁን ኣጀንዳ ጌሮም ዘሎ ዕድልን ፈተናን ይምርምሩ ኣለው።

ብሰሊ እናወፅኡ ብዝዓበ ግን ውሽጢ ውሽጢ ናይ ምስፋሕ ክይዲ ብቢተሰብ፣ ብዕርክነት፣ ብምብሳፅ፣ ብምስታይን ገንዘብ ብምብታንን ክባቢነት ከም ቲልፊ መእተዊ በሪ ብምጥቃም ንምትእኽኻብ ይፍትኑ ኣለው። ናይ ስብከት ኣንፈቶም ብልፅግና ዓበይቲ ናይ መሰረተ ልምዓት ሓቶታት ከምዝምልሱ ንኣብነት ከም'ዚ ናይ ዓዲግራት ኤርፖርትን ካልኦትን ብዝለዓለ ግን መራሒቲ ህወሓት ንትግራይ ካብ ሃገር ነጊሎም የጥፍእዎ ኣለው በጀት ከቲረፅ'ዩ ሕዚ ህወሓት ናብ ንእሽተይ ተቓዋሚ ውድብ ወሪዱ'ዩ ናብ ብልፅግና እንተዘይኣቲኹም ህዝቢ ትግራይ ክዳኸም'ዩ ንሳቶም ንባዕላቶም ኣመቻችዮም 'ዮም ብዝብል ንህወሓት ክንፁሉን ንሳቶም ሓይሊ ከተኣኻኽቡን ብደፋረት ይሰርሑ ኣለው።

VIII. ብልፅግና ብቐጥታ ፍሉይ ትኹረት ኣብ ዝሃበሉ ከባቢታት ባዕሉ እንትንተሳቐሶ ዝቶረፉ ከባቢታት ድማ በቶም ባንዳ፡-ት ኣቢሉ ሽፋን ብምሃብ ዳርጋ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ከዝርጋሕ ይፍትን'ሎ። ዓረና ንኸባቢ ተምቤን ብዝተወሰነ'ውን ደቡብ ትግራይ፣ ትዴፓ ማእኸላይን ሰሜን ምዕራብን፣ ከምኡ'ውን ራዴፓን ዓሲምባን ራያን ኢሮብን ተመቓቒሎም ናይ ባንዳ ግምባር ፈጢሮም ክሰርሑ ይፍትኑ ኣለው። ብኣጠቓላሊ ህዝቢ ትግራይ ነዞም ጉልሓይ ዝኾኑ ሓይልታት ዘይቕበል'ኳ እንተኾነ ኣንፃር'ዚኦቶም ካብ ዝግበር ጠንካራ ቃልሰን ምቅላዕን ወፃኢ ግን ኩሉሻዕ ውሕስ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ሕልሞም ድማ ኣጠናኺርካ ምቕፃልን ትግራይ ምትርማስን'ዩ። ናይ መፈለምታ ጉዕዞኦም ኣብ ዝገምገምሉ እዋን'ውን ካይድፈር ዝመስል ዝነበረ መእተዊ ዘየለ ዝመስሎና ዝነበረ ትግራይ ኣቲና ኢና። እቲ ናይ ሙከራ ግዜ 'ውን ደጊም ሓሊፍናዮ ኢና ዝብል ድፍረትን ምልዕዓልን'ዩ ፈጢርሎም ዘሎ። ሕዚ ህዝቢ ትግራይ ሃለዋቱን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ኣብ ዝገብሮ መኸተ ከም ዕሸክ ጎኖች ምሕላፍ ዝኸልእዎ 'ዞም ባንዳታት 'ዮም። ብምኳኑ 'ውን ውድብናን ህዝቢ ትግራይን ውዱብ፣ ትሉምን ብሱልን ጠንካራ ሓዱሽ ሀረ-ባንዳ ቃልሲ ብምውላዕ ጥራይ ዝባኖም ናይ ምውፃእ ወፍሪ ሐዚ ብህፁፅ ክእቶ ዘለዎ'ዩ።

### 4.1.2. ሲቪክ ማሕበራትን ፖለቲካ ትግራይን

I. ዝተጠናኸረ፣ ኣብ ጭቡጥ ተልእኾን ዕላማን ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ማእኸል ጌረን ዝነጥፋ ብቑዕሪ 'ውን በዙሓት ሲቪክ ማሕበራት ምህላው ሕገ-መንግስታዊ ናይ ምውዳብ መሰል ምርግጋፅ ጥራሕ እንተይኮነ ንመኸተን ንጉዕዞ ዴሞክራታይዜሽን ትግራይ ኢሉ'ውን ንብቕዓት፣ ጥንካረን ዕሬትን ውድብና ንዓወት ተልእኽኡን ዕላማን ውድብና መሰረታዊ ኣድላይነት ዘለዎ ናይ ቃልሲ መድረኽ 'የን። ስለዝኾነ ንሃለዋትን ምጥንኻርን ሲቪክ ማሕበራትን ምግባረ ሰናይን ውድብናን መንግስትናን ብፍሉይ ትኹረትን ድጋፍን ክሰርሕ ዘለዎ'ዩ። በዚ መሰረት 'ውን ኣብ ትግራይ ካብ'ተን ዝፀንሓ ፍሉጣት ናይ ሓፋሽ ማሕበራት ወፃኢ ብዝተፈላለየ ዕላማን ተልእኾታትን በዙሓት ሲቪክ ማሕበራትን ምግባረ ሰናያትን ተጣይሸን ኣብ ስራሕ ኣለዋ።

II. ምስ ዓበይቲ ፀገማቱን ድኽመታቱን መሰረታዊ ናይ ፖለቲካን ምምሕያሽ መነባብሮን ተልእኾታት ሒዘን ዝሰርሓ በዙሕ ህዝቢ ዝሓቐፋ ናይ ሓፋሽ ማሕበራትን ዲሒረን ዝተጣየሻ ብርከት ዝበላ ሲቪክ ማሕበራትን ኣብ ጉዕዞ ዴሞክራታይዜሽን ትግራይ ተሪእን እናተፃወታ 'የን። እዘን ማሕበራት ነፃነተን

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብሓደ ገፅ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓትን ሕብረ-ብሄራዊ ፌደራሊዝምን ብምፍራስ ዓርሰ ምምሕዳር ትግራይ ንምጥፋእ ዝተሃንደደ ሓይሊ ብልፅግና ይቃወም እየ ኢሉ ዝኸዶ ምንቅስቓስ ኣሎ። በዚ እምነትን ተግባርን ሓይሊ መኸተ ጌርካ ክውሰድ ዘለዎ እዩ። በቲ ኻልእ ገፅ ግን እዚ ሓይሊ ብጣዕሚ ዐቢብ ኣብ ሙሉእ ናይ ከባቢያዊነት ሓውር ተሸሚሙ ምልመላ ኣባላቱ'ኳ ወርዒ መለሽ ኢሉ ዝኸለለ ብውሽጡ ዐቢብ ረብሕኡ ንምምላእ ሓርጓፍን ዕግዐተኛን ናይ ስልጣን ሕልሚ ዘለዎ፤ ኣብ ህወሓት ፍፁም ዕልኢት ዘለዎ ህወሓት ካብ ስሩ ክንቀል ኣለዎ ዝብል መርገፂ ጥራሕ እንተይኮነስ ብዝረኸቦ ኣጋጣሚ ኩሉ ብተግባር ዝቃለስ ዘሎ ውድብ እዩ።

ብምኳኑ እውን ብሓደ ገፅ ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝተሰለፍኩ እየ እናበለ፣ በቲ ኻልእ ገፅ ድማ ነቲ ብመሪሕ ፓርትነትን ገዛኢ ፓርትን ኮይኑ መኸተ ዝመርሕ ዘሎ ህወሓት ከጥፍእ ላሕ ዝብልን ብውድባዊ ጉዕዝኡ መኸተ ዘምክንን ኣብ መኸተ ኣለኹ ናበለ ቦታን ተቐባልነትን እናረኸበ ህወሓት ንምውቃዕ ሰረቱ ከደልድልን ህወሓት ምስ ዝወኽዑ ሓይልታት ውዕይ ኣጋር ዝኾነን ኣብ ክልተ ዓንኬል ከከም ኩነታቱ ሓደ ግዜ ናብ'ቲ ካልእ ግዜ ናብ'ቲ ናበለ ዘዋቕዕ ቁልፌ መደናገሪ ዝተወደበ ተዋላዋሊ ሓይሊ ናይ'ዚ ስልታዊ መድረኽ እዩ። ናይዚ ሓይሊ 'ዚ ናይ መኸተ እጃሙ ንምጉልባት ኣንፈት መጥቃዕቲ ፕሮፖጋንዳ'ን ምብርባርናን ነዚ ውድብ 'ዚ ብምቅላዕን ብምንፃልን ክሓልፍ ዘለዎ እዩ። ብኣጠቓላሊ ግን እቶም ሰለስተ ውድባት ነቲ ውስንነቶም እናተቓለስና ኣብ'ዚ ስልታዊ ናይ መኸተ መድረኽ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ርክብን ቃልስን ሒዝና ከም ዓቕሚታት መኸተ ክንወስዶም ዘለና ይኸውን።

VII. ካብ'ዚ ወፃኢ ዘለው ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኩሎም ውድባት ብዓስብነት ዝተሰለፉ ደቂ ብሄር ትግራይ ኮይኖም ነቲ ብሄር ከጥፍኡ ብባንዳነት ዝተሰለፉ ናይ ጥፍኣት ሓይልታት እዮም። ሓለቓ ናይዞም ባንዳታት ዝኾነ ብልፅግና ኣብ ትግራይ ጨንፈር ከፊቱ ብዘይሕንከት ኣብ መገዛእ ሉኣላዊ ዓርሰ ምምሕዳርና ህወሓት ተቓዋሚ ውድብ እዩ። ኣነ እየ ገዛኢ ፓርቲ ኢሉ ኣዊጁ ብዝኾነ ተኣምር ትግራይ ናብ ህውከትን ዕግርግርን ንምእታው ባንዳታት ወዲቡ ምንቅስቓስ ጀሚሩ ኣሎ።

ጨንፈር ትግራይ ብልፅግና ምስ ሃገራዊ መሓውሩ ተኣሳሲሩ ካብ ጎንደር ንምዕራብ ዝርኢ ክሳብ ፓርቲ ምምስራት፤ ካብ ቆቦ እውን ንደቡብ ትግራይ ኣታኣሳሲሩ፤ መቐለ ማእኸል ጌሩ ድማ ንምብራቕ ትግራይን ደቡብን ሒዙ ቁልጡፍ ናይ ሓይሊ ሰብ ምልመላን እግሪ ምትካል ስራሕትን የካይድ ኣሎ። ኣብ ምልመልኡ ናይ ቅሬታን ድሕረትን ብፍላይ ድማ ከባቢያዊ ድሕረት ማእኸል ገይሩ ኣብ መናእሰይ፣ ቅሬታ ዘለዎም ነባር ዓቕምታት፣ ኣብ ሃይማኖት መራሕቲ ብፍላይ ፕሮቴስታንትን ማህበረ ቅዱሳንን፤ ዐሓዮም ዝበረቐሎም ክራይ ኣከብቲ ሰብ ሃብቲ፤ ባንዳታት ሙሁራት ብፍላይ ኣብ ዩኒቨርሲታት ከምኡ እውን ማሕበራት ናይ ኩዕሶ እግሪ ደገፍቲ ውዳበታት---ወዘተ ኣትኩሩ ይሰርሕ ኣሎ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ኣብ ውሽጥና 'ውን በለፅ፣ ፍርሕን ክድዓትን ዝዓብለሎም ገለ ኣመራርሓን ኣባላትን ከጨዊ ይፍትን ኣሎ። ብልፅግና ሕዚ ዝኸተሎ ዘሎ ስልቲ ናይ ምልመላ ውሑዳት ዝደልፉ

መንግስታዊ ስርዓት ኣኽቢሮም ብሰላም ንሳብ ዝተንቀሳቐሱ መሰሎም ሕልው ኮይኑ ስትራተጂያዊ ኣሰላልፍኦም ግን ብዘይ ጥርጥር ኩሎም ክራይ ኣከብቲ (ዕግዕተኛ) ውድባት 'ዮም። ኣብ ዘለናዮ ክራይ ኣካቢ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚ ንስግግር ልምዓታዊነትን ዴሞክራሲያዊነትን ንዕኡን ሰላዊን መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ጨቢጥካ ካብ ምግጣም ወፃኢ ኣማራፂ የለን። ካብ'ዚ ወፃኢ ዘሎ ኣማራፂ ኹሉ ናይ ዕግዕተኛነት ኣማራፂ ኢዩ። ኣብ መንጎ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲን ዕግዕተኛ መስመርን ካሊእ መፃወቲ ሜዳ የለን። ገሊኦም ብቓል ዝገልፅዎ፣ ኣብ ናይ ገሊኦም ድማ ፕሮግራምና ኣብ ጭቡጥ ዝብልዎ ዘቐመጥዎ መራሒ ስነ-ሓሳቦ ዝብልዎ ሶሻል-ዴሞክራሲ እዩ። 'ዚ ኣማራፂ ኣብ ጭቡጥ ኩነታት ትግራይ ብፍፅም ዘይሰርሕን ብወድንዉነቱ ኣማራፂ ዕግዕተኝነትን እዩ። ብምኳኑ እውን ስትራተጂያዊ ሰልፊ ናይ'ዞም ውድባት ዕግዕተኛታትን ዐረ-መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲን እዮም።

VI. መሰረታዊ ስትራተጂያዊ ኣሰላልፈኦም ከምዘሎ ኮይኑ ግን ኣብ'ዚ ጭቡጥ ናይ መኸተ ስልታዊ መድረኽ ኣሰላልፋ እዞም ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኣብ ክልተ መቒልካ ዝረአ 'ዩ። ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝካየድ መኸተ ሓይሊ መኸተ ዝኾኑን፤ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ናይ ዕሱብነት፣ ክሕደትን ባንዳነትን እጃም ዝተሰለፉን ውድባት 'ዮም። በዚ መሰረት ባይቶና፣ ውናትን ሳልሳይ ወያነ ትግራይን ኣብ መኸተ ምርግጋፅ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምስ ውስንነቶም ዝተሰለፉ ውድባት እዮም። ባይቶና ክሳብ ሕዚ ብዘሎ ትዕዝብቲ ንህወሓት ከም መሪሕ ፓርትን መራሒ መኸተን ብምቕባል ናይቲ ዘየዕገብናዮ መንእሰይ መንፈስ ብምስላብ፣ ዘይተፈትሑ ዐገማትን ድሕረታትን ብምጥቃም፤ እንታይነቱ ብዘየገድስ ኣማራፂ ፖርቲ ምህላው ዕቡች እዩ ዝብል ሃዋህውን ብምኽንያት ዘይርኢ ናይ ዕሰለ ክፋል ሓዱሽ ትውልድን ዝምቱ ስልቲ ብምኽታልI ከምኡ እውን ወዲ ገዛ ናይ ህወሓት መሲሎም ክራእዩ ብምግባር መሻርፍ ክማቸሉን መሰረት ክረኽቡን ዝጓየዩ ዘለው ኮይኖም ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝካየድ መኸተ ግን ብዝሓሸ ዝሰለፍ ውድብ ጌርካ ክረአ ዝኽእል እዩ።

ውናት ብዝብል ዝፍጠር ዘሎ ውዳብ ናይ ውልቆ ኣባላቱ እትው ውዕእ ንግዚኡ ገዲፍና ከም ሓይሊ ህወሓት ኣብ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ከም መሪሕ ናይ መኸተ ሓይሊ ይቕበል 'የ ዕላማ ማዕርነታዊ ሓድነት ግን ኣይቕበልን ሕዚ ብሕታዊ ዕላማን መፍትሕን ንትግራይ ምንፃልን ሃገር ምግባርን 'ዩ ብምኻኑ'ውን ነዚ ዕድል ንምኽላእ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ኣፍሪሱ ዓርሰ ምምሕድዳር ትግራይ ከጥፍእ ዝተላዕለ ኣሃዳዊ፣ ዕሱብን ሸያጢ ዓዲን ብልዕግና ክምክት እየ ኢሉ ዝተኣኻኸብ ዘሎ ሓይሊ ምኻኑ ዕዙዝ ሓበሬታ ኣሎ። ውናት ፀቢብን ዕግዕተኛን ረብሓ ዘናድዩ ሰብ ሃብቲን ሙሁራትን ኣኽቲሉ ባዕቲ ፀቢብ ብሂረተኝነት ብምግፋሕን ብምምዝማዝን ብፍላይ ኣብ መናእሰያትን ሙሁራትን ገፊሕ ቦታን ተቐባልነትን ብምርካብ ኣብ ውድብና ዓብይ ተዕዕኖ ክፈጥር ምርብራብ ጀሚሩ ዘሎ ፀቢብ ሓይሊ ኢዩ። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ግን ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ርብርብ ሓደ ዓቕሚ መኸተ ተገይሩ ክውሰድ ዝኽእል 'ዩ።

### 4.1.5. እዞም ሓይልታት ዝነጥፉሉ ዘለው ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት

I. ኣሰላልፋ ናይቶም ሓይልታት የሰነምዎ ኣብ ዘለዎ ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት 'ውን ዝመሳሰልን ዝተሓዋወሰን 'ኳ, እንተኾነ ነፍሲ ወከፎም ኣጀንዳታቶም 'ውን ዝተፈላለየ 'ዩ። ቃልሶም 'ውን ካ. ዝተረደአ ከኸውን ይግባእ።

II. ሰልፊ ባንዳታት፣ ክራይ ኣከብትን ሰበራትን ቀመኛታትን ከም'ኡ'ውን ሳልሳይ ወያነ ትግራይኣዊ ሰክ (ኣብ'ቲ ዋና ናይ መጥቃዕቲ ኣጀንዳ ቁልፊ ተዋሳኣይ ስለዝኾነ) እቲ ቁልፊ ዝዘምትሉ ዘለው መጻይ መኸተ ዝመርሕ ዘሎ ውድብናን መንግስትናን ናይ ምውቃዕ ምድኻምን ምፍርራስን ብኹሉ ሸነኽ ዝተዋደደ ናይ መጥቃዕቲ ኣጀንዳ 'ዩ። 'ዚ ዝተዋደደ መጥቃዕቲ ታክቲካል 'ውን ስትራተጂካል ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ዘሎ'ዩ። እዚ ውድብናን መንግስትናን ናይ ምጥቃዕ ኣጀንዳ ብ4ን 5ን መልክዓት ዝወፍር ዘሎ 'ዩ።

ኮነ ኢልካ መኸተ ምዕንቃፍን ክብርታት ህወሓት ምብዕባዕን እቲ ሓደ ብስፍሓት ዝሰራሓሉ ዘሎ ኣጀንዳ 'ዩ። ናይ መኸተ ኣጀንዳ ህወሓት ህዝቢ ትግራይ ከም ዝተኸበበ ኣምሲሉ ፈጢሩ ንተቐባልነቱ ኢሉ ዘምበድብዶ ዘሎ 'ዩ። ሃዋ እንተብለ ብፍርቂ ብድርድር ዝውዳእ እናግለወ ዝኣረገ ዝበሰበሰ ውድብ ይኾመቱ ብናይ መኸተ ኣጀንዳ ንምሽፋን 'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ ኢሎም ይዘምቱ ኣለው። ክብርን ውርሻን ውድብናን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ናይ ምውቃዕ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ 'ቲ ካሊእ ምስኡ ነጥቢ ተኣሳሲሩ ዝሰራሓሉ ዘሎ 'ዩ። ሓይሊ ምድሕርሓር ሃገራዊ ሓይሊ 27 ዓመታት ፀልማት 'ዩ ኔሩ ኢሉ ክብርታት ኢህወደግ ከም ዝወቕዐ ኹሉ ኣብ ትግራይ 'ውን ህዝቢ ትግራይ 27 ዓመታት ኣይተረብሐን፤ ትግራይ እንታይ ረኺባ 'ያ። ንሸዋ እዮም ሰሪሖም መሪሕነት ህወሓት ስትራተጂያዊ ስሕተት ፈፂሙ 'ዩ ናይ ትግራይ ብሄረተኛነት ኣየጎልበተን ኣይተሓለቐን። ህወሓት ናይ ሓሳብ ውድብ ኣይኮነን ጉጅላዊ ምትእስሳርን ርክብን ዘለዎ ናይ ውለዳት ሰባት ናይ ሓደ ኸባቢ ናይ ስልጣን ኔትዎርክ 'ዩ---ወዘተ ብዝብል ሊጋሲ ናይ ምኽርኻር ወፍሪ ብገፊሑ ይኸይድ ኣሎ።

ንመሪሕነት ህወሓት ክፋፊልካ ናይ ምውቃዕ እቲ ካሊእ ሓደገኛ ካልኣይ ኣጀንዳ 'ዩ። 'ዚ ህወሓት ናይ ምፍራስ ስትራተጂ ቁልፊ ስልቲ ኮይኑ ዝሰገም ዘሎ ኣጀንዳ 'ዩ። ኣብ'ዚ ኣጀንዳ ሓደ ብስፍሓት ዝኸይዶ ዘለው ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ህወሓት ናይ ለውጢን ፀረ ለውጢን ሓይሊ ኮይኑ ከም ዝተኸፋፈለ፤ ገሊኦ ናይ ሸዋ ሓይሊ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ክገብር ዝቃለስ ፀረ ለውጢ፤ ገሊኡ ክፉል ትግራይ ሃገር ክገብር ዝቃለስ ናይ ለውጢ ሓይሊ ገሊኡ ምስ ግዜ ዝኸይድ ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ዘውነ ናይ መድረኽ ናይ ለውጢ፤ ገሊኡ ዝገበርካ እንተገበርካ ዘይልወጥ ገሊኡ ዝሰርሕ ዘሰርሕ፤ ገሊኡ ዘይሰርሕ ዘየሰርሕ መዕንቀፋይ፤ ገሊኡ ኣብቲ ሃገራዊ ፖለቲካ ጠንካራ መርገፂ ዘለዎ ገሊኡ ዘሳሰለ ካብዚ ሓሊፉ ናይ መንግስቲ እንባ፤ ናይ ውድብ እንባ ---ወዘተ ፍረጃታት እናተገበረ ብዝተፈላለየ መንገዲ ብሰሩዕ፤ ብዘይሰሩዕ ብማሕበራዊ ሚድያ በቢግዚኡ ብዘይምስልቻው ኣጀንዳ እናቐረፁ ሓቂ ብዝመስል ዝረባረብሉ ዘለው ኣጀንዳ 'ዩ።

መንግስትን ውድብን ይፈላለ ዝብል ናይ ጥፍኣት ኣጀንዳ እቲ ሳልሳይ ኣጀንዳ 'ዩ። 'ዚ ኣጀንዳ በዞም ሓይሊታት ብስፍሓት ዝለዓል ኮይኑ ኳሓሎ መሲለን መንቆሮ ከም ዝበሃል ብሓልዮት ዝተጎልበበ ናይ ውድብ ዝለዓለሉ ቅኒት ብምዝባዕ ኣብ ጉልባብ 'ቲ ናይ ውድብ ኣጀንዳ ኣትዩ ናይ ጥፍኣት ዕላምኡ ዘሰጉም ዘሎ ምኻኑ 'ዩ። ንሕና መንግስትን ውድብን ትካላዊ ስርዓት ሓልዮም ይኺዱ እንትንብል ናይ ውድብ ፖለቲካዊ መሓውር ካብ ዋና ተልእኾኡ ወጻኡ ተደራቢ ናይ መንግስቲ ቢሮክራሲያዊ መሓውር ኮይኑ ብዘይ ውፅኢት ከይሕምዙቕ፤ ብቲ ካሊእ ገፅ ድማ ኣመራርሓ መንግስቲ ፖለቲካዊ ስራሕ ነቲ ፖለቲካዊ መሓውር ገዲፉ ቢሮክራሲ ኮይኑ ክልተ ዘይስርሕ ቢሮክራሲ ውድብ 'ውን መንግስቲ 'ውን ዘይኮነ ከይፍጠር፤ ካልኣይ ድማ ናይ ሃፍትን ትካላዊ ህንፀትን ብዘለዎ ፋይዳን መራሒ ናይ'ቲ ሕ/ሰባዊ ለውጢ 'ውን ውድብና ምኻኑ ኣስሚርና ኢና።

ይኹን 'ምበር ካብዚ ብዝተፈለየ ዝሓለዩ መሲሎም መንግስትን ውድብን ብዘይምፍላዮም ነገር ይባላሾ ኣሎ መኸተ ይዕንቀፍ 'ሎ ሕዚ መንግስቲ 'ዩ ክጥንክር ዘለዎ መኸተ ናይ መንግስቲ 'ዩ ስለ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ሪፎርም 'ዩ ክጥንክር ዘለዎ፤ ውድብ ካብ'ዚታት ክገልስ ኣለዎ ናይ መንግስቲ ኣመራርሓ 'ውን ክምድብ የብሉን። ታሕተዎት መሓውራት ድማ ነቲ ህዝቢ ይዋሃቦ ናይ ውድብ ሰባት፣ ኣመራርሓ፣ ክቕርቡ የብሎምን---ወዘተ ዝብል ኣጀንዳ ቀሪዖም ንውሽጥና 'ውን ከይተረፈ ብድፍረት ዝቐርብሉ ኩነታት እናተርኣየ 'ዩ። 'ዞም ሓይሊታት ንውድብ ዐሊኦም ንመንግስቲ ፈትዮም እንተይኮነ፤ በዚ ኣጀንዳ መራሒ ፓርቲ ውድብ ህወሓት ወቒዖም ትርጉም ዘይብሉ መንግስቲ ብምፍጣር ንኹሉ ሸባ ብምግባር ጉዕዞ ልምዓታዊ ዴሞክራሲ፤ ጉዕዞ ናይ ሕዚ መኸተ ብጥበብ ናይ ምዕንቃፍ ዐረ ህዝብን ትግራይን ኣጀንዳ ምኻኑ 'ዩ።

ኩሎም ኣጀንዳታት ኣተኣሳሲሮም ናይ ቀለም ወያነ ምክያድ 'ቲ ካሊእ ዝህቀን ዘሎ ራብዓይ ኣጀንዳ 'ዩ። ሕዚ ኣብ ትግራይ ኣብ ብዙሕ ሸነኽ ብፍላይ ከባቢነት ማእኸሉ ዝገበረ ብዝተፈላለዩ ኣጀንዳታት ተዓጂቡ ናይ ቀለም ወያነ ንምስዋር ዝዕልሙ ሓይሊታት ይበራኸቱ ኣለው። ብኽፉል ድማ ቀለም ወያነ ተጀሚሩ 'ዩ። ቁልፊ መተሓባበሪ ናይ'ዚ ብልፅግናን ጉጅለ ኢሳያስን ተኣሳሲሮም ከምኡ እውን ብዝተፈላለዩ ጉጅላዊን ውልቃዊን ረብሓታት ከማልኡ ዝዓለሙ ሒዙ ውሽጢ ውሽጢ ክዕምፁ ህውከት ክለዓል ዐለውቲ መናእሰይ እናመልመሉ መርበባት ንምፍጣር ይፍትኑ ኣለው። መንእሰይ ንኽድመፅ ክዕምፅ ኣለዎ፤ ህወሓት እንተዓሚፅካ 'ያ ትድንግፅን ትፈርሕን፤ እናተዓፈንካ ካብ ምንባር ዝጠፍእ ይጥፋእ ዓመፅ ክህሉ ኣለዎ ኣብ ስራሕ ዘየለ መንእሰይ ንዓመፅ ክለዓል ዝኽእል 'ዩ እናበሉ ከደፋፍርዎ ይፍትኑ ኣለው። 'ቲ ናይ ሕዚ ትውልዲ መንእሰይ ካብ ህወሓት ምንፃል ዝካኣል ብምንም መንገዲ ናብ ህውከትን ዕግርግርን ብምእታው 'ዩ ብዝብል ብፍላይ ከባቢታት ነፂሮም ንምትእኽኻብ ይፍትኑ ኣለው። ብኣጠቓላሊ ካብ ብልፅግናን መሻርኽቱ ባንዳታትን፤ ካብ ዕንፈኛ ሃይማኖታዊ ምንቅስቃስ፣ ካብ ዕግዕተኛታት ሰብ ሃብትን ሰብ ቅሬታን ብዓብይኡ ድማ ሕዚ ተፈጢሩ ብዘሎ ክቢድ ፖለቲካዊ ምክራርን ጎንፅን ካብ ውሽጥን ደገን ብምውዳድ ትግራይ ማእኸል ናይ ቀለም ወያነ

ንምግባር ፈንቅል ዝብል ውዳበን ፕሮጀክትን ቀሪፆም ኣብ ትግራይ ሀውከትን ዕግርግርን ናይ ምፍጣር ሕልሚን ድሌትን ዓብይ ኣጀንዳ ሒዞም ይንቀሳቀሱ ኣለው። ነዚ ዝተረደአ ኩሉ መዳይን ዝተዋደደን ናይ ምምካን ቃልሲ ሕዚ ኣብ ትግራይ ብፍሉይ ክረአ ዘለዎ 'ዩ።

እቲ ሓምሻይን ብሰፊሑ ዝኸድዎ ዘለውን ቁቡልነት መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ናይ ምሽርሻር ኣጀንዳ 'ዩ። ፕሮግራም ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ብሃገር ደረጃ ተወቒዑ 'ሎ። ኣብ ትግራይ 'ውን ግን እዚ ፕሮግራም በዞም ሓይሊታት ይፍተን 'ሎ 'ዩ። መስመርና ኣዕኒዕና ንመኸት ዝብል በዞም ሓይልታት ቡዙሕ ፈተና ገጢሞዎ 'ዩ። ልምዓታዊ ዴሞክራሲ (ወያናይ ዴሞክራሲ) ማርክሲዝም ሌኒንዝም'ዩ፤ ደርብታት ዝኸፋፍል'ዩ፤ ማለሊታዊ ኣተሓሳስባ 'ዩ ብዝብል ልክዕ ከምቲ ኣብ ሃገር ዕግዕተኛ ፀረ-ህዝቢ ብልፅግና ዝብሎ ኣጀንዳ ተላዒሉ ክውቃዕ ብድፍረት 'ዩ ዝሰራሕ ዘሎ። ወያናይ ዴሞክራሲ ህወሓት ፀጋማይ ኣተሓሳሰባ 'ዩ ኣብ ዘየለ ሓሳባዊ ናይ መደብ ቃልሲ ኣትዩ ንህዝቢ ትግራይ ከም ኩሉ ውፅእ ዝሪኦ 'ምበር ረብሓ ትግራይ ዝወገነ ኣይኮነን። ካብዚ እናተሸረፈ 'ውን ህወሓት ብሄራዊ ውድብ ኣይኮነን ናብ ሃገር ኣዘንቢሉ ረብሓ ትግራይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ንትግራይ ካብ ረብሓ ሸዋ ዝርኢ ሕዚ 'ውን ንዝኣረገን ዝወደቐን ምእኹልነት ከድሕን ዝሰርሕ ዘሎ 'ዩ። ህልውና ብሄር ብዘይ ሃገር ዋጋ የብሉን ወያናይ ዴሞክራሲ ሕሉፍ ሓልየት ንኢትዮጵያ 'ዩ። ግዚኡ ናይ ብሄራዊያን ሓርነታዊያን 'ዩ--ወዘተ ብዝብል 'ቲ መስመር ናይ ምውቃዕ ፈተና ይጋፋሕ እዩ ዘሎ። ብፍላይ እቶም ሰውራት ቂመኞታትን ፀበብትን ክራይ ኣከብትን ካብ'ዚ ናተብገሱ ሪፎርም የድሊ 'ዩ፤ ህወሓት ሪፎርም ክገብር ኣለዎ ዝብል ኣጀንዳታት ዘብላዕልዕ ሓይሊ ቀሊል ኣይኮነን።ኩሉ 'ዚ ኣጀንዳታት ተደሚሩ ኣብ ትግራይ ቀለም ወያነ ኣሳዊርካ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ናይ ምብርኻኽ ኣጀንዳታት እዮም።

III. ኣጀንዳ ባይቶናን ውድብ ናፅነት ትግራይን ብዝምልከት ብሓደ ገፅ ከም ናይ መኸተ ኣጋር ሓይሊታት ናይ ሓባር ኣጀንዳታት ኣለውና። ህወሓት ከም መራሒ ፓርትን መራሒ መኸተን ዓርሰ ምምሕድዳር ትግራይ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይምቕራብን ፀረ-ዴሞክራስን ዘይሕጋዊን ብልፅግና ብድፍረት ምምካትን ከምኡ'ውን ሊጋሲ ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ኣብ ምዕቃብን ምድጋፍን ኣረኣእዮኦም ኣብዚ ስልታዊ መድረኽ ንሓበራዊ መኸተ ዘተኣሳስረና ገመዳት 'ዮ። በቲ ኻልእ ገፅ ድማ ንመኸተና ኮነ ንስትራተጂያዊ ጉዕዞና ዝሸርሽሩ ኣጀንዳታት ቀሪፆም ዝረባረብሉ ኣብ 2ተ 3ተ ኣጀንዳታት ክጥመሩ ዝኽእሉ ነጥቢታት ኣለው።

ሓደ ብዝዓበየ ዝረባረበሉ ዘለው ኣጀንዳ ዐቢብ ኣጀንዳ ብሄረተኝነት ብምምዝማዝን ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኝነት ትግራይ ናይ ምሽርሻር ኣጀንዳ 'ዩ። እዚ ዝግለፀሉ ዘሎ መልክዓት በዚ ሕዚ ማዕርነታዊ ሓድነት ፈሺሉ ኢዩ ሕዚ ናብ ኢትዮጵያ ዘምልስ የብልናን፣ ማእኸል ዓዲ ካሕዳግት 'ዩም ምስ'ዚኦም ግዜ ኣይንጥፍእ ፌደራሊስት ሓይልታት ብሄር ብሄረሰብን ህዝብታትን ዝባሃል ኣይተሰምዑና ናይ ባዕልና ንግበር። ናይ መጀመርያን መወዳእታን ዕላማ ሃገር ምኻን 'ዩ፤ ዝተረፈ ኹሉ ድሕሪ ሃገር ምኻን ዝመፅእ 'ዩ። ሃገር ንምኻን ድማ እኹል ዓቕሚ ኣለና እከለ ዝባሃል ብሄር ብሄረሰብ ሃለወ ኣይሃለወ ጉዳይና ኣይኮነን ሕዚ እንተዘይወዒእና ኣብ ዕንክሊል ክንነብር ኢና ግዜ 'ዩ ዝጠፍእ ዘሎ

ብዝብል ኣብቲ መንእሰይን ሙሁርን ማእኸል ጌሮም ዐቢብ ብሄረተኝነት ጎሊሁ ክወፅእ ዝንቀሳቀሰሉ ዘለው ዓብይ ኣጀንዳ 'ዩ።

ሉስሉስ ውቅዒት ኣብ ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኝነት ውድብና እቲ ካልኣይ ኣጀንዳ 'ዩ። በዚ ዘጋፍሕዎ ዘለው ዐቢብ ብሄረተኝነት ኣቢሎም ቁቡልነት ህወሓት ኣብ ብሄራዊ ውድብነቱን ዝቃለሰሉ ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኝነት ናይ ምሽርሻር ኣጀንዳ ቀሪፆም ይሰርሑ ኣለው። ንሕና (ባይቶናን ውናት) ስልጣነ፣ ታሪኽ፣ ባህሊን ቋንቋን ኣጠቓላሊ መንነት ባህግን ጠለብን ህዝቢ ትግራይ ጠንኪሩ ክወፅእ ባዕሉ ፃገር ክኾን ከም ዋና ዕላማ ሒዝና ንቃለስ ኢና። ህወሓት ዋላ ብሄረተኛ እንተኾነ ታሪኽ፣ ቋንቋ ባህሊን መንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝጥቀመሉ ንመጠናኸሪ ስነሓሳቡ እዩ። ብሄረተኝነት ትግራይ ከም መስርሒ 'ምበር ንባዕሉ ከም ዕላማ ኣይወሰደን። ብመትከል ካብ ዝሓየ ኣድማሳዊ መስል ንኹሉ ካብ ዝብል ዝነትል'ምበር ካብ ናይ ትግራይ ብሄረተኝነትዝብገስ ኣይኮነን። ንሕና ነዚ ሃጓፍ 'ዚ ክንምልእ ኢና ተፈጢርና ብዝብል ብዐቢብ ብሄረተኝነት ኣጀንዳ ህወሓት ክንዐሉ፣ ከዳኽም ዝረባረበሉ ዘለው ኣጀንዳ 'ዩ።

ሉስሉሱን መዘናግዕን ውቅዒት ኣብ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ እቲ ሳልሳይ ዝስጉም ዘሎ ዐቢብ ኣጀንዳ 'ዩ። ኣብዚ ኣጀንዳ መደናገሪ ብዝኾነ መንገዲ ካብ ዝሰርሕሉ ዘሎው ሓደ ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ልምዓት ዘረጋግፅ 'ዩ ኣረጋጊፁ 'ውን 'ዩ። ናይ ዴሞክራሲ ጉዳይ ኣብ ትግራይ ኳ ንቱሕ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ ብዘየግድስ ጠንካራ ልምዓታዊ መንግስቲ ግን የድሊ 'ዩ እንተኾነ ግን ህወሓት ነቲ መስመር ክቸዕሎ ኣይኽእልን ደኺሙ'ዩ ህወሓት ከም ኩሉ ፍጡር ተወሊዱ፣ ዓብዩ፣ ኣረጉ 'ዩ። ብሓዱሽ ኣወዳድባ፣ ሓይሊ ሰብን ሓዱሽ ኖቕሚን መንፈስን ክትካእ ኣለዎ። ነዚ ሃጓፍ ክንምልእ ዝመፃእና ኢና ብዝብል ይንቀሳቀሱ ኣለው።

ካልኣይ ኣብ ሕ/ሰብ ትግራይ ስነ-ሓሳብ(መስመር) ዝብል ኣየድሊን ኣይሰርሕን ከከም ኩነታት ካብ ተግባር 'ዩ ክረእ ዘለዎ። ስለዚ ሕዚ ቀንዲ ጉዳይ መስመር ሕቶ ብሄር ሃገር ምኻን'ዩ ብሄረተኝነት 'ዩ ብዝብል ፤ ሳልሳይ ድማ ንሕና መሰረትና ኩሉ 'ዩ ኣፈላላይ ኣይንገብርን ንእከለ ዝበሃል ደርቢ ወጊንካ ደው ምባል ኣብ ትግራይ ኣየድሊን። ከምደርቢ 'ውን ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ሓደ 'ዩ ትንታነ ደርቢታት ኣየድሊን። እዚ ናይ ኣውሮጳን ምዕራብ ዓለምን ተኸቲሉ ማርክስ ዘቸመጦ 'ዩ። ምሳና ኣይኸድን ...ወዘተ ብዝብል ዝተቃነዩ ንስልታዊን ስትራተጂያዊን መድረኽና ዝሽርሽሩ ኣጀንዳታት በዞም ሓይሊታት 'ውን ይስራሕ 'ዩዘሎ።

**መጠቓለሊ፡-** ክሳብ ሕዚ ዝራኣናዮም ኩነታት ገሊኦም ቅድም ኢሎም ተጀሚሮም ዝፀንሑ ገሊኦም ድሒሮም ዝውሰኹ ዘለው ማሕበራዊ ሓይልታትን ፖለቲካዊ ኣጀንዳታትን ምትእስሳር መፍረስቲ ናይ ደገ ሓይሊታትን ድቃል ቀለም ወያነን ደሚርካ ኣብ ትግራይ ሓዱሽ ፖለቲካዊ ኩነታት ይምዕብል ኣሎ። እዞም ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ናይ ፀላእቲ 'ዮም ናይ ውሕዳት እዮም ዝብል ኣይሰርሕን።ብእዋኑን ብቁርፀኝነትን እንተዘይኣሊናዮ ንፀረ-ወያነ ምንቅስቃስ ዝምቹ ኩነታት

ብዝብል ኣብ'ዚ መንእሰይን መሀርን ማሕበር ጌርካ ዐቢ ብሄረተኛንት ንሊህ ክወዕእ ዝንቀሳቀሱ ዘለው ንብዞ ኣጀንዳ 'ዩ።

ሰለስተ ውቅዓት ኣብ ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኛንት ውድብና እቲ ካልኣይ ኣጀንዳ 'ዩ። በዚ ዘጋፍሕዎ ዘለው ዐቢ ብሄረተኛንት ኣዚሉም ቀበሌነት ህወሓት ኣብ ብሄራዊ ውድብነቱን ዝቃለሰሉ ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኛንት ናይ ምክርኻር ኣጀንዳ ተሪፎም ይሰርሑ ኣለው። ንሕና (ባይቶና፣ ውናት) ስልጣነ ታሪኽ፣ ባህልን ቋንቋን ኣጠቓሊሉ መንነት ባህሪን ጠለብን ህዝቢ ትግራይ ጠንኪሩ ክወዕእ ባዕሉ ሃገር ክኾን ክም ዋና ዕላማ ሒዝና ንቃለስ ኢና። ህወሓት ዋላ ብሄረተኛ እንተኾነ ታሪኽ፣ ቋንቋ ባህሊን መንነትን ህዝቢ ትግራይ ዘዋቶመሉ ንመጠናኸሪ ስነ-ሓሳቡ እዩ። ብሄረተኛንት ትግራይ ክም መሰረታዊ 'ምበር ንባዕሉ ክም ዕላማ ኣይወሰዶን። ብመትከል ካብ ዝሓዞ ኢድማሳዊ መሰል ንኹሉ ካብ ዝብል ዘንቶል'ምበር ካብ ናይ ትግራይ ብሄረተኛንት ዝብገስ ኣይኮነን። ንሕና ነዚ ሃንፍ 'ዚ ክንምልእ ኢና ተፈጢርና ብዝብል ብዐቢ ብሄረተኛንት ኣጀንዳ ህወሓት ክንወሉ፣ ከዳኽም ዝረባረበሉ ዘለው ኣጀንዳ 'ዩ።

ሰለስተን መዘናግዕን ውቅዓት ኣብ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ እቲ ሳልሳይ ዝስጉም ዘሎ ዐቢ ኣጀንዳ 'ዩ። ኣብዚ ኣጀንዳ መደናገሪ ብዝኾነ መንገዲ ካብ ዝሰርሕሉ ዘለዎ ሓደ ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ልምዓት ዘረጋግፅ 'ዩ ኣረጋጊፁ 'ውን 'ዩ። ናይ ዴሞክራሲ ጉዳይ ኣብ ትግራይ ኳ ንቱሕ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ ብዘየግድስ ጠንካሪ ልምዓታዊ መንግስቲ ግን የድሊ 'ዩ እንተኾነ ግን ህወሓት ነቲ መስመር ክዝለሉ ኣይክእልን ይኺውን'ዩ ህወሓት ክም ኩሉ ፍጡር ተወሊዱ፣ ዓብዩ፣ ኣሪጉ 'ዩ። ብሓዱሽ ኣወዳድባ፣ ሓይሊ ሰብን ሓዱሽ ሜቶድን መንፈስን ክትካእ ኣለዎ። ነዚ ሃንፍ ክንምልእ ዘመፃእና ኢና ብዝብል ይንቀሳቀሱ ኣለው።

ካልኣይ ኣብ ሕ/ሰብ ትግራይ ስነ-ሓሳብ(መስመር) ዝብል ኣየድሊን ኣይሰርሕን ክኸም ኩነታት ካብ ተግባር 'ዩ ክረእ ዘለዎ። ስለዚ ሕዚ ቀንዲ ጉዳይ መስመር ሕቶ ብሄር ሃገር ምኻን'ዩ ብሄረተኛንት 'ዩ ብዝብል ፤ ሳልሳይ ድማ ንሕና መሰረትና ኩሉ 'ዩ ኣፈላላይ ኣይንገብርን ንእከለ ዝበሃል ደርቢ ወጊንካ ደው ምባል ኣብ ትግራይ ኣየድሊን። ክምደርበ 'ውን ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ሓደ 'ዩ ትንታን ደርቢታት ኣየድሊን። እዚ ናይ ኣውሮጳን ምዕራብ ዓለምን ተኸቲሉ ማርክስ ዘቐመጦ 'ዩ። ምሳና ኣይኸይድን ...ወዘተ ብዝብል ዝተቃነዩ ንስልታዊን ስትራተጂያዊን መድረኽና ዝሸርሽሩ ኣጀንዳታት በዞም ሓይሊታት 'ውን ይሰርሑ 'ዩዘለው።

መጠቓለሊ፦ ክሳብ ሕዚ ዝራእናዮም ኩነታት ገሊኦም ቅድም ኢሎም ተጀሚሮም ዝፀንሑ ገሊኦም ድሒሮም ዝውሰኹ ዘለው ማሕበራዊ ሓይልታትን ፖለቲካዊ ኣጀንዳታትን ምትእስሳር መፍረስቲ ናይ ደገ ሓይሊታትን ድቃል ቀለም ወያነን ደሚርካ ኣብ ትግራይ ሓዱሽ ፖለቲካዊ ኩነታት ይምዕብል ኣሎ። እዞም ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ናይ ፀላእቲ 'ዮም ናይ ውሕዳት እዮም ዝብል ኣይሰርሕን።ብእዋኑን ብቁርፀኝነትን እንተዘይኣሊናዮ ንፀረ-ወያነ ምንቅስቃስ ዝምቹ ኩነታት

III. ቀንዲ ሕቶን ፀገምን ማሕበራዊ መሰረትና ገጠር ኮነ ከተማ ኣብ 'ዚ እዋን ከም ተባራዒ ሕቶ ኮይኑ ዘሎ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ሕቶ 'ዩ። ሕቶ ሰናይ ምምሕዳር ዘፈር በዙሕ ዓውዲታት እኳ እንተኾነ እቶን ኣብ ቅድሚት ዘለዋ ቁልፊ ፀገማት ግን ብኣድልዎ፣ ወገንነትን ምጉታትን ዝጠልቀየ ናይ ኣገልግሎት ስርዓት፣ ናይ ፍትሒ ስርዓትናን ኣብ ክሊ 'ዚ ክጠቓለሉ ዝኽእሉ ፀገማት 'ዮም። እቲ ካልኣይ መደይ ጉድለት ሰናይ ምምሕዳር ናይ ስራሕ ስእነት ዝምልከት 'ዩ። ሳልሳይ ድማ ድኽም ናይ ህዝቢ ተሳትፎ፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ስርዓትና ዘይተለወጠ ምኽኑ 'ዩ። ናይ'ቲ ፀገም መንቀሊ ናይ ሲስተምን ትካላዊ ህንፀት ዓብይ ጉድለትን ቃልሲ ፀረ- ክራይ ኣካብነትን ውድቀት ስለዝኾነ ቀንዲ ተሓታቲ ኣመራርሓ 'ዩ። 'ዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ግን ብፍላይ ኣብ ከተማታት ዝኒህ በደል ሰናይ ምምሕዳር የዐርዩ ዝተጨማለቐ ቢሮክራሲ 'ዩ ዝመርሖ ዘሎ። ጨና ህዝባዊነት ዘይብሉ፣ ዋላ ጨና መኸተ ዘይብሉ ገባሪ ሓዳጊ ኮይኑ ከምድላዩ ዘገብር ጨካን መዝማዛይ ህዝቢ ክንፀርፅር ዝውዕል ብጉቦን ናይ ረብሓ ኔትዎርክን ዝጠስጠሰ ዝተሰግሰገ ብቑዕና ቀሊል ዘይኮነ ቢሮክራሲ ስቪል ሰርቫንት ኣመራርሓ ሓዊሱ ተፈልዩ እንተዘይዐርዩን በቲ ዳግመ ምውፋር እንተዘይተዓራረዩን 'ቲ ፀገም ዕንክሊል ምባሉ ኣይተርፍን። ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ሕግታትና፣ መምርሒታትና ኣሰራርሓታትናን ኣወዳድባን ናይ ስልጣን ክፍፍልን ዘይተፈተሹ ክራኣዩ ዝግበኦም ጉዳያት 'ውን ምርኣይ ዝሓትት 'ዩ። በቲ በለ በቲ ግን ናይ ህዝብና (ገጠር፣ከተማ) ቁልፊ እዋናዊ ሕቶ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ እዋኑ ናይ ምርግጋፅ ሕቶ 'ዩ። ናይ ለነቲት ማዕበል ንምዕቃብ ይኹን ህዝባዊ መኸተ ንምሕያል ሓደ ኣገዳሲ ነጥቢ መቸይሮ ኣብ ሰናይ ምምሕዳር እነምፅኦ ለውጢ 'ዩ።

IV. ዓብዪ ክፋል ማሕበራዊ መሰረትና ዘይተረጋገአ፣ ኣብ ንቕሓት ዘይተመስረተን ዘይተወደበን ምኽኑ 'ቲ ኻሊእ ዓብዪ ፀገም 'ዩ። ተደጋጊሙ ከም ዝተገምገመ ሕዚ ዝዓቢ ናይ ህዝብና ቁፅሪ ኣብ ክሊ ዕድመ መንእሰይ ዘሎ ኮይኑ 'ዩ። ኣብ ገጠር እቲ ልዕሊ ዕድመ መንእሰይ ዝኾነ ገባር 'ውን እቲ ዝበዝሐ ቁፅሪ መሬት ዘይብሉ 'ዩ። ኣብ ክሊ መንእሰይ ዘሎ ድማ ዳርጋ ኩሉ መሬት ዘይብሉ 'ዩ። ኣማራፂ ናይ ስራሕ ዕድል ድማ ኣይፈጠርናን። ሕዚ ኣብ ገጠር ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ሓይሊ ተፈጢሩ 'ዩ። ኣብ ከተማታት ድማ ካብ'ቲ ገጠር ዝገደደ ፀገም ስራሕ ስእነት 'ሎ። ብምኽኑ 'ውን ሕዚ ማሕበራዊ መሰረትና ንኡስ ወናኒ ምኽኑ 'ኳ እንተዘይተቐየረ ኣብ ከቢድ ሰንፈላልን ኢኮኖሚያዊ መሰረቱ ዘይደልደለን ግን ገዚፍ ማሕበራዊ መሰረት ሒዝና ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ትግራይ ከቢድ ተፅዕኖ ዝፈጥር እንተዘይተኣልዩ 'ውን ኣንፈት ዘስሕት ኩነታት ኣለና።

ከተማታት ክራይ ኣካብነት ፖለቲካል-ኢኮኖሚ ልዕልነት ዘለዎ ኮይኑ ናሃለወ ኣብ ርእሲ እዚ እቲ ገፊሕ ስራሕ ስኡን ማሕበራዊ ሓይሊ ዝተምሃረ ንኡስ ብርዥዋን ዝተወደቡን ዘይተወደቡን ፖለቲካዊ ሓይልታትን መደበር ይኾን 'ሎ። ናይ ከተማታት ፖለቲካ ኣብ ትሕቲ ገዚፍ ዕልዋ ናይ'ቲ ንኡስ ብርዥዋን መንእሰይን ይኣቱ 'ሎ። እቲ ንኡስ ብርዥዋ ብመሰረቱ 'ኳ ደጋፊ እንተኾነ ኣገዳሲ ክፋሉ ግን ዝቃወምን ዝወላወልን 'ዩ። 'ዚ ናይ መንእሰይን ሙሁሩን ሓይሊ ከም'ቲ እንፈልጦ ገባር ውድብና የንብረልና እናበለ እናመረቐ ዝኸይድ ኣይኮነን። መሰረታዊ ናይ ልምዓትን ዴሞክራስን ዕላማና፣

ስትራተጂታትናን ፖሊስናን ካብ'ዚ ዝምንጩ ናይ መኸተ እንፈትናን ምስ ተንፃፃሪ ተረባሕትና እንቲሕና ወዲብና ክንንቓንቖ እንተዘይኪኢልና ኩሉ ዘለዕሎ ሕቶን ድሌትን ካብ'ዚ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን ኣተሓሳስባ 'ዩ ክኸውን። ሕዚ ዝረአ ዘሎ 'ውን እዚ 'ዩ።

እዚ ዝጉልብት ዘሎ ማሕበራዊ ሓይሊ ኣብዘይንቕሓሉን ዘይተወደበሉን ብተንፃፃሪ ንመሰሉ ኣጉሊሁን ንጉባኤቱ ድማ ኣትሒቱ ዝርኢ 'ዩ። ብባህሪኡ ንመሰሉ ኣዕኒዑ ዝሕዝ፣ ካብ ለሚ ዕባሕ ድሌቱን ሕትኡን ናወሰኸ ዝኸይድ ስሉጥን ሉሙዕን ናይ ኣገልግሎት ስርዓት ዝጠልብ፣ ይንእስ ይዕበ ንጉድለታት ሽለል ዘይብልን ዘይፃወርን ሰጊሩ ድማ ፀቕጢታት፣ ተዕፅኖታት ብዝተወደበን ብተናፀልን ዝፈጥር ሓይሊ ንብዙሓት ድሕረታትን ሓይሊ ምድሕርሓርን ዝተቓለፀ ብቐሊሉ ዝለዓል ናብ ስጉምቲ ዝሰግር ዝዚፍ ማሕበራዊ ክፋል 'ዩ። ናይ 'ዚ ሓይሊ 'ዚ ተዕፅኖ ሕዚ ኣብ መኸተ ብዝወሰዶ መርገፂ ጎሊሁ ኣይረአየናን ዘሎ 'ምበር ሓያል ድጉል ሓዊ ከም ዘሎ ክንርኢ ኣሎና። ድፋዕን ደጀንን መስመርና መወዳእትኡ ማሕበራዊ መሰረትና 'ዩ። 'ኣብዚ እንተተነቒልና ብቐሊሉ ዝውቃዕ ውድብ ኢና ክንኸውን። ኸይዱ ኸይዱ 'ቲ ከተማ እንተተዘሪጉ ልዕልነት ክራይ ኣካብነት እንተዓንቲሩ 'ቲ ሓደጋ ነቲ ከተማ ጥራሕ ኣይኮነን። ኮለ ነቲ ገጠር 'ውን 'ምበር። ምኽንያቱ ነቲ ገጠር 'ቲ ከተማ 'ዩ ዝመርሖ። ስለ ዝኾነ ገጠር 'ውን ተበኪሉ መኸተና ይኹን ጉዕዞና ኣብ ሓደጋ ዝወድቐሉ ዑቡጥን እናዓበየ ዝኸድን ሓደጋ ዝተወጠረ ይኸውን ኣሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይ።

### 4.3. ሚድያን ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይን

I. ሚድያ ናይ'ዚ ዘበን ቁልፊ መዋግኢ ዓቕሚ ምዃኑ ካብ ዝንፀር ዊዒሉ ሓዲሩ 'ዩ። ፀላኢ ነዚ ናይ ሚድያ ረብሓ ተረዲኡ ናብ ስልጣን ክመፅእ 'ውን ድሕሪ ስልጣን ምሓዙ 'ውን ሚድያ ሒዙ 'ዩ ገጢሙን ዝገጥም ዘሎን። ኣብ'ዛ ሃገር ካብ ዘለዋ ብናይ ንግዲ፣ ብፌደራልን ክልላትን መንግስታት ዝመሓደራ 51 ናይ ቲቪን ሬድዮን ጣብያታት (ጨናፍር ገዲፍካ) እተን 43 (84.3%) ቲቪን ሬድዮን ጣብያታት ናይ'ቲ ዘይሕጋዊ ፓርትን መንግስትን ብልዕግና ቁልፊ ናይ ፕሮፖጋንዳ መሸን ጌሩ ብጥብቂ ዝመርሐንን 'የን። ካብ 'ዚ ተበጊስካ ክሕደት ሚድያታት ናይ'ዛ ሃገር ምርኣይ ይከኣል 'ዩ። ስግር 'ዚ እንተርኔት መሰረት ዝገበረ ውግእ ዓቕሚ 'ውን ኣዕብዩ ሚሊዮናት ገንዘብ መዲቡ ዕስብ ሰራዊት ሚድያ ሃኒፁ ናይ ሕትመት ሚድያን ኪነጥበብን'ውን ሓዊሱ ብንጥፈት ይዋጋእ 'ሎ።

II. ሚድያታት ትግራይ ናይ መንግስቲ ይኹና ናይ ንግዲ ከምኡ 'ውን ናይ ውድብን መንግስትን ናይ ሕትመት ሚድያን ዝርካቡ ናይ ኪነጥበብ ሰራሕቲን ተኣሳሲሩ ኣብ ምርግጋፅ ሃለዋትን ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ኩለን ወጊነን ምስ ዓበይቲ ድኸመታትን ሰሪሐን እየን ተዋጊኤን 'የን። ኣብ ዕምብል መበል 45 ዓመት 11 ለካቲት 'ውን ሰብ ዋና ኮይኖም ሰሪሖም 'ዮም። ብኣጠቓላሊ መኸተ ማእኸል ዝገበረ ፖለቲካ ትግራይ ይኹን ሃገራዊ ፖለቲካ መድረኽ ኣብ ምቕራፅ ዓብይ ተራ ተፃዊተን 'የን።'ዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ግን ብመንፅር በቢግዚኡ ዝወፅእ ዝነበረ መደብን በቢግዚኡ ዝምዕብል ዝነበረ ሓደሽቲ ኩነታትን፣ ብቐንዱ ድማ ነቲ ኹነታት ዝምጥን ዝድለን ተግባርን ውፅኢትን እንትርእ ሰራሕቲ ሚድያ ትግራይ

መሰረታዊ ሽግራት ዘለውዎ 'ዩ። ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ትግራይን ሃገርን ክዋደድ ዝግበእ ኩሉ ዓይነት ሚድያታት ኤሌክትሮኒክስ፣ ኦን-ላይንን ናይ ሕትመትን ሚድያ ካብኡ 'ውን ኪነጥበብን ተዋዲዱ ክዘምት ኣይተመርሐን። ብፍላይ ኣብ ኦን-ላየን ሚድያ ድማ 'ቲ ዘይምምራሕ ዝገደደ ነይሩ።

III. ኣብ ምምራሕ ሚድያ ዝዋስኡ ኣካላት ኣብ ክልተ ክፋልካ ዝረአ እዩ። ብላዕለዋይነት ዝመርሕን፤ ቀጥተኛ ናይተን ትካላት ኣመራርሓ፤ ኢዲተርስን ጋዜጠኛታትን መሰረት ገይርካ ክግምገም ዘለዎ 'ዩ። ላዕለዋይ ኣመራርሓ ሚድያ ፈፃሚ ስራሕ ውድብ ከም ዘለዎ ኮይኑ ብተነፃፃሪ ሓላፍነት ዝወሰደ ግን ናይ ሚድያ ኮሚቴን ኣብ ውድብን መንግስትን ብቐዋምነት ሚድያ ዝመርሑ መሓውራትን 'ዩ። ተንዲ ናይ ሚድያ ኮሚቴን ኣብ ውድብን መንግስትን ብቐዋምነት ሚድያ ዝመርሑ መሓውራትን 'ዩ። ተንዲ ናይቲ ጉድለታት ተሓታቲ 'ውን ላዕለዋይ ኣመራርሓ እዩ። ናይ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ጉድለታት ኣብ 4ተ መሰረታዊ ዋና ዋና ነጥቢታት ዝራኣያ 'የን። ሓደ ንእጀንዳ ቀረፃ መሰረት ዝኾኑ መሰረታዊ ኣንፈታት በቢግዚኡ ምስ ዝምዕብል ኩነታት እናገናዘበ ብተኸታታሊ ኣይከደን። ካልኣይ ኣብ'ቲ ኣንፈታት በቢግዚኡ ምስ ዝምዕብል ኩነታት እናገናዘበ ብተኸታታሊ ኣይከደን። ካልኣይ ኣብ'ቲ ዝፀንሐን ካሊእ ሓዱሽ ምዕባለን ኣተኣሳሲሩ እናጎልበተን እናሃነፀን ምንትስቃስ ብቑዓል ክትትል ዝፀንሐን ካሊእ ሓዱሽ ምዕባለን ኣተኣሳሲሩ እናጎልበተን እናሃነፀን ምንትስቃስ ብቑዓል ክትትል ኣይዓተበን ኣይሓለወን እኳ ደኣስ ኣብ ገሊኡ ዝዘሓሓለሉ ኩነታት 'ውን ነይሩ። ሳልሳይ ዓቕሚ ናይ ምፍጣር ስራሕቲ ኣብ ኣረኣእያ፤ ሞያን ፍልጠትን ዘመሓይሽ ስራሕቲ ኣይሰርሐን። ራብዓይ ምፍጣር ስራሕቲ ኣብ ኣረኣእያ፤ ሞያን ፍልጠትን ዘመሓይሽ ስራሕቲ ኣይሰርሐን። ራብዓይ ኣወዳድብኡን ምውፋር ሓይሊ ሰብን ብተለምዶ ዝፀንሐ ኣወዳድባን ምውፋር ሓይሊ ሰብን ዝኸደ ኣወዳድብኡን ምውፋር ሓይሊ ሰብን ብተለምዶ ዝፀንሐ ኣወዳድባን ምውፋር ሓይሊ ሰብን ዝኸደ 'ምበር ነቲ ሓዱሽ ኩነታትን ውግእን መሰረት ዝገበረ ሓይሊ ጥርኑፍ ናይ ዕለት ዕለት ስራሕቲ ዝመርሕ 'ምበር ነቲ ሓዱሽ ኩነታትን ውግእን መሰረት ዝገበረ ሓይሊ ጥርኑፍ ናይ ዕለት ዕለት ስራሕቲ ዝመርሕ በቢግዚኡ ዝለዓሉ ጉዳያት ዝ"ክት ኣወዳድባን ምውፋርን ኣይገበረን። ናይ 'ዚን ፀገማት ፍልፍል ናይ በቢግዚኡ ዝለዓሉ ጉዳያት ዝ"ክት ኣወዳድባን ምውፋርን ኣይገበረን። ናይ 'ዚን ፀገማት ፍልፍል ናይ ኣረኣእያን ኣመራርሓን ጉድለት 'ዩ።

IV. ኣብ ኣመራርሓ ትካላት ሚድያ፣ ኢዲተርሰን ጋዜጠኛታትን ገፊሕ ናይ ኣራኣያ ናይ ኣመራርሓን ኣብ ኣመራርሓ ትካላት ሚድያ፣ ኢዲተርሰን ጋዜጠኛታትን ገፊሕ ናይ ኣራኣያ ናይ ኣመራርሓን ክእለትን ፀገም ጎሊሁ ዝረአ 'ዩ። ቅድሚ ኹሉ ናይ ውግንና ገፊሕ ፀገም ዘለዎ ዝተሰግሰገ ሓይሊ መጠኑ ክእለትን ፀገም ጎሊሁ ዝረአ 'ዩ። ቅድሚ ኹሉ ናይ ውግንና ገፊሕ ፀገም ዘለዎ ዝተሰግሰገ ሓይሊ መጠኑ ቑሊል ኣይኮነን። መሰረታዊ ተልእኾታቱ፤ ውግንና ህዝቡን መንግስቱን ንምድኒ ገዲፉ ብሽም ናይ ቑሊል ኣይኮነን። መሰረታዊ ተልእኾታቱ፤ ውግንና ህዝቡን መንግስቱን ንምድኒ ገዲፉ ብሽም ናይ ሚድያ ነፃነት እናጉልሀ ንባዕሉ ከም ዴሲት ሓዚኡ ከም ድላዩ ዝገብር ሓይሊ ባልህ ዝብሎ የብሉን። 'ቲ ሚድያ ነፃነት እናጉልሀ ንባዕሉ ከም ዴሲት ሓዚኡ ከም ድላዩ ዝገብር ሓይሊ ባልህ ዝብሎ የብሉን። 'ቲ ማናጅመንት 'ውን ወይ ኣብ 'ዚ ዝኣተወ 'ዩ ወይ ድማ ብበለፅን ምትእስሳርን ልቂ ገይሩ ዘይመርሕ 'ዩ። ማናጅመንት 'ውን ወይ ኣብ 'ዚ ዝኣተወ 'ዩ ወይ ድማ ብበለፅን ምትእስሳርን ልቂ ገይሩ ዘይመርሕ 'ዩ። ምስ 'ዚ ተኣሳሲሩ ፖለቲካዊ ሂይወትን ዝምድናን ናይ'ቲ ኣመራርሓ፤ ኢዲተርስን ጋዜጠኛታትን ወይ ምስ 'ዚ ተኣሳሲሩ ፖለቲካዊ ሂይወትን ዝምድናን ናይ'ቲ ኣመራርሓ፤ ኢዲተርስን ጋዜጠኛታትን ወይ ናይ ጐይቺ፤ ምምላኽን ገባሪ ሓዳጊን ወይ ብበለፅን ናይ ረብሓ ምትእሰሳርን ዝተመቓቐለ ወይ ድማ ንዝዓንተሩ ገበርቲ ሓደግቲ እቲ ቦታ ብምርካብ ስራሕ ዝጠንጠነ ማናጅመንት 'ዩ።

ቁፅሮም ቀሊል ዘይኮነ ኢዲተርስ፣ ጋዜጠኛታትን ገለ ኣባላት ማናጅመንትን ንገዛኢ ፓርቲ እናናሸው ቁፅሮም ቀሊል ዘይኮነ ኢዲተርስ፣ ጋዜጠኛታትን ገለ ኣባላት ማናጅመንትን ንገዛኢ ፓርቲ እናናሸው ዝውዕሉ ነቲ ሚድያ ተጠቒሞም ውድብን መንግስትን ዝወቕዑ መሳርሒ ናይ ህውከትን ዘይሕጋዊ ዝውዕሉ ነቲ ሚድያ ተጠቒሞም ውድብን መንግስትን ዝወቕዑ መሳርሒ ናይ ህውከትን ዘይሕጋዊ ተግባራትን ዝኾኑ ምስ ክራይ ኣከብቲ ሰብ ሃፍቲ ስዑራትን ቂመኛታትን ኣመራርሓ፤ ባንዳ ፖለቲካዊ ውድባት---ወዘተ ካብ ደገ ምትእስሳር ናፈጠሩ ውድብን መንግስትን ንምውቃዕ ዝሰርሑ፤ ገሊኦም ድማ ኣባላት ናይተን ባንዳ ውድባት ብውሽጢ ዝኾኑ 'ውን ኣለው። ክባቢያዊ ምትእስሳር ምጉጅጃል 'ውን ቀሊል ኣይኮነን። በቢ ምትእስሳሮምን መርበቦምን ነቲ ሚድያ ተጠቒሞም ንዝደለይዎ ፕሮሞት ዝገብሩ ንዘይደለይዎ ካብ ስክሪን እናኸወሉ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ርካሽ ተገባራት ዝተዋፈሩ 'ውን ኣለው። ዝኾነን

ብድምር ዘይስመየም ሓላፍነት ዘይትዳየም መልእኽቲ ሚዛናዊ ዘሕጉሶም ሽቶ ከም ምቅላዕ ዘይኮነን ሰፊሕ ዘይዕሬትን ናይ ውግንና ፀገምን ዘለዎ 'ዩ።

## 4.4. ኩነታት ውድብናን መሪሕነቱን

I. ክሳብ ሕዚ ኣብ ዝሬኣናዮም ምዕባለታት ናይ ኩነታት ተደሪኽና ውድብናን መሪሕነቱ'ን ዘለዎ ምዕባለ'ን ንምምራሕ፤ መሰረታዊ ፀገማትን ምርኣይ ኣገዳሲ 'ዩ። ዓለማዊ፤ ከባቢያዊን ሃገራዊን ፈተናን ዕድልን ንምምራሕ፤ ሕቶ በኣውርኡ ድማ ናይ ውሽጥና ፀገማት ኣወጊድና ምድሕርሓር መኪትና ክንወፅእ መወዳእትኡ ሕቶ ዘሎ ውድብን ኣመራርሓን 'ዩ። ሕዚ ብዝተፈለየ ድማ ካብ ደገ ይኹን ካብ ውሽጢ ኣብ ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት ኣብ ዝመሰየ እዋን ኣሎና። ፀላኢ ንዓና ከምበርከኽ ኣይደቀሰን ንሕና 'ውን ከምኡ። ናይ ሓዴና ሃለዋትን ድሕንነትን ናይ'ቲ ካሊእ ጥፍኣት ዝኾነሉ ናይ መወዳእታ ምክራር መዊኡ ኣሎ። እዚ ክኸውን 'ዩ ኣይቀረን እንተይኮነ ብዕሊ ተኣዊጁ ኣሎ። ጥንካረ መሪሕ ውድብናን ኣመራርሓናን ካብ ጉኹነ ምዕራፍ ንላዕሊ ምድላው ዘድልየሉ ስለ ዝኾነ ድማ ኩነታትና ፈቲሽና ጥንካረና ክንዕቅብ ጉድለታትና ብቅልጡፍ ኣሪምና ዳግም ክንማዓራረ ግድን ኣብ ዝኾነሉ ታሪኻዊ ምዕራፍ ኣሎና። ንጉድለታትና ብዕምቆትን ስፍሓትን ምፍታሽ ዘድሊ'ውን ካብዚ ኣንፃር ጥራሕ 'ዩ።

II. ውድብና ኣብ ውሽጡ ዓሚቕን ዕውትን ናይ ተሃድሶ ምንቅስቓስ ኣካይዱ ልዕልነት መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ኣረጋጊፁ ኣብ ምግስጋስ ዝርከብ ውድብ'ዩ። ዝሓለፈ 2ተ3ተ ዓመታት ብዝተፈጠረ ሓዱሽ ኩነታት ኣብ ብጣዕሚ ፈታኒ፣ ብቕዓትን ቆራፅነትን ዝሓትት ዝተፈለየ ናይ ቃልሲ መድረኽ ብኹሉ ገፁ ኣብ ሓዊን ረመፅን ዝኣተወ ውድብን መሪሕነትን ንኹነታት ብኣግኡ እናገምገመ፣ እናተንተነን ነቲ ኹነታት ዝምጥን ብቑዕ ኣንፈታትን ስልቲታትን እናሓንፀፀ ብብስለትን ዕንዓትን ንዘጋጠመ ኩነታት ክምክት ዝረባረብ ዘሎ ውድብን መሪሕነትን 'ዩ። በዚ 'ውን ንህዝቡ ናይ ሓበንን ኩርዓትን ምንጪ ዝኾነ ዘሎ ውድብ 'ዩ። ከም ውፅኢት 'ውን ህዝቡ ኣብ ጐድኑ ኣሰሊፉ ሽርሒታትን ከበድቲ ተፃብኦታትን መኪቱ 'ዩ። 'ቲ ፀወታ ተወዲኡ ኢዩ ኢሉ እንኳይ 2ተ ዓመት ክልተ ወርሒ 'ውን ዕድል ዘይሃበና ፀላኢ ብቓልስና መኪትና ድሕንነትን ሃለዋትን ህዝብናን ውድብናን ዓቂብና ኣብ ምምራሽ ኢና እንርከብ ዘለና።

III. እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ ግን ዝወፈርናሉ ናይ መኸተ ቃልሲ ብሓደ ገፅ ኣብ ኩነታት ካብ ውሽጥና ይኹን ካብ ሃገር ዓበይቲ ሓደሽቲ ምዕባለታት ተፈጢሮም ኣለው። ሕዚ ኣብ ኩነታት መኸተ ናይ መወዳእታ ብርኪ በፂሕና ኣለና። በቲ ካልእ ገፅ ኣብ ዝነበረ ኩነታት ተደሪኽና ዘቕመጥናዮም ኣንፈታትን ናይ መደብ ውሳነታትን ኣለውና። ንሃለዋቱን ድሕንነቱን ዝኸፈል ክኸፍል ሙሉእ ድልውነት ዘረኣየን ኣብ ውድብናን መሪሕነቱን ድማ ሙሉእ እምነትን ተስፋን ዘውደቐ ህዝብናን ኣባልናን 'ውን ኣሎ። እዚ ኹነታት ውሽጥና ብዕምቆትን ስፍሓትን ነቓፌታዊ ብዝኾነ መንገዲ መሊስና መላሊስና ክንርኢ ዘገድደና 'ዩ። በዚ መሰረት ኣብ'ዚ ዕሉፍ ንመበገሲ ዝቐርብ ዘሎ ገምጋም ኣብ ላዕሊ ብዝተቐመጠ መነፅር መሰረት 'ዩ።

IV ቀንዲ ውራይና መኸተ ካብ እንገብር ክልተ ዓመትና ኣቲናርና ኣለና። ኣብዚ ዓመት 'ውን መኸተ ማእኸል ዝገበረ መሰረታዊ ገምጋማት፣ ኣንፈታትን ናይ መደብ ውሳነታትን ሓንጊፅና ኣብ ምንቅስቓስ ኣለና። ሕድ ሕድ ስራሕ መደብ ብመደብ ቀሪቡ ብዘሎ ዐብዓብ ስራሕቲ ደሚርካ ዝረአ ኮይኑ ናይ መኸተ ኣጠቓላሊ ኣፈፃፅማን ውፅኢቱን ግን ምስ'ቲ ኹነታት እንትነፃፀር ኣብ ከቢድ ፈተና ከምዘሎ ክንቅመጥ ዘለዎ ኢዩ። ዝሓንፀፅናዮ ስልቲን ስትራተጂን መኸተ ኩለመዳይ ማለት 'ውን ፖለቲካዊ፣ ዐጥቃዊ፣ ልምዓታዊን ስራሕቲ ርክባትን ኮይኑ ፖለቲካዊን ዐጥቃዊን ምድላው ድማ ኣውራ ናይቲ መኸተ ምኻኑ ነፂርና መሰረታዊ ናይ መደብ ውሳነታት ሒዝና ንረባረብ ኣለና። እንተኾነ ግን ዓብይ ናይ ምትግባርን ምፍፃምን ድኽመት፣ ናህሪ ናይ ዘይምሕላው ድኽመት፣ ከምኡ'ውን ሓደሽቲ ምዕባለታት መሰረት ዝገበረ ቂልጡፍ ቃልስን ምትዕፅፋን ዐገም ዘለዎ 'ዩ። ውሳነታትና ብጥብቅን ብግዚ የለን ናይ ምፍፃም ኣካይዳና ነቲ ኹነታት ዝምጥን ከምዘይኮነ ክንቅመጥ ዘለዎ 'ዩ። ነቸፈታዊ ብዝኾነ መንገዲ ምግምጋም ዘድልዮ ሓደ ነጥቢ 'ዚ እዩ።

V. በቢደረጅኡ ዘሎ ኣመራርሓናን ኣባልናን እንታይነትን ትርጉምን መኸተ ብዝግባእ ተረዲኡ ኣብ ምፍፃም ዝረአ ዘሎ ጉድለት ገዚፍ እዩ። ኩሉ ነገር ንመኸተ ዘለዎ ትርጉም እናመዘነ ኩሉ መዳይ ልምዓት፣ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ምርግጋፅን ምምራሕን ዘሎ ሓጓፍ ሰፊሕ እዩ። ኣብ ገሊኡ ድማ ነቲ መኸተ ዘዐንቅፍ ተግባራት እንትኣቱ ትሪኢ፣ ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት፣' መንገዲ ምዕፃው ምትሕብባብርን፣ ኣብ ድሕረትን ከባብነትን ምእታው ሰፊሕ እዩ።እዚ ከዐሪ ኣለዎ። ኣብዚ ዝፍጠር ጉድለት ንዐላኢ በትሪ ሰሊፅኻ ከም ምሃብ ተቖጺሩ ብትሪ ክንቐፍ ክግምገም ኣለዎ። እቲ ካሊእ ክረአ ዘለዎ ጉድለት መብዛሕቲኡ ህዝብና ብፍላይ ከዓ መንእሰይና ዘይተወደበ ምዃኑ እዩ። ዋላ ሓደ ሰብ እውን እንተኾነ ዘይተወደበ ክህልወና ኣይብሉን ዝብል መበገሲ ሒዝካ ዝተማልአ ርብርብ ኣይካየድን ዘሎ። እዚ እውን ብዓይኒ መኸተ ኣይረአን ዘሎ። በዚ መዳይ ዘሎ ክፍተት እውን ክምላእ ኣለዎ።ዝኾነ ኾይኑ ንመኸተና ዘጎልብት ስራሕ ብዕነዕ ድስፕሊንን ተሓታትነት መንፈስን እናፈፀምና ነዚ ዘዐንቅፉ ኣተሓሳስባን ተግባራትን ድማ ብእኹል መጠን እናተቓለስና ድሕንነትን ሃለዋትን ህዝብና ውሑስ ክንገብር ይግባእ።

## VI ዝህልወና ናይ ቃልሲ ኣንፈታትን ብኣባልና ዝስርሓ ጭቡጣት ተልእኾታትን

### 5.1. ዝህልወና ናይ ቃልሲ ኣንፈታት

### 5.1.2. ኣብትግራይዝህልወናናይቃልሲኣንፈታት

I. ቅድሚ ሕዚ ንኹነታት ገምጊምና ኣብ ዘቐመጥናዮ ናይ መቃለሲ ስትራተጂ፤ ስልቲን ናይ መደብ ኣንፈትን ከምኡ'ውን ኣብ መደባት 2012 ዓ.ም ዝተቐመጡ ከም ዘለው ኮይኖም ምስ'ቲ ዝማዕበለ ኩነታት ብዝተዛመደ ዘድልዩ ተወሰኽቲ ናይ መደብ ኣንፈታትን ስልቲታትን ዘቐምጥ 'ዩ። ናይ ቃልሲ ኣንፈትና ኣብ ትግራይ ካብ 3ተ ቁልፊ ጉዳያት ክብገስ ኣለዎ። ሕዚ ቅድሚ ኩሉ ቀንዲ

ሓደጋና ኣብ ውሽጥና ዝፍጠር ዐገም 'ዩ። ንዓወትናን ንውድቀትናን ዝውሰን ኣብ ሃገራዊ ቃልስን መድረኽን ዝህልወና እጃም ዝውስኖ 'ውን 'ዚ ስለዝኾነ ኩሉ ሓደጋታትን ተፃብኦታትን በጣዉሲና ክንምክት ኢሉ 'ውን ናብ ዝላዓለ ብራኽ ክንሰግር ዘኽእለና ውሽጣዊ ኩሉ መዳያዊ ዓቕሚ መኸተ ኣብ ውድብና፤ መንግስትናን ህዝብናን ኣብ ምፍጣር ከም ዝምስረት፤ መበገሲ ዝገብር።

ካልኣይ ትግራይ ንዝኾነ ይኹን ሓዱሽ ምዕባለ፤ክውንነታትን ኣማራፂታትንብዝተወደበ መንገዲ ዐኒዕና ብሙሉእ ቁርፀኝነት ርእስና ኪኢልና ደው ክንብል ንውሽጥና ወሲና ብሓፂር፣ ማእኸላይን ነዊሕን ኣሚትናን ኣብ ሕድሕድ ምዕራፍ ዝርዝር መደብ ሒዝናን ክንምክትን ጠንኪርና ክንወፅእን ዘኽእለና ህውፅ ምድላዋት ከም ቁልፊ ውሳነ ይውሰድ። ሳልሳይ ድማ ኣብ ኩለመዳያዊ ኩናት ኮይና ኣብ ዝመሰየ እዋን ከምዘለናን ንምእማኑ ብዘፀግም ትልጣፊን ምዕባለን ኣብ ዝለዋወጠሉ ምዕራፍ ኮይንካ ዝሰራሕ ምኻኑ ከም ገዛኢ ናይ'ቲ መደብ ኣንፈታትን ስልቲታትን ዝወሰድ 'ዩ።

II. በዚ መሰረት ኣብ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ውድብናን መንግስትናን ዝኢፍን ቁልጡፍን ለውጢ ነረጋግፅ። ውድብና ኣብ ምጥንኻር ቁልፊ ጉዳይ ናይ ኣራኣያን ተግባርን ዕሬት ናይ ምርግጋፅ ኮይኑ ልምዓታዊ ዴሞክራሲያዊ መስመርና ብፍላይ ድማ ኣብ ኩነታትን ኣንፈት መኸተን በቢደረጅኡ መሓውርናን ህዝብናንሙሉእ ግልፅነት ምፍጣር። ሰፋሕቲ ሰሚናራትን ምይይጣትን ምክያድ።ቀንዲ ኣንፈት መደብ ገፊሕን ተኸታታልን ናይ ስርፀት ስራሕቲን ናይ ገዛ ርእሱ ትልምን ማተርያላትን ወፂኢሉ በቢደረጅኡ ብስሩፅን ተኸታታልን ህንፀት ናይ ምዕጣቕ ኣብ ክሊ 'ዚ ወረዳን ጣበያን ብዘጠናኽርን ብዝልውጥን ኣንፈት ብዘተግብርን ምፍፃም።ካልኣይን ከም መበገሲን ድማ 'ዚ ሰነድ ምስ በቢ ደረጅኡ ኣመራርሓናን መሓውርናን ኣብ ሓዑር ተግባራዊ ርብርብናን መደብናን ኮይና ናብ ጠንካራ ሪ-ኦሬንተሽን ገምጋማት፣ ምንቕቓፋትን ብሓዉሲ ዕሬት ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ምኻድ።

ኣብ ልምዓታዊ ዴሞክራሲያዊ መንግስትና መሓውራት 'ውን ተመሳሳሊ ስራሕቲ ዝስራሕ ኮይኑ ዝተጀመሩ ንቕድሚት ዘሰጉሙ ሪፎርምታት፣ ሕጊታት፣ መምርሒታትን ስርዓታትን ምዝርጋሕን ምትግባርን። ዝበስበሰ ክፉሉ መሓውር ቢሮክራሲ ይኹን ተዛማዲ ኣመራርሓ ምዕራይን ምትዕርራይን ትካላዊ ለውጢ ምርግጋፅን ቀንዲ ናይ መደብ ኣንፈታት ይኾኑ። ዘለናሉ ኩነታት ብጣዕሚ ሕልኽልክ፣ ሕምስምስ ዝበለን ኢ-ተገማትነትን ዝዓብለሎ እናኾነ ስለ ዝኸይድ ነዚ ኩነታት ዝጠልብ ምውሳን፣ መሃዛይነትን ተዓፃፃፍነትን ዘሐይል ዓቕሚታት ፀንቂቹ ዝጥቀም ነዚ ዘድሊ ተወሰኽቲ ኣወዳድባታት ናይ ሓይሊ ሰብ ምውፋርን መፅናዕቲታትን በቢግዚኡ ዘማዕብል ናይ ብሂራዊ ቅልውላው እዋን ኣመራርሓ ኮይኑ ጠንኪሩ ክወፅእ በቓንዱ ድማ ንዝወሰኖም ውሳነታቱን መደባት ሙሉእ ተገዛእነት፣ ብስራሕን ውፅኢት ስራሕን ተሓታትነትን ቃልስን ዘጠናኽር ኣንፈታት ምትግባር።

III ፖለቲካዊን ፀጥታዊን ማእኸል መኸተ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ህዝብና ናይ ምንቅስቓስ ምውዳብን ድልውነትን ናብ ዘተኣማምን ደረጃ ምስግጋር ነዚ ዘንቀሳቕስ ታሕተዋይ መሓውር (ወረዳን ጣቢያን) ዓቕሞምን ተቐባልነቶምን ምልዋጥ። ንኹነታት ብንቕሓት ብብስለት ዘተረድኡ መናእስያትን ደቂ ኣንስትዮን ዓቕሚ ሓይሊ ክወፅእ ምግባር። ምእንቲ 'ዚ ብቑንዱ ድኽመታትና ናይ ምውጋድ ኣንፈት ምስ 'ዚ ጎድኒ ንጎድኒ ድማ ኣብ ትግራይ ዝረኣዩ ዘለው ናይ ድሕረት ዓንኬል፣ ዕንፈኛ ሃይማኖት፣ ከባቢነትን ካልኦትን ምስ ህዝቢ ኮይንካ ምስባር። ምስ ሃይማኖት ዘለው ፀገማት ንምፍታሕን መረዳድኢ መድረኽት ዝፈጥርን ዝከታተልን ኮሚቴ ምጥያሽ። ኣብ ናይ ሓፋሽ ምንቃሕን ምውዳብን ድሕረታት ኣብ ምቕላስን ዓብዪ ተራ ዘለዎም ነባር ዓቕሚታትና ብዝተፈለየ ትኹረት ካብ ክልል ክሳብ ጣብያ ዝተኣሳሰረ ኣወዳድባ ክህልዎም ነዚ ዘተግብር ተወሳኺ ናይ ኣሰራርሓ መምርሒ ክዳሎ ተገይሩ ብትልሙና ምፍፃም።

ኣብ'ቲ ቀልፊ ፖለቲካዊ መኸተ ህዝቢ ትግራይ ከም ሓደ ሰብ ኣብ ዕላመኡ ብዕንዓት ክይዓስል ዕንቅፋት ዝኾኑ ዘለው ናይ ባንዳ ሓይልታት ኣብ ህዝቢ ትግራይ ሙሉእ ብሙሉእ ምቕላዕን ምንፃልን ኣንፈት ይህልወና። 'ዚ ናይ ምንፃል ስራሕ ብሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣቲና 'ቲ ዝበኸተ ሰብ እንተዘይኮይኑ ዋላ ንህወሓት ዝፀልእን ትሬታ ዘሰዎ 'ውን ክይተረፈ ንህወሓት ምዕላእን ምስ ባንዳ ተሰሊፍካ ህዝቢ ትግራይ ምጥፋእን ነኒበይኑ ምኽኑ ክግንዘብ ብምግባር 'ዞም ባንዳ ውድባት ካብ'ቲ ብኹት ወፃኢ ሓደ ሰብ ክይረኽቡ ናይ ምግባር ኣንፈት ይህልወና። ናይ'ዞም ባንዳ ውድባት፤ ውልቀ ሰባትን ማሕበራትን ሓለቓ ብልግዕና ሙሉእ ብሙሉእ ብምጥቃዕ ኣቢልካ ዝፍዐም ናይ መደብ ኣንፈት ይህልወና።

በዚ መሰረት ንብልዕግና ባንዳ ኢልካ ምቕላዕ ከም ዘሎ ኮይኑ ብልዕግና ደመኛ ፀላኢ ደርጊ 'ዩ ብዝብል (ብጭቡጥ ደርጊ ስለ ዝኾነ)ኣንፈት ከም ዲያብሎስ ተወሲዱ ዝኸነ እግሪ መትከሊ ምልክት 'ኳ ክይረክብ ብዘግብር ክምራሕ ዘለዎ 'ዩ። እዚ ክምዘለዎ ኮይኑ ግን ይዕበ ይንእስ ኣብ ኣጀንዳ ረብሓ ትግራይ ኣስተዋፅኦ ዝገብሩ ሓይሊታት ፖለቲካ ምህዳር ትግራይ ብምስፋሕ ንሓቀኛ ተወዳደርቲ ፓርቲታት ኣብ ዘወዳድር ሜዳ ሓቢርና ክንሰርሕ ኢና።ንሚድያ ሕዚ ዘለዎ ፀገማት ገምጊምኻን ኣዕሪኻን ናብ መጥቃዓይ ስራሕቲ ክኣቱ ምግባር።

ኣብ መዳይ ናይ ፀጥታ ስራሕቲ ዝሓዝናዮም መደባት ከም ዘሎ ኮይኑ ሕዚ ብውትድርና ሓዊሱ ብኹሉ መዳይ ዝመፅእ ሓደጋ ንዑርን ናይ ቀረባን ይኸውን 'ሎ። ሓዲኡ ንሓዲኡ ክተፍእ ኣብ ዝለዓለ ጫፍ ምክራር በፂሑ 'ሎ። በዚ መሰረት በዚ መዳይ ዝጀመርናዮ ስራሕቲ ብዕምቆት ተገምጊሙ 'ቲ ክፍተት ተነፂሩ ብህፁፅ ናይ ምትዕርራይ ኣንፈት ክትሓዝ፤ በዚ መዳይ ዘበገሐ ስራሕትና ተገምጊሙ ክምብሓዱሽ ይጠናኸር።

IV ናይ ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ስራሕቲ ቀልጢፍ ለውጢ ክረጋገፀሉ ኣብ ዝግባእ መዳይ ነፂርካ ናይ ምርብራብ ኣንፈት ይህልወና። ኣብ መዳይ ሰናይ ምምሕዳር ውድባን መንግስትን መሪ

ህዝብና ዝኣምነሉን ዝምስክረሉን ሓደ ርኡይ ለውጢ ኣብ ሓጺር ግዜ ናይ ምርግጋፅ እንፈት ይህልወና። በዚ መሰረት ዝተጀመረ ናይ ሴክተራት ሪፎርምን ብጥብቂ ምትግባር። ቀጥተኛ ተሳትፎ ህዝቢ ዝዓብየሉ መዳያት ምጥንኻር። ናይ'ቲ ቢሮክራሲ ሰንሰለትና ናይ ምብጣስ፤ ስልጣን ናብ ታሕቲ ብገፊሑ ዝወርደሉ ነዚ ዘተዓራሪ ተወሰኽቲ ሕግታት፣ ኣሰራርሓታትን ሪፎርምታትን ብህውፅ ምትእትታው።

ምእንቲ 'ዚ ፍሉይ ትልሚ ብሙሉእ ፖለቲካዊ ቅኒት ወዕኢሉ ንግዚኡ ብፍሉይ ወፍሪ ግን ናብ ቀዋሚ ስርዓት ብዘእቱ ቅኒት ንፈፅም። ስራሕቲ ልምዓትና ንመኸተና ዘድሊ ቁጠባ ኣብ ውሸጥና ባዕልና ብንኽእል (ምርግጋፅ ምግቢ ውሕስና ብቤተሰብ) እኳዳኣስ ብኮቪድ-19 ኣብ ዓለም ዝፍጠር ዘሎ ዓለማዊ ቁልጡላው ኢኮኖሚ ዝፈጥረልና ተፅዕኖ 'ውን ኣሚትና ኣብ ቁጠባን ማሕበራዊ ልምዓትን 'ውን ፈሊና ቅልጡፍ ለውጢ እነምፃእሉ መዳይ ነፂርና ንረባረብ። ናይ በጀት ፀገምና 'ውን ምስ ናይ ቀፃሊ ሓደጋ ኣታኣሳሲርና ናይ ገዛርእሱ ትልምን ሪፎርምን ከም ዝህልዎ ጌርካ ምፍፃም።

V. ኣብ ክልልና ሕገ-መንግስቲ ተኸቲልና ኣብ እዋኑ መረፃ ክነካይድ ኣለና። መረፃ ካብ ምክያድ ወፃኢን ሕጋዊ መንግስቲ ካብ ምህላው ወፃኢ ናይ ህዝቢ ትግራይ መሰል ምድምሳስ ከምሃገሩ ቅቡልነት ዘየብሉ መንግስቲ ምኻን ጥራሕ እንተይኮነ መኸተ ዝመርሕ ልምዓታዊ ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ዘይምህላው ብኡ ንብኡ ውድብና ህወሓት 'ውን ዓቕሙ ካብ ምድኻም ንላዕሊ ብመረፃ ቦርድ ኣቢሎም ሕጋዊ ሰብነቱ ብምጥፋእ ብጠቕላላ ዕጥቅና ፈቲሕና ንህዝቢ ትግራይ ምርካስ 'ዩ ክኸውን። እዚ ዝተፈለየ ታሪኻዊ ጥፍኣትን በደልን 'ዩ ክኾን። ስለዝኾነ ዘለና ብሕታዊ ኣማራፂ መረፃና ኣብ እዋኑ ኣካይድና ሕጋዊ መንግስትና ክነቐፅል ኣለና። እዚ እንተይገበርና እንተንቕፅል 'ውን ዝህሉ ውፅኢት ዝኸፍአ ውርደትን ጥፍኣትን ኣብ ህዝቢ ትግራይ ምፍጣር 'ዩ ክኾን ምኽንያቱ ፀላኢ መንግስቲ ትግራይ 'ውን ፈሪሱ ኢዩ ኢሉ ንህወሓት ኣወጊዱ ብዘይጥርጥር ናይ ባዕሉ ሓይሊ ናብ ምቅማጥ 'ዩ ክኸይድ።

ምእንተ 'ዚ ኩሉ ሕጋዊን ፖለቲካዊን ከምኡ 'ውን ሎጀስቲካዊን ምድላዋትና ብህውፅ ንጅምር። ናይ መረፃ ስትራተጂና ንሓንፅፅ፣ ኣመራርሓና፣ ኣባልናን ህዝብናን ነዳሉ፣ ሃገርን ማሕበረሰብ ዓለምን ክርዳኣና ብኹሉ ሸነኽ ንሰራሕ። ነዚ ተኸቲሉ ካብቲ ዕሱብን ሽያጢ ዓዲን ዕግዕተኛ ጉጅለ ክስዕብ ዝኽእል ሸርሒታትን መጥቃዕቲታትን ንምፍሻል ነዚ 'ውን ኣብ ግምት ዘእተወ ሙሉእ ምድላው ንግበር። መረፃና ነካይድ መኸተና ነሓይል ቁልፊ መሰረት ዲፋክቶ ስቴትና እምነ ኩርናዕ ነቐምጥ ሓዱሽ ታሪኽ ሓዱሽ ምዕራፍ ነበስር።

VI. ኮቪድ -19 ጀሚርናዮ ብዘለና ናይ ባዕሉ ዝኻኣለ ናይ ምክልኻል ስትራተጂ መሰረት ብምግባር ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ተኣሳሲርና ህዝብና እነድሕነሉ እንፈት ተኸቲልና ምስራሕ። ተንዲ ናይ ምክልኻል ስትራተጂ ብሰራዊታዊ ምንቅስቓስ ናይ ታሕቲ ቁልፊ ቲሃሮ ሰራዊት ልምዓትን

መኸተ ዝኾነ ናይ መርበብ ወጺዑን ቤተሰቡን መሰረት ጌርና ዋና ሓደ ሰብ ከይተሓዘ ከይሞተ ብዝገበር እንተዘይ ኮይኑ ይማ ሓይማኖ ናብ ዝተሓተ ዘመርጽ እንሬት ምኽታል። ኮቪድ-19 ዘሊዋር ሓደሽቲ ተሰባሪታት ቁጠባ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊን ባህላዊን ጉዳያት መሓትና እንጠበሓለ ናይ ዋዕና ናይ ምክልኻል ዓቕምና ናብ ልዑል ብርኪ ክሰጋገሩን ዕድላት ዐንቂትና ብንዋቶመሉን እንሬት ምፍጣም። ንስማዊ፣ ክባቢያውን ሃገራዊን ምዕባለታት ኮቪድ-19 ብቸረባ ብምኽትታል ተወሰኹ፡ እንፈታትን መደባትን ብምሕንፃፅ ንውሳኔና ይኹን ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ክም ቁልፊ መቃለሲ ኣጀንዳ ምቅቃም።

### 5.1.3. ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ዝህልወና ናይ ቃልሲ ስልቲታት

I. ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ቁልፊ መቀፃፀሊ ምፍራስ ሕገ-መንግስትን ናይ መረፃ ኣጀንዳን ዝኾኑሉ ኩነታት ምፍጣር ናይ መደብ እንሬት ይህልወና። ኣብ ገምጋም ሃገራዊ ኩነታትተብገስና ቅድሚ መረፃ 'ዚ ፅግዕተኛ ኣሃዳዊ ሓይሊ ብፍፁም ፀረ ደሞክራሲ ዝኾነ መንገዲ ስልጣኑ ሒዙ ክቕፅል ወሲኑ ዘሎ 'ዩ። 'ዚ ፍፁም ፀረ ሕገ-መንግስቲ 'ዩ። በቲ ካሊእ ገፅ መረፃ እንተዝካየድ 'ውን ብሓይሊ፣ ብድለላን ሙሉእ ምዕፅብርባርን ናይ ሞትን ሕየትን ቃልሲ ጌሩ ብፍፁም ዘይሕጋዊ መንገዲ ግን ሕጋዊነት ዝተላበሰ ናይ ሓደ ምዕራፍ ስልጣን ሰዓረ ኣለኹ ክብል 'ዩ ዝጸሎ ዐኒሎ። ነዚ ድማ ጥርጥር የብሉን ነይቶቱ ክዕድቕሉ ዝኽእሉ 'ዮም።

II. እቲ ኩነታት ክልቲኡ ቅድሚ መረፃ 'ውን ንድሕሪ መረፃ 'ውን ነዚ ሓይሊ እንተይኣወጊድካ ዘለዎ ውዕኢት ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ናይ ምፍራስ ውዕኢት 'ዩ። 'ዚ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ብንብይኡ ዝውቅዕሉ ሃገር 'ውን ዝፈርሰሉ ኩነታት 'ዩ ዝፈጥር። ንሕና ነዚ ብንፁርን ብዕሊን ተገንዚብና ህዝብናን መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያን ዘተኣኻኽብ ስልቲን ሜርሖን ኣመሓይሽና ናብ ዝተፈለየ ናይ ቃልሲ ምዕራፍ ክንኣቱ ኣለና። እዚ ፅግዕተኛ ሓይሊ ሉኣላዊ ስልጣን ህዝቢ ጠንጢኑ ብፍፁም ገባሪ ሓዳግነት ስልጣኑ ኣቐፂሉ ኣሎ።ናይ ሕዚ ቐንዲ ሜርሖና ሓደ እዚ ሓይሊ ፍፁም ዘይ ሕገ-መንግስታዊ 'ዩ ይውረድ ይወገድ፤ ካልኣይ ኣብ ትሕቲ ናይ ብልፅግና ኣመራርሓ ዝካየድ መረፃ ነዚ ሃገር ጥፍኣት 'ዩ ብዝብል ብጥብቂ ዝተኣሳሰሩ ሜርሖ ሒዝና 'ቲ ቃልሲ ናብ ካሊእ ምዕራፍ ክነሰጋግሮ ኣለና። ስለ ዝኾነ ቀንዲ ሜርሖና ፅግዕተኛ ዕሱብ ሽያጢ ዓዲን ኣሃዳዊ ዘይሕጋዊን ብልፅግና ስልጣን የብሉን መረፃ 'ውን ክመርሕ የብሉን ናብ ዝብል ክሰግር ኣለዎ።

III. ኣብ ላዕሊ ምስ ዝተቐመጠ ናይ ኩነታት ለውጢ ወሲኹ ክውን ኮይኑ ዘሎ 'ዚ ፅግዕተኛ ሓይሊ ነቲ ዝፀንሖ ዘይሕጋዊ ስልጣኑ ድሕሪ 4ተ ወርሒ ጉልባብ 'ውን ጠቒሊሉ ቀሊዑ ብሕዚኡ ሕገ-መንግስቲ ኣፍሪሱ ምእንቲ ድሕንነት ሃገር ስልጣን ቀጺለ ኣለኹ ኢሉ መፈንቅለ መንግስቲ ጌሩ ክም ዝቕፅል ኣረጋጊፁ ኣሎ። ስለዚ ድማ ኣብ ስልጣን ክፀንሕ 'ውን ፍፁም ዘይሕጋዊ 'ዩ መረፃ ክመርሕ 'ውን ዘይሕጋዊ 'ዩ። በዚ መሰረት ክልቲኡን ክመጋገባ 'የን። ስለ ዝኾነ 'ዚ ሓይሊ ስልጣን 'ውን ብፍፁም ክቕፅል የብሉን መረፃ 'ውን ብፍፁም ክመርሕ የብሉን። ሃዋ እንተኣሊ ክም ...

ከም ማንም ፓርቲ ይወዳደር። በዚ መሰረት ናይ ስልጣን ክፍተት ዝመልእን ናይ መረፃ ምምራሕን ስራሕቲ ክሳብ መረፃ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈት ዓዲ ዝመርሕ ሓዱሽ በዓል ሓደራ መንግስቲ ካብ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ወፃኢ ግን ፖለቲካዊ ፓርቲታት ተረዳድኦን ዝውክልኦም ሲቪልያን መንግስቲ ይጣየሽ ዝብል ጭርሖ ካልኣይ መቃለሲና ነጥቢ ንግበር።

IV. 'ዚ እንቕምጦ ዘለና ስልቲን መቃለሲ ጭርሖን ዕግዕተኛ ሓይሊ ዝቕበሎ ኣይኮነን። እኳደኣስ ኣብ መንጎና 'ውን ናብ ሙሉእ ምፍጣጥ ክሰጋግረና 'ዩ። እዘን ስልቲታት ለውጢ ክምዕእ እንተኾይኑን ብዝዓበየ ቅድሚ መረፃ፤ መረፃ 'ውን ብኢደ ወነኑ የመሓላልፍ ስለ ዘሎ ዝፀንሐ ምልዕዓላትን ብዓብይኡ ድማ ሕዚ ዝውሰድ ዘሎ ዘይሕጋዊ ስልጣን ምቕፃልን መሰረት ጌይሩ ዝፍጠር ገፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞታትከም ዝህሉ እውን ፍሉጥ እዩ። እዚ እውን ሳልሳይ መቃለሲ ስልትና ይኾን። ኣብ'ዚም ስልቲታትን ጭርሖታትን ብዓሚቕ ምይይጥ ኣብሲልና ቅድሚ ኹሉ ምስ መሓዙትና ሓይልታት ሕብረ-ብሄራዊ ፌደራሊዝም ኣብ ሙሉእ ምርድዳእ ምብፃሕ የድሊ። ንሃለዋትን ድሕንነትን ንህዝቢ ትግራይ 'ቲ ዝበለፀ ስልቲን እዋንን እዚ 'ዩ።

V. እዘን ኣብ ላዕሊ ተቐሚጠን ዘለዋ ሓደሽቲ መቃለሲ ስልቲታት ንምትግባርን ዘሎ ፈተና ከቢድ 'ዩ። 'ዚ ዕድል 'ዚ ንምስፋሕ ሕዚ ሓይልታት ሕብረ-ብሄራዊ ፌደራሊዝም ካብቲ ዝኒህዎም ምፍዛዝ ኣውፂእኻ ናብ ንጡፍ ተዋሳኣይነት ብፍላይ መሪዕካ ኩሉ ዓይነት ድጋፍ ጌርካ ምስግጋር የድሊ። ንብሄራትን ብሄረሰባትን ህዝቢታትን ኢትዮጵያ 'ውን ብኹሉ መንገዲታት ምልዕዓል ምውዳብ ከድሊ 'ዩ። ብሄር ብሄረሰባት ክለዓዓሉ ብሚድያ ትሉሙን መጥቃዓይን ብዝኾነ መንገዲን ዝሰራሕ ክኾን 'ዩ።

VI. 'ዚ ዝተቐመጠ መቃለሲ ስልቲታትን ጭርሖታትን ሒዝና እንትንወፅእ ካብ መፈለምትኡ 'ውን ንዓና ምጥፋእ ዕላምኡ ስለዝኾነ ሕዚ 'ውን ብዕሊ ኣዊጁ ስለዘሎ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ትግራይ 'ውን ኣብ ማእኸል ሃገር ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ሓዊሱ ናብ ህውከትን ሞትን ሙቱስልቲን ኮማንድ ፖስት ብምጥያሽ ገለ ስጉምቲ ምውሳድ፤ ብመረፃ ቦርድ ናይ ምእጋድ ስጉምቲ ክወስድ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ዘእተወ መፍትሒታተን ኣነፂርና ክንቃለስ ኣለና። ዲፕሎማስያዊ ስራሕትና እውን ብዝርገዝ እናተኻታተልና ረብሓና ብዘረጋግፅ መንገዲ ክንወፍር፣ በዚ መንፅር ተቓንዩ ክምራሕን ክስራሕን ኣለዎ።

## 5.2. ሐዚ ብህፁፅ ብመላእ ህዝብና ዝስርሓ ጭቡጣት ተልእኾታት!

I. ምክልኻል ቫይረስ ኮሮና ከም ካሊእ ዓውደ ግንባር መኺተ ም኿ኑ ተረዲእኻ ተኸላኸል። ብቫይረስ ኮሮና ከይትስኮን፣ በዚ ለበዳ ኣይጥቃዕን ኢልካ ንኮሮና ዝወፍርን ዝከላኸልን ሰራዊት ህነፅ፣ ቤተሰብን መርበብን መሰረት ዝገበረ ምንቅስቓስ ወልዕ፣ ኩሎም ዓይነታት መከላኸሊ ኣገባባት ብዕነዕ ድስፕሊን ፈፅም፣ ንምክልኻል እዚ ሕማም ተባሂሎም ዝወፁ ሕግታት ኣኽብር፣ በዚ ቫይረስ ከይትስኮን፣ ከይትሰዓር፣ ከይትበሳበስ ኩሉ ነገር ኣብኢድካ፣ ኣብ ቅልፅምካን ለባም

ኣተሓሳስባኻን ምኽኑ ፈሊጥካ ተልዓል። ኣብዚ ዝተፈጠረ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣብኡ እንተሎ ገሩ ብምዛር ንኹሉ ዓይነት መኸተ ክገልግል ከም ዝኽእል ዓሊምካ ስራሕ።

II. ሓዚ ቁልፊ ስራሕኻ ገይርካ ክትወስዶ ዝግባእ ኣብ ዝመልከተካ ውዳበ ኣቲኻ ምውዳብ፣ ምንቃሕን ምንቅስቓስን እዩ።ኩሉ ሰብ ኣብ ውዳበ ይእቶ፣ ዋላ ሓደ ሰብ ዘይተወደበ ክሀልወና ኣይብሉን፣ ካብዚ ወፃኢ ኑቲ መኸተ ክንሰግሮ ኣይንኽእልን። ቅድሚ ኩሉ ንኩናት ብኹለመዳይ ተዳሎ፣ ክባቢኻ ብማንም ባንዳን ዕሱብን ከይበሳበስ ቁጁሕ ኮይንካ ሓሉ። ፀረ ደርግን ባንዳን ቃልሲ ወልዕ። ንባንዳታትን መሳርሒ ደርጋውያንን ዝኾኑ ዕሱባት ኣቃልዕ፣ ንስርገትን ቀለም ወያነን መክት፣ ኣበርዕን። ጅኃኑ ደቅኻ ዝወደትሉ ጎቦታት፣ ሜዳታት፣ ሽንጥሮታት ትግራይ ብባንዳታትን ዕሱባትን ኣይድፈርን። እታ ባይታ ንባንዳታትን ደርጋውያንን ብፍፁም ዘይትግወር ረመፅ ግበራ። ምስዚ ጎኒ ንጎኒ ከባቢታት ፈሊኻ ዘለዉ ፀገማት ብሙሉእ ዘይጉዱል ተሳትፎኻንምፍታሕ ውፈር።

ንመረፃ ትግራይ 2012 ዓ/ም ብኹሉ ገፅ ምድላው ምግባርን ምንቅስቓስን። ምእንተዚ ናይ መረፃ ሰራዊት ፈጢርካ ምዕናሕ። ጉጅለ ልምዓት፣ መርበብ ሓደ ንሓሙሽተ ብዘለዎ ትርጉም ተወደብ። ናይ መረፃ ኩለመዳይ ድስፕሊን ኣኽቢርካ ንዓርሰ ምሕደራ ትግራይ ዘቐዕል ኮይኑ ክኸይድ ተዳሎ። ፖስመርካ ኣዕኒዕኻ ሓገዝ፣ ናይ ሞትን ሕውየትን መደብ ገይርካ ውሰድ።ንዝመፅእ ኩሉ ዓይነት ተፃብኦ ክትምክት ተዳሎ፣ ተመዓራሪኻ ኩለን ክሳዳትን ከባቢታትን ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ክትትልካ ገይርካ ተንቀሳቐስ፣ መረፃኻ በቲ ዝተቐመጠሉ ሽቶን ኣንፈትን ዕዉት ኮይኑ ክዛዘም ኣድላዪ ምድላው ግበር።

III. ሙሉእ ናይ ዕጥቃን ኩናትን ምድላው ይሃልኻ። ከባቢኻ ብዝግባእ ሓሉ፣ ቁሸት እምቢታ ፍጠር፣ ኣብ ሙሉእ ፍልጠት ዝተመስረተ ናይ ጨጉረ ለወጥ ክትትል ግበር፣ ዓድኻ፣ ደጀንካ ከይድፈር ብንቅሓት ሓሉ። ናይ ሓደጋ ድልውነት መንፈስ ፍጠር፣ በቢኸባቢኡክፈጥር ዝኽእል ሓደጋ ፈሊጥካ መከላኸሊኡ ሕሰብ፣ ንዝኾኑ ይኹን ክባ ፈንጊሕኻ ንምውፃእ ዘኽእል ዓቕምን ድልውነትን ፍጠር፣ ኣስተብሂልካ ሰጉም፣ ንባንዳን ክርዳዳትን ንቐል። ውዳበታትካ ኣጠናኽር፣ ናይ ቃልስን ኩናትን መሳርሒ ክኾና ግበር። ባዕልኻከባቢኻ ኣጠናኽር፣ ሓሉ።ንዝፍጠር ኩነታት መእተዊኻን መውፅኢኻን ኣነፂርካ፣ ዘሎ በርታት፣ ክሳዳትን ፈሊጥካ ትሉም ብዝኾነ መንገዲ ምድላው ግበር። እቲ ኩናት ኣብ ሞንጎ ህዝብን ፀረ ህዝብን ዝካየድ ግጥም ስለ ዝኾነ ንኹሉ ሙሉ ተዳሎ።

IV. ኣብ ልምዓትን ኢኮኖሚያዊ መደባትን ርኡይ ለውጢ ኣምፅእ። ናይ ሉምዘበን ክረምቲ ከምቶን ካልኦት ዝሓለፉ ክረምቲታት ኣይኮነትን። ዝተፈለየት እያ። ንኩለ መዳይ መኸተና ዝዕውር ኢኮኖሚ ፍጠር፣ ኣብ መዳይ ኢኮኖሚ ዝገጥመና ፈተና ሓደ መልክዕ ኩናት ምኻኑ ተረዲእካ ስራሕ። ኣብ መትከል ዓርሰ ምርኮሳ ዝተመስረተ ምንቅስቓስ ይሃልኻ፣ ኣብ ምህርትን መፍረያይነትን ሕርሻ ለውጢ ኣምፅእ። ምእንተዚ ምህርቲዝውስኹ እታወታት መዓበርያ

ተቓውሞ ዘርኢን ካልኦት ቴክኖሎጂታትን ብንቲትካ ተጠቂምካ ብፖሊሲ ፈስምለይትን ቀትርን ሙሩፅ ዘርኢን ካልኦት ቴክኖሎጂታትን ብንቲትካ ተጠቂምካ ብፖሊሲ ፈስም።ለይትን ቀትርን

ሙሩፅ ዘርኢን ካልኦት ቴክኖሎጂታትን ምድላው ይሃልኻ፣ ብኢኮኖሚ ኣይንስኮንን ዝብል ስራሕኻ ለውጢ ኣምፅእ።ንኣምባሳ ዝከላኸል ምድላው ይሃልኻ፣ ብኢኮኖሚ ኣይንስኮንን ዝብል ስራሕኻ ለውጢ ኣምፅእ። ኣብ ኩሉ ደኣንት መሰረት ዝገበረምንትስቓስወልል፣ ሓዱሽ ሃፍቲ ፍጠር፣ ምንትስቓስ ፍጠር። ኣብ ከተማ ደኣንት መሰረት ዝገበረምንትስቓስወልል፣ ሓዱሽ ሃፍቲ ፍጠር፣ ምንትስቓስ ፍጠር። ስራሕ ከይነዓቅካ ኩሉ ዓይነት መማረፂታት ተጠቂምካ መማረፂታት ኣቶት ኣስፍሕ፣ ስራሕ ስራሕ ከይነዓቅካ ኩሉ ዓይነት መማረፂታት ተጠቂምካ መማረፂታት ኣቶት ኣስፍሕ፣ ስራሕ ዕድል ፍጠር። ትግልን ለሚን ንበይኑ እዩ። ስራሕ ምፍጣር ናይ ሞትን ሕውየትን መደብ ገይርካ ውሰድ። ካብ ድኽነት ውፃእ፣ ስራሕ፣ ንኸፉእ ግዜ ዝኸውን ሃፍቲ ፍጠር፣ መፍረያይነት ወስኽ፣ ልቓር፣ ኣይተባኸን።

V. ኣብ ሰናይ ምምሕዳር መሰረታዊ ለውጢ ኣምፅእ።ንባዕልኻ ንሰናይ ምምሕዳር ጠንቂ ዝኾኑ ነገራትን ተግባራትን ውፃእ፣ ሙሉእ ዘይጉድል ተሳትፎኻ ኣረጋግፅ፣ ዐረ ግዕዝይና፣ ብላዕ፣ ወገንነትን ኣድልዎን ንባዕልኻ ነፂግካ ቃልሲ ኣንፃህር፣ ካብ ሕመቓትን ዘይሕጋዊ ተግባራትን ውፃእ፣ ለውጢ ኣምፅእ። ኩሉ ነገር ትሕቲ ሕጊ እዩ። ካብ ሕጊ ወፃእ ንዝኸይድ ብትሪ ንቓፍ፣ ምሕረት ዘይብሉ ቃልሲ ግበር፣ ምእንቲ ፍትሒን ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅ ኢሎም ጀጋኑ ደቅኻ ዝወደቑላ ትግራይ ኣብ ልዕሊ መቓብርም ኮይንካ ሕጊ ምጥሓስ መንገዲ ምዕፃው ግቡእ ኢልካ ብዘይንሕስያ ተቓለስ። እዚእ ክትገብር መጀመርያ ንባዕልኻ ካብ ከምዚ ዝበለ ተግባር ነፃ ኹን። ኣብ መትከል ልዕልነት ሕጊ ደው ኢልካ ተቓለስ። ከምዚ ዝበለ ኩለመዳይ ቃልሲ ብምክያድ ሰናይ ምምሕዳር ኣረጋግፅ።ባንዳታትን ሃመማታትን ዝዓርፉለን ሕመቓትን ጉድለታትን ኣፅሪ፣ ኣወግድ።

VI. እዚ ኩሉ ልኡኽ ብብትግኣት ጥሒስካ ንምውፃእ ውዳበታት ውድብን ህዝብን ብእኹል መጠን ክጠናኸራን ክሕይላን ኣለወን። መሰረታዊ ውዳብ፣ ዋህዮ፣ ልምዓት ጉጅለ፣ ሓደ ንሓሙሽተ መርበብን ተጠናኺረን ክወፃ ተንቀሳቀስ። ንባዕልኻ ኣብዚ ውዳብ ኣቲኻ ንቑሕ ተዋስኦ ኩን።ካብ ውዳብ ወፃእ ዝዕወት መኸተ የለን። ካብ ሚእቲ ሰብ ዘይተወደቡ ዓሰርተ ሰብ ግን ድማ ዝተወደቡ እዮም ሓያላትን ሰዓርትን። እቶም ሚእቲ ብቴናት ስለ ዝኾኑ እቶም ዓሰርተ ውዱባት እናቖራርፁን እናዛብዑን ይድምስስዎም። ስለዚ ዓቅምታትካ ወዲብካ፣ ቅልዕምካ ናብ ሓደ ጠሚርካ ሰፍ ዘይብል ዕዉት ኣብ ልዕሊ ባንዳታት፣ ምድሕርሓርን ደርጋውያንን ንምዕራፍ ዘኽእል ውዳብ ይሃልኻ፣ ተወደብ፣ ንኹለመዳይ ኩናት ተልዓል።ምእንቲዚ ናይ ውድብን ህዝብን ውዳበታትናይቲ ግጥም ቴልፈ ዓቅምታት መኸተ ምኒኒን ዝተረድአ ምንቅስቓስ ይሃልኹ። ካብዚኣን ወፃእ ዝዕወት ነገር የለን። ኩሉ ቀልብኻን ዓቅምኻን ውዳበታት ኣብ ምጥርናፍ ኣውዕሎ፣ ነዚኣን ሒዝካ ተቓለስ።

መስመርና እዕኒዕና ንመኸተ!

ሕድሪ ስውኣትና ኣይንዕብርን!

ቤት ፅሕፈት ህወሓት

ሰነ 2012 ዓ/ም

### 4.1.4. ዘይተወደቡ ክራይ ኣከብትን ፀበብትን ሓይሊታትን ፖለቲካ ትግራይን

I. ዝፍለጥ ዕላዊ ኣወዳድባ ዘይብሎም ግን ድማ ዝተፈላለየ ሚላታት ርክብን ምትእስሳርን ዘለዎም፤ በናእሽቲ ናይ ምይይጥን መራኸብን ጉጅለታት ዝጥቀሙ ብማሕበራዊ ሚድያ ዝተወደቡ ገሊኦም ድማ ብውልቆም ኮይኖም ኣብ ድሕሪት ንዝተፈላለዩ ኣወዳድባታት ዘንቀሳቕሱ፤ ሙሁራት፣ ኣብ ምምሃርን ምርምርን ዝሰርሑ፣ሰብ ሃፍቲ ከምኡ'ውን ስዑራትን ቂመኛታትን ኣብ ውሽጥና ዝነበሩ ኣመራርሓ ብናይ ተሃድሶ ቃልሲ ዝተሸጋሸጉን ካልኦት ፀበብቲ ክራይ ኣከብቲ ሓይልታትን ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ዘለዎም ተፅዕኖ ብዝግባእ ክድህሰስ ዘለዎ'ዩ። ብሓፈሻ ንኡስ ብርጌሮዋ ብፍላይ ድማ 'ቲ ዝተማህረን መንእሰይን ንኡስ ብርጌሮዋ ብበዝሑን ፀላዋይነቱን ተጠናኺሩ ዝወፀሉ እዋን ኢለና። እዚ ብዙሕ ሊሂቅ 'የ ዝብል ኣብ ሕሉፍ ቃልሲ፣ ኣብ ህልውን መፃኢን ጉዕዞ ትግራይን ኢትዮጵያን ኣብ መስመራት ውድብ ሰፊሕን ዝተፈላለዩን ኣጀንዳታት እናቐረፀ ኩሉ ዓይነት መራኸቢ ሚላታት ተጠቒሙ መልእኽቲ ዘሕልፍ፤ ዝዐለ ሓይሊ ዝእከብ ዝብትን ኮይኑ ይወፅእ ኣሎ። ካብዚ ድማ እቲ ፀቢብ ጉጅላዊ ረብሓ ዝእምትን ክራይ ኣካቢ ዝኾነ ሓይሊን ከምኡ'ውን ተሳዒኑ ቂመኛ ዝኾነ ሓይሊ ህወሓትን መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲን ክበሳብስ ዕላዊ ዘይኮነ ምትእስሳራትን ኣወዳድባታትን እናፈጠረ ብገፊሑ ይሰርሕ ኢዩ ዘሎ።

II. ኣብ ትግራይ ይኹን ኣ/ኣበባ ዘለው ዕግዕተኛታት ሰብ ሃፍቲ 'ውን ገሊኦ ምስ ብልዕግና ገሊኦም ኣብ ድሕሪ ባንዳ ውድባት ገሊኦም 'ውን ብሽም ሲቪክ ማሕበራት ኣብ ዝተጣየሸ ድሕሪት ኮይኖም ምንጪ ናይ ሓሳብ፤ ገንዘብ ንማተርያልን ኣወዳድባን ኮይኖም ውድብን መንግስትን ኣብ ምፍራስ ዝተዋፈሩ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኩሉ ነገር ኣብ ኣማራዊ ሓይልታት እንትምስረት'ዩ ሚዛን ዝሕሎ ኣብ ኢድ ህወሓት ምውዳቕና ዋጋ ኣኽፊሉና 'ዩ ሕዚ ሃገር ተቐይሩ 'ዩ፤ ዘይተቐየረ ትግራይ 'ዩ ዝብል ኣንፈት ሒዞም ብልዕግና ጨንፈር ትግራይ ክምስረት ዝተፈለየ ተራ ዝተፃወቱ፤ ኣብ ቀፃሊ ምምኻር ብልዕግና ዝተዋፈሩ ዕግዕተኛታት ሰብ ሃፍቲ ኣብ ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይ ዘስዕብዎ ሓደጋ ብዝግባእ ክረአ ዘለዎ'ዩ።

III. እዞም ናይ ተናፀል ግን ዕላማን ተልእኾን ዘለዎም ኣብ'ዚ ዘመን ካብ ዘሎ ዲጅታል ሚድያ ፈሊኻ ክራኣዩ የብሎምን። ንዝኾነ ዜጋ ጋዜጠኛ ኣብ ዝገበረ መዋእል፤ በየ ኩርንዑ ኮይኑ ኣጀንዳ እናቐረፀ ናይ ምውፋር ዓቕሚ ዘለዎን ብዕስቡነት ዘገልግል ኣክቲቪስትን ብስፍሓት ኣብ ዘለሉ እዋን ናይ ተናፀል ግን ዕግዕተኛ ሓይልታት ፖለቲካ ትግራይ ናብ ናይ ገንዘብ ሽቀጥ ዕዳጋ እናውረዱ ናይ ዓመፅን ህውከትን ሃዋህውን ተግባርን ክፈጥሩ ይሰርሑ 'ዮም ዘለው። ክሳብ ሕዚ ኣብ ገሊኡ ከባቢታት ትግራይ ኣብ ዝተራኣየ ኣናእሽቲ ናይ ህውከት ምልክታት 'ውን ኣብ ድሕሪት ነይሮም 'ዮም። ብኣጠቓላሊ ኣብ ምምሕዳር ፖለቲካ ትግራይ ተዋሳእቲ ኮይኖም ዝወፁ ዘለው ሓይልታት ንሕዚ ኣብዞም ዝተላዕሉ መበገሲ ጌርካ ምርኣይ ይኣክል'ዩ። 'ዚ መበገሲ ብምግባር 'ዞም ሓይልታት ዝቃለስሉ ዘለው ትሕዝቶታትን ኣጀንዳታትን ናብ ምርኣይ ንስገር።

### 4.1.5. እዞም ሓይልታት ዘንፀባርቑ ዘለው ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት

I. ኣዕላልቲ ናይቶም ሓይልታት የስተምህሩ ኣብ ዘለዎ ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት 'ውን ዝመሳሰሉን ዝተሓዋወሱን 'ኳ እንተኾኑ ከም ሰልፎም ኣጀንዳታቶም 'ውን ዝተፈላለየ 'የ። ቃለሰናዶ'ውን ነዚ ዝተረደአ ክኸውን ይግባእ።

II. ሰልፊ ባንዳታት፣ ክራይ ኣከብትን ሰዕራትን ቲመኖታትን ከምኡ'ውን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሓዊሱ (ኣብቲ ዋና ናይ መጥቃዕቲ ኣጀንዳ ቁልፊ ተዋሳኣይ ስለዝኾኑ) እቲ ቁልፊ ዝዘምትሉ ዘለው መደይ መኸተ ዝመርሕ ዘሎ ውድብናን መንግስትናን ናይ ምውቃዕ፣ ምድኻምን ምፍርራስን ብኹሉ ሸነኽ ዝተቐደደ ናይ መጥቃዕቲ ኣጀንዳ 'ዩ። 'ዚ ዝተዋደደ መጥቃዕቲ ታክቲካሊ 'ውን ስትራተጂካሊ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ዘሎ'ዩ። እዚ ውድብናን መንግስትናን ናይ ምጥቃዕ ኣጀንዳ ብ4ተ 5ተ መልክዓት ዝወፍር ዘሎ 'ዩ።

ከነ ኢልካ መኸተ ምዕንቃፍን ክብርታት ህወሓት ምብስባስን እቲ ሓደ ብስፋሕት ዝስራሓሉ ዘሎ ኣጀንዳ 'ዩ። ናይ መኸተ ኣጀንዳ ህወሓት ህዝቢ ትግራይ ከም ዝተኸበበ እምሲሉ ፈጢሩ ንተቛባልነቱ ኢሉ ዘምበድብዶ ዘሎ 'ዩ። ሃዋ እንተበለ ብዕርቂ ብድርድር ዝውዳእ እናሃለወ ዝኣረገ ዝበሰበሰ ውድብ ድኹመቱ ብናይ መኸተ ኣጀንዳ ንምሽፋን 'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ ኢሉም ይዘምሩ ኣለው። ክብርን ውርሻን ውድብናን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ናይ ምውቃዕ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ 'ቲ ካልእ ምስ'ዚ ንቱቢ ተኣሳሲሩ ዝስራሓሉ ዘሎ 'ዩ። ሓይሊ ምድሕርሓር ሃገራዊ ሓይሊ 27 ዓመታት በልማት 'ዩ እሩ ኢሉ ክብርታት ኢህወደግ ከም ዝወቕዕ ኹሉ ኣብ ትግራይ 'ውን ህዝቢ ትግራይ 27 ዓመታት እይተረብሓን፣ ትግራይ እንታይ ረኺባ 'ያ። ንሸዋ እዮም ሰሪሖም መሪሕነት ህወሓት ስትራተጂያዊ ስሕተት ፈፂሙ 'ዩ ናይ ትግራይ ብሄረተኝነት እየንልበተን እይተሓለቐን። ህወሓት ናይ ሓሳብ ውድብ እይኮነን ትጆኣዊ ምትእስሳርን ርክብን ዘለዎ ናይ ውስናት ሰባት ናይ ሓደ ኸባቢ ናይ ስልጣን ጸትምርኪ 'ዩ ---ወዘተ ብዝብል ሊጋሲ ናይ ምሽርሻር ወፍሪ ብገፊሑ ይኸይድ ኣሎ።

ንመሪሕነት ህወሓት ክፋፊልካ ናይ ምውቃዕ እቲ ካልእ ሓደገኛ ካልኣይ ኣጀንዳ 'ዩ። 'ዚ ህወሓት ናይ ዝኸይድ ዘለው ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ህወሓት ናይ ስልጣን ፀረ ስልጣን ሓርፈ [illegible] ከም ዝተኸፋፈለ፣ ገሊኦ ናይ ሸዋ ሓይሊ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ክገብር ዝቃለስ ፀረ ስልጣን፣ ገሊኦ ከፉል ትግራይ ሃገር ክገብር ዝቃለስ ናይ ስልጣን ሓይሊ ገሊኡ ምስ ግዜ ዝኸይድ ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ዘይብሉ ናይ መደረኸ ናይ ስልጣን፣ ገሊኡ ዝገበርካ እንተገበርካ ዘይልወጥ ገሊኡ [illegible] ገሊኡ ዘይሰርሕ ዘየሰርሕ መዕንቀፊ ይ፣ ገሊኡ ኣብቲ ሃገራዊ ፖለቲካ [illegible] ዘለዎ ገሊኡ ዘሰላስል ካብዚ ሓሊፉ ናይ መንግስቲ እንባ፣ ናይ ውድብ እንባ [illegible] ብዝተፈላለየ መንገዲ ብሰሩዕ፣ ብዘይስሩዕ ብማሕበራዊ ሚድያ [illegible] ኣጸዋረዑ ሓቂ ብዝመስል ዝረባረብሉ ዘለው ኣጀንዳ 'ዩ።

መንግስትን ውድብን ይፈላለ ዝብል ናይ ጥፍኣት ኣጀንዳ እቲ ሳልሳይ ኣጀንዳ 'ዩ። 'ዚ ኣጀንዳ በዚ'ም ሓይሊታት ብስፍሓት ዝለዓል ኮይኑ ኢሓሎ መሲለን መንቆር ከም ዝበሃል ብሓልዮት ዝተጎልበበ ናይ ምፍራስ ኣጀንዳ ዓብይ ቦታ ሒዙ ይሰራሓሉ ኣሎ። 'ዚ ኣጀንዳ 'ዚ ሓደገኛ ዝገብሮ ድማ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝለዓለሉ ቅኒት ብምዝባዕ ኣብ ጉልባብ 'ቲ ናይ ውድብ ኣጀንዳ ኣትዩ ናይ ጥፍኣት ዕላምኡ ዘስጉም ዘሎ ምኻኑ 'ዩ። ንሕና መንግስትን ውድብን ትካላዊ ስርዓት ሓልዮም ይኺዱ እንትንብል ናይ ውድብ ፖለቲካዊ መሓውር ካብ ዋና ተልእኾኡ ወጺኡ ተደራቢ ናይ መንግስቲ ቢሮክራሲያዊ መሓውር ኮይኑ ብዘይ ውዕኢት ከይሕምዙ'ቶ፤ ብቲ ካሊእ ገፅ ድማ ኣመራርሓ መንግስቲ ፖለቲካዊ ስራሕ ነቲ ፖለቲካዊ መሓውር ገዲፉ ቢሮክራሲ ኮይኑ ክልተ ዘይሰርሕ ቢሮክራሲ ውድብ 'ውን መንግስቲ 'ውን ዘይኮነ ከይፍጠር፤ ካልኣይ ድማ ናይ ሃፍትን ትካላዊ ህንፀትን ብዘለዎ ፋይዳን መራሒ ናይ'ቲ ሕ/ሰባዊ ለውጢ 'ውን ውድብና ምኻኑ ኣስሚርና ኢና።

ይኹን 'ምበር ካብዚ ብዝተፈለየ ዝሓለዩ መሲሎም መንግስትን ውድብን ብዘይምፍላዮም ነገር ይባላሾ ኣሎ መኸተ ይዕንቀፍ 'ሎ ሕዚ መንግስቲ 'ዩ ክጥንክር ዘለዎ መኸተ ናይ መንግስቲ 'ዩ ስለ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ሪፎርም 'ዩ ክጥንክር ዘለዎ፤ ውድብ ካብ'ዚታት ክገልስ ኣለዎ ናይ መንግስቲ ኣመራርሓ 'ውን ክምድብ የብሉን። ታሕተዎት መሓውራት ድማ ነቲ ህዝቢ ይዋሃቦ ናይ ውድብ ሰባት፣ ኣመራርሓ፣ ክቐርቡ የብሎምን---ወዘተ ዝብል ኣጀንዳ ቀሪያም ንውሽጥና 'ውን ክይተረፈ ብድፍረት ዝቖርብሉ ኩነታት እናተርኣየ 'ዩ። 'ዚም ሓይሊታት ንውድብ ዐሊኦም ንመንግስቲ ፈትዮም እንተይኮነ፤ በዚ ኣጀንዳ መራሒ ፓርቲ ውድብ ህወሓት ወቒያም ትርጉም ዘይብሉ መንግስቲ ብምፍጣር ንኹሉ ሽባ ብምግባር ጉዕዞ ልምዓታዊ ዴሞክራሲ፤ ጉዕዞ ናይ ሕዚ መኸተ ብጥበብ ናይ ምዕንቃፍ ዐረ ህዝብን ትግራይን ኣጀንዳ ምኻኑ 'ዩ።

ኩሎም ኣጀንዳታት ኣተኣሳሲሮም ናይ ቀለም ወያነ ምክያድ 'ቲ ካሊእ ዝሀቀን ዘሎ ራብዓይ ኣጀንዳ 'ዩ። ሕዚ ኣብ ትግራይ ኣብ ብዙሕ ሸነኽ ብፍላይ ከባቢንት ማእኸሉ ዝገበረ ብዝተፈላለዩ ኣጀንዳታት ተዓጂቡ ናይ ቀለም ወያነ ንምስዋር ዝዕልሙ ሓይሊታት ይበራኸቱ ኣለው። ብኸፋል ድማ ቀለም ወያነ ተጀሚሩ 'ዩ። ቁልፊ መተሓባበሪ ናይ'ዚ ብልዕግናን ጉጅለ ኢሳያስን ተኣሳሲሮም ከምኡ እውን ብዝተፈላለዩ ጉጅላዊን ውልቃዊን ረብሓታት ከማልኡ ዝዓለሙ ሒዙ ውሽጢ ውሽጢ ክዕምፁ ህውከት ክለዓል ዐለውቲ መናእሰይ እናመልመሉ መርበባት ንምፍጣር ይፍትኑ ኣለው። መንእሰይ ንኽድመዕ ክዕምፅ ኣለዎ፤ ህወሓት እንተዓሚፅካ 'ያ ትድንግፅን ትፈርሕን፤ እናተዓፈንካ ካብ ምንባር ዝጠፍእ ይጥፋእ ዓመፅ ክህሉ ኣለዎ ኣብ ስራሕ ዘየለ መንእሰይ ንዓመፅ ክለዓል ዝኽእል 'ዩ እናበሉ ክደፋፍርዎ ይፍትኑ ኣለው። 'ቲ ናይ ሕዚ ትውልዲ መንእሰይ ካብ ህወሓት ምንፃል ዝካኣል ብዝኾነ መንገዲ ናብ ህውከትን ዕግርግርን ብምእታው 'ዩ ብዝብል ብፍላይ ከባቢታት ነቒርም ንምትእኽካብ ይፍትኑ ኣለው። ብኣጠቓላሊ ካብ ብልዕግናን መሻርኽቱ ባንዳታትን፤ ካብ ዕንፈኛ ሃይማኖታዊ ምንቅስቓስ፣ ካብ ዕግዕተኛታት ሰብ ሃብትን ሰብ ቅሬታን ብዓብይኡ ድማ ሕዚ ተፈጢሩ ብዘሎ ክዚ.ሮ ፖለቲካዊ ምክራርን ጎንፅን ካብ ውሽጥን ደገን ብምውዳድ ትግራይ ማእኸል ናይ ቀለም ወያነ

ንምግባር ፈንቲል ዝብል ውዳበን ፕሮጀክትን ቀሪያም ኣብ ትግራይ ህውከትን ዕግርግርን ናይ ምርኣይ ሕልሚን ድሊትን ዓብይ ኣጀንዳ ሒዞም ይንቀሳቀሱ ኣለው። ነዚ ዝተረደአ ኩሉ መዳይን ዝተዋደደን ናይ ምምካን ቃልሲ ሕዚ ኣብ ትግራይ ብፍሉይ ከረአ ዘለዎ 'ዩ።

እቲ ሓምሻይን ብሰፊሑ ዝኸድዎ ዘለውን ቀቡልነት መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ናይ ምሽርሻር ኣጀንዳ 'ዩ። ፕሮግራም ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ብሃገር ደረጃ ተወቒዑ 'ሎ። ኣብ ትግራይ 'ውን ግን እዚ ፕሮግራም በዞም ሓይሊታት ይፍተን 'ሎ 'ዩ። መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸቲ ዝብል በዞም ሓይልታት በዙሕ ፈተና ገጢሞዎ 'ዩ። ልምዓታዊ ዴሞክራሲ (ወያናይ ዴሞክራሲ) ማርክሲዝም ሊኒንዝም'ዩ፤ ደርብታት ዝኸፋፍል'ዩ፤ ማለሊታዊ ኣተሓሳስባ 'ዩ ብዝብል ልክዕ ከምቲ ኣብ ሃገር ዕግዕተኛ ዐረ-ህዘቢ ብልፅግና ዝብሎ ኣጀንዳ ተላዒሉ ከውቃዕ ብድፍረት 'ዩ ዝስራሕ ዘሎ። ወያናይ ዴሞክራሲ ህወሓት ዐጋማይ ኣተሓሳሰባ 'ዩ ኣብ ዘየለ ሓሳባዊ ናይ መደብ ቃልሲ ኣትዮ ንህዝቢ ትግራይ ከም ኩሉ ውዕዕ ዝሪኦ 'ምበር ረብሓ ትግራይ ዝወገነ ኣይኮነን። ካብዚ እናተሸረፈ 'ውን ህወሓት ብሄራዊ ውድብ ኣይኮነን ናብ ሃገር ኣዘንቢሉ ረብሓ ትግራይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ንትግራይ ካብ ረብሓ ሸዋ ዝርአ ሕዚ 'ውን ንዝኣረገን ዝወደቐን ምእኹልነት ከድሕን ዝሰርሕ ዘሎ 'ዩ። ህልውና ብሄር ብዘይ ሃገር ዋጋ የብሉን ወያናይ ዴሞክራሲ ሕሉፍ ሓልየት ንኢትዮጵያ 'ዩ። ግዚኡ ናይ ብሄራዊያን ሓርነታዊያን 'ዩ---ወዘተ ብዝብል 'ቲ መስመር ናይ ምውቃዕ ፈተና ይጋፋሕ እዩ ዘሎ። ብፍላይ እቶም ስዑራት ቂመኛታትን ዐበብትን ክራይ ኣከብትን ካብ'ዚ ናተበገሱ ሪፎርም የድሊ 'ዩ፤ ህወሓት ሪፎርም ክገብር ኣለዎ ዝብል ኣጀንዳታት ዘብላዕልዕ ሓይሊ ቀሊል ኣይኮነን።ኩሉ 'ዚ ኣጀንዳታት ተደሚሩ ኣብ ትግራይ ቀለም ወያነ ኣሳዊርካ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ናይ ምብርኻኽ ኣጀንዳታት እዮም።

III. ኣጀንዳ ባይቶናን ውድብ ናፅነት ትግራይን ብዝምልከት ብሓደ ገፅ ከም ናይ መኸተ ኣጋር ሓይሊታት ናይ ሓባር ኣጀንዳታት ኣለውና። ህወሓት ከም መራሒ ፓርትን መራሒ መኸተን ዓርሰ ምምሕድዳር ትግራይ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይምቕራብን ዐረ-ዴሞክራስን ዘይሕጋዊን ብልፅግና ብድፍረት ምምካትን ከምኡ'ውን ሊጋሲ ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ኣብ ምዕቃብን ምድጋፍን ኣረኣእዮኦም ኣብ'ዚ ስልታዊ መድረኽ ንሓበራዊ መኸተ ዘተኣሳስረና ገመዳት 'ዮ። በቲ ኻሊእ ገፅ ድማ ንመኸቲና ከነ ንስትራተጂያዊ ጉዕዞና ዝሸርሽሩ ኣጀንዳታት ቀሪያም ዝረባረብሉ ኣብ 2ተ 3ተ ኣጀንዳታት ክጥመሩ ዝኽእሉ ነጥቢታት ኣለው።

ሓደ ብዝዓበየ ዝረባረበሉ ዘለው ኣጀንዳ ዐቢብ ኣጀንዳ ብሄረተኝነት ብምምዝማዝን ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኝነት ትግራይ ናይ ምሽርሻር ኣጀንዳ 'ዩ። እዚ ዝግለፀሉ ዘሎ መልክዓት በዚ ሕዚ ማዕርነታዊ ሓድነት ፈሺሉ ኢዩ ሕዚ ናብ ኢትዮጵያ ዘምልስ የብልናን፣ ማእኸል ዓዲ ካሕዳማት 'ዩም ምስ'ዚኦም ግዜ ኣይነጥፍእ ፌደራሊስት ሓይልታት ብሄር ብሄረሰብን ህዝብታትን ዝባሃል ኣይተስምዑና ናይ ባዕልና ንግበር። ናይ መጀመርያን መወዳእታን ዕላማ ሃገር ምኻን 'ዩ፤ ዝተረፈ ኹሉ ድሕሪ ሃገር ምኻን ዝመፅእ 'ዩ። ሃገር ንምኻን ድማ እኹል ዓቕሚ ኣለና እከለ ዝባሃል ብሄር ብሄረሰብ ሃለወ ኣይሃለወ ጉዳይና ኣይኮነን ሕዚ እንተዘይወፂእና ኣብ ዕንክሊል ክንነብር ኢና ግዜ 'ዩ ዝጠፍእ ዘሎ

ዝዝብል ኣብ'ቲ መንእሰይን መሁርን ማእኸል ጊሮም ዐቢብ ብሄረተኛነት ጎሊሁ ክወፅእ ዝንቀሳቀስሉ ዘለው ዓብይ ኣጀንዳ 'ዩ።

ሉስሉስ ውትዒት ኣብ ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኛነት ውድብና እቲ ካልኣይ ኣጀንዳ 'ዩ። በዚ ዘጋፍሕዎ ዘለው ዐቢብ ብሄረተኛነት ኣቢሎም ቁቡልነት ህወሓት ኣብ ብሄራዊ ውድብነቱን ዝቃለሰሉ ዴሞክራሲያዊ ብሄረተኛነት ናይ ምሽርሻር ኣጀንዳ ቀሪፆም ይሰርሑ ኣለው። ንሕና (ባይቶና፣ ውናት) ስልጣን፣ ታሪኽ፣ ባህሊን ቋንቋን እጠቓላሊ መንነት ባህጊን ጠለብን ህዝቢ ትግራይ ጠንኪሩ ክወፅእ ባዕሉ ነገር ክኾን ከም ዋና ዕላማ ሒዝና ንቃለስ ኢና። ህወሓት ዋላ ብሄረተኛ እንተኾነ ታሪኽ፣ ቋንቋ ባህሊን መንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝጥቀመሉ ንመጠናኸሪ ስነ-ሓሳቡ እዩ። ብሄረተኛነት ትግራይ ከም መስርሒ 'ምበር ንባዕሉ ከም ዕላማ ኣይወሰደን። ብመትከል ካብ ዝሓዞ ኣድማሳዊ መስል ንኹሉ ካብ ዝብል ዝነቅል'ምበር ካብ ናይ ትግራይ ብሄረተኛነት ዝብገስ ኣይኮነን። ንሕና ነዚ ሃንፍ 'ዚ ክንምልእ ኢና ተፈጢርና ብዝብል ብዐቢብ ብሄረተኛነት ኣጀንዳ ህወሓት ክንዐሉ፣ ከዳኽም ዝረባረበሉ ዘለው ኣጀንዳ 'ዩ።

ሉስሉሱን መዘናግዕን ውትዒት ኣብ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ እቲ ሳልሳይ ዝስጉም ዘሎ ዐቢብ ኣጀንዳ 'ዩ። ኣብዚ ኣጀንዳ መደናገሪ ብዝኾነ መንገዲ ካብ ዝሰርሕሉ ዘሎው ሓደ ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ልምዓት ዘረጋግፅ 'ዩ ኣረጋጊፁ 'ውን 'ዩ። ናይ ዴሞክራሲ ጉዳይ ኣብ ትግራይ ኳ ንቁሕ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ ብዘየግድስ ጠንካራ ልምዓታዊ መንግስቲ ግን የድሊ 'ዩ እንተኾነ ግን ህወሓት ነቲ መስመር ክቖፅሎ ኣይኽእልን ደኺሙ'ዩ ህወሓት ከም ኩሉ ፍጡር ተወሊዱ፣ ዓብዩ፣ ኣረጉ 'ዩ። ብሓዱሽ ኣወዳድባ፣ ሓይሊ ሰብን ሓዱሽ ኖቕሚን መንፈስን ክትካእ ኣለዎ። ነዚ ሃንፍ ክንምልእ ዝመፃእና ኢና ብዝብል ይንቀሳቀሱ ኣለው።

ካልኣይ ኣብ ሕ/ሰብ ትግራይ ስነ-ሓሳብ(መስመር) ዝብል ኣየድሊን ኣይሰርሕን ከከም ኩነታት ካብ ተግባር 'ዩ ክረአ ዘለዎ። ስለዚ ሕዚ ቀንዲ ጉዳይ መስመር ሕቶ ብሄር ሃገር ምኻን'ዩ ብሄረተኛነት 'ዩ ብዝብል ፤ ሳልሳይ ድማ ንሕና መሰረትና ኩሉ 'ዩ ኣፈላላይ ኣይንገብርን ንእከለ ዝበሃል ደርቢ ወጊንካ ደው ምባል ኣብ ትግራይ ኣየድሊን። ከምደርቢ 'ውን ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ሓደ 'ዩ ትንታነ ደርቢታት ኣየድሊን። እዚ ናይ ኣውሮጳን ምዕራብ ዓለምን ተኸቲሉ ማርክስ ዘቐመጦ 'ዩ። ምሳና ኣይኸይድን ...ወዘተ ብዝብል ዝተቃነዩ ንስልታዊን ስትራተጂያዊን መድረኽና ዝሸርሽሩ ኣጀንዳታት በዞም ሓይሊታት 'ውን ይሰራሕ 'ዩዘሎ።

መጠቓለሊ፦ ክሳብ ሕዚ ዝራኣናዮም ኩነታት ገሊኦም ቅድም ኢሎም ተጀሚሮም ዝፀንሑ ገሊኦም ድሒሮም ዝውሰኹ ዘለው ማሕበራዊ ሓይልታትን ፖለቲካዊ ኣጀንዳታትን ምትእስሳር መፍረስቲ ናይ ደገ ሓይሊታትን ድቃል ቀለም ወያነን ደሚርካ ኣብ ትግራይ ሓዱሽ ፖለቲካዊ ኩነታት ይምዕብል ኣሎ። እዞም ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ናይ ፀላእቲ 'ዮም ናይ ውሕዳት እዮም ዝብል ኣይሰርሕን።ብእዋኑን ብቁርፀኝነትን እንተዘይኣሊናዮ ንፀረ-ወያነ ምንቅስቓስ ዘምቹ ኩነታት